# ጥንታዊ ግእዝ

## ብዘመናዊ አቀራርባ



## ቀዳማይ ክፋል


መሪጌታ ሔኖክ ገብረሚካኤል
አሥመራ - ኤርትራ


"ብቛንቋ እልፊ ቃላት ካብ ዝዛረብ፡ ኃሙሽተ ቓላት ብኣእምሮ (ብፍልጠት) ክዛረብ እፈቱ።"
(፩ይ ቆሮ. ፲፬፥፲፱)

***ብምሉእ ኮነ ብኸፊል***
***ካብዚ ወሲድካ ምኅታም***
***ኣይፍቀድን።***

# በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ፥

## መቅድም

*“ወሮፀ ፊልጶስ ወበጽሐ ወሰምዖ ያነብብ መጽሐፈ ኢሳይያስ ነቢይ ወይቤሎ ፊልጶስ ተአምርኑ እንከ ዘታነብብ፧ ወይቤሎ ኅፅው በአይቴ አአምር ለእመ አልቦ ዘመሀረኒ….. ወተመይጠ ኀበ ፊልጶስ ውእቱ ኅፅው ወይቤሎ ብቍዐኒ ወንግረኒ በእንተ መኑ ይብል ነቢይ ከመዝ በእንተ ርእሱኑ ወሚመ በእንተ ካልእ፧ ወከሠተ አፉሁ ፊልጶስ ወአኀዘ ይምህሮ በእንተ ኢየሱስ ወይፈክር ሎቱ በውእቱ መጽሐፍ።”* (ግብ. ፰፥፴-፴፭ ፴፯-፴፰)

*እቲ ስሉብ ኣብ ሠረገላኡ ተቐሚጡ ኪምለስ ከሎ ኸኣ ካብ ትንቢት ኢሳይያስ የንብብ ነበረ። መንፈስ ቅዱስ ከኣ ንፊልጶስ “ነዚ ሠረገላ እዚ ኣርክቦ እሞ ምስኡ ኪድ” በሎ፡ ፊልጶስ ከኣ ጐዩ ኣርከቦ፤ ትንቢት ኢሳይያስ ኬንብብ ምስ ሰምዖ ኸኣ “እዚ እተንብቦ ዘሎኻስ ተስተውዕሎ’ዶ ኣሎኻ፧” ኢሉ ሓተቶ። እቲ ስሉብ ከኣ “ሓደ እኳ ዚምህረኒ ዘይብለይ ከመይ ገይረ ከስተውዕሎ” በለ፡ ንፊልጶስ ደይቡ ምስኡ ኪቕመጥ ለመኖ፡….. እቲ ስሉብ ከኣ ንፊልጶስ፡ “እቲ ነቢይ ብዛዕባ መን እዩ እዚ ዚብል ዘሎ፧ ብዛዕባ ርእሱ ድዩ ወይስ ብዛዕባ ካልእ እዩ ዚብል ዘሎ፧ እስከ ንገረኒ።” ኢሉ ሓተቶ።* (ግብ. 8፥30-35)

*“ወባሕቱ በቤተ ክርስቲያን እፈቅድ ኀምስተ ቃላተ እንግር በልብየ ከመ ለባዕዳንሂ እምሀር፡ እስመ ይኄይስ እምአእላፍ ቃል በነገረ በሐውርት”* /፩ይ ቆሮ. ፲፬፥፲፱/።

*“ወለእመሰ ይተረጐም የሐንፅ ሕዝበ”* /፩ይ ቆሮ. ፲፬፥፳-፲፪/።

## ዘእምድርሳነ ሚካኤል

*“እስመ ሶበ ይትነበብ ገድል ወድርሳን ይቀውሙ ህየ ቅዱሳን መላእክት ወጻድቃን በዕለተ ተዝካሮሙ ወበዓሎሙ ወኢይሴስሉ እስከ ይትፌጸም።*

*ወሶበ ይትነበብ ገድሎሙ ወድርሳኖሙ እመ ይትገደፍ አሐዱ ቃል እምአንባቢ ይበክዩ ቅዱሳን መላእክት፤ ጻድቃን ወሰማዕት ነቢያት ወሐዋርያት ደናግል ወመነኮሳት ፍጹማን በእንተ ዘተገድፈ አሐዱ ቃል።*

*ወኢትኅድጉ ለጌሠም ሶበ ይነውኀ ምንባብ እስመ ኢይሴስሉ ቅዱሳን እስከ ይትፌጸም ገድሎሙ ወድርሳኖሙ። በከመ ጽሑፍ ውስተ ገድለ አባ ሲኖዳ ዘይብል ዘንተ ወዐይኑ ኤርምያስ ነቢይ አንጠብጠበ አንብዐ ላዕለ አሐዱ አንባቢ ሶበ ይትገደፍ አሐዱ እምቃላቲሁ ወእምነገሩ።*

*ወከማሁ ሕዝቅኤልኒ ወሚልክያስ ብዙኀ ቆሙ ሶበ ኖመ አንባቢ አንትሙኒ አንባብያን አንብቡ በፍርሀት ወበንቁሀ ልብ ወለእመ ኢተአምሩ አንብቦ መጻሕፍት ፀውዑ ዘየአምር አንብቦ ወጸልዩ ላዕሌየ ወላዕለ ዘጸሐፎ ወአጽሐፎ ወዘአንበቦ ወዘተርጐሞ ወዘሰምዐ ቃላቲሁ ለዝንቱ መጽሐፍ ኅቡረ ይምሐረነ እግዚአብሔር። በጸሎታ ለእግዝእትነ ማርያም ወላዲተ አምላክ ወበጸሎቱ ለቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ወበስእለቱ ለቅዱስ ገብርኤል ዜናዊ ትፍሥሕት ወኀሤት።”*

## ትርጉሙ፥

*“ቅዱሳን መላእኽትን ጻድቃንን፡ ኣብ ዕለተ በዓሎምን ተዝካሮምን ገድልን ድርሳንን ኪንበብ ከሎ፡ ኣብቲ ቦታ ይቼሙ፤ ተነቢቡ ክሳዕ ዚውዳእ ከኣ ካብቲ ቦታ ኣይርሳቁን እዮም። ገድሎምን ድርሳኖምን ኪንበብ ከሎ፡ ካብቲ ኣንባቢ ሓንቲ ቃል እንተተገዲፉ፡ ስለ እቲ ዚተገድፈ ቃል ቅዱሳን መላእኽቲ፡ ጻድቃንን ሰማዕታትን፡ ነቢያትን ሓዋርያትን፡ ፍጹማን ዚኾኑ ደናግልን መነኮሳትን ይበኽዩ።*

*ቅዱሳን ገድሎምን ድርሳኖምን ኪንበብ ከሎ ካብኡ ስለዘይርሳቑ፡ ዋላ ንባብ እንተነውኀ ንጽባሕ ኢልኩም ኣይትግደፉ። እዚ ኸኣ ኣብ ገድሊ ኣባ ሲኖዳ “ካብ ቃላቱ ሓደ ቃል ምስ ተገድፈ፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ኣንባቢ ካብ ዓይኒ ነቢይ ኤርምያስ ነቢይ ንብዓት ኣንጠብጠበ” ከምዝብል ማለት እዩ።*

*ከምኡውን ሕዝቅኤልን ሚልክያስን ኣንባቢ ምስ ደቀሰ ኣብ ልዕሊኡ ንነዊኅ ጊዜ ቈይሞም እዮም። ንሸኻትኩምውን ኣንቱም ኣንበብቲ ብፍርሃትን ብንቑሕ ልብን ኣንብቡ፤ መጻሕፍቲ ኣንቢብኩም ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም ድማ ኣንቢቡ ዝኽእል ፀውዑ ምእንታይ፡ ምእንቲ ዘጽሓፎን ዘጽሓፎን፡ ምእንቲ ዘንበቦን ዝተርጐሞን ምእንቲ እቲ ንቓላት እዚ መጽሓፍ እዚ ዚሰምዐን ብጸሎት እግዝእትነ ማርያም ወላዲት ኣምላኽ፡ ብጸሎት ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤልን ብልማኖ ኣብሣሪ ሓጐስ ቅዱስ ገብርኤልን እግዚአብሔር ንኺኡልና ክምሕረና ጸልዩ።”*

*(ድርሳነ ቅዱስ ሚካኤል ዘኅዳር ገጽ ፳ -፳፩ ብማኅበረ ሐዋርያት ፲፱፻፺፪ ዓ.ም.)*

# መግለጺ

ኣብ ቅድስት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ዝተመሃርክዎ ምዑብ መንፈሳዊ ትምህርቲ፣ ኣፍልጦ ክህልወኒ ዘንበብክዎም ጽሑፋትን ዝሓተትክዎም ሊቃውንትን በብዝረኸብኩሉ ዝመዝገብክዎ መዘኻኸሪ ነጥቢ አረፍተ ነገረ ግእዝ ኣወሓሒደ ሓደ ንኡስ መጽሓፍ ናብ ደለይቲ ኣፍልጦ ልሳነ ግእዝ ንምዝርጋሕ ብሓደ መዳይ፣ ንቐጻሊ መበገሲ ሓሳብ ከም ዝኸውን ብምግማት፤ ከምኡውን ነዚ ንኡስ መጽሓፍ ብምንባብ ኣንበብቲ ናብ ዝለዓለ ልሳነ ግእዝ ምንባብን ምስማዕን፣ ምዝራብን ምትርጓምን፣ ምድራስን ንምብጻሕ ሓገዝ ምእንቲ ኪኸውን እሞ፣ ተዳኺሙ ዝነበረ ልሳነ ግእዝ ትንሣኤ ረኺቡ ጥንታውነትን ዕቤትን ግእዝን ሃገርና ኤርትራ ዝረኣየሉ ኮይኑ ስለ ዝተሰምዓኒ ነዚ ከቕርብ ክኢለ። እዚ *“ጥንታዊ ግእዝ ብዘመናዊ ኣቀራርባ”* ኣብ ውሽጡ ዘሎ ትኀዝቶ ኣብ ዓሠርተው ክልተ ዝተኸፍለ ኮይኑ መምስ ምሳሌኡን ከምኡውን ሕቶን መልስን ዚምላእ ባዶ ቦታን ኮይኑ ተማሃራይ ወይ ኣንባቢ ብቐሊሉ ከምዝርድኦ፤ ተረዲኡ ድማ ጥንታውነት ቋንቋኡን ዕቤት ሃገሩን ብምፍላጥ ካብ ኻልኦት ቋንቋታት ቀዳምነት ምሃብ ንባዕሉ ቀዳማይ ምኟኑ ዘረጋግጸሉ መጽሓፍ እዩ።

ነገረ ልሳነ ግእዝ ኣዝዩ ቀዳማዊ ካብ ምኟኑ ዝተላዕለ እተን ሥልጡናት ዚበሃላ ክፍላተ ዓለም ካብ ሃገርና ብምውሳድ ክጥቀማሉ ዝጸንሓን ዘለዋን ምኟኑ ርዱእን ዘየጠራጥርን ሓቂ እዩ።

ስለዚ ካልኦት ክፍላተ ዓለም እናተጠቕማሉ እቶም ቀንዲ ደቀባት ግእዝ ዝኾናኸደኣ ክንፈልጦ ኣይግብኣናንዶ!፧ ካብ ምባል ነዚ *“ጥንታዊ ግእዝ ብዘመናዊ ኣቀራርባ”* ክጽሕፍ ተገዲደ። እዚ *“ጥንታዊ ግእዝ ብዘመናዊ ኣቀራርባ”* ዘርእስቱ ፍሉይ ቀዳማዊ መጽሓፍ ፍቓድ እግዚአብሔር ኮይኑ ንመጻኢ ስፍሕ ብዝበለ ብካሪክለም መልክዕ ንዓ በይትን ንናኣሽቱን ዘማልአ ፍልይ ዝበለ ሥነ-ጽሑፋዊ መልክዕ ተወሲኽዎ ኘኺወፅእ ሓበሬታን ምኽርን ኣንበብቲ ኣገዳሲ እዩ።

፳፻ወ፪ ዓ.ም.ግ (2010 ዓ.ም.ፈ)

# መእተዊ

ክቡራንን ክቡራትን ኣንበብቲ እዚ መጽሓፍ እዚ ብዛዕባ መሠረተ ግእዝ ካብ ናይ ወፃኢ ጸሓፍቲ እናተቐበሉ ንቛንቋ ግእዝ መሠረቱ ብኻልኦት ክፍላተ ዓለማት ዘይርከብ ናብ ዘይፈልጥዎ ቋንቋ ግእዝ ብምእታው ተርጒምና እናበሉ ብፍጹም ሐሶት ንጥንታዊ መልክዕ ፊደለ ግእዝ ካብ የማን ናብ ጸጋም እናገበሩ ጽሒፎም ይርከቡ።

ካብ የማን ናብ ጸጋም ምጽሓፎም ግእዝ ካብ ድቡብ ዓረብ ዝመጽአ እዩ ኢሎም ንዝፈጠርዎ ፖለቲካ ደገፍ ኪኾኖም ዝጸሓፍዎ ምኺኖም እናፈለጥኩም ከተንብቡ ኃደራ።

ብኻልእ ኃይሊ ምኽኣል እንተ ሰኣኑ፥ ብመልክዕ ስብከት ኣትዮም ታሪኽ ግእዝ ኪድምስሱን ከፍልሱን ይፍትኑ ኣለዉ።

ደቡብ ዓረብ ቀደም ግዝኣቱ ምስ አግኣዝያን ብሓደ ስለ ዝነበረ፥ እቲ ኣብ ደቡብ ዓረብ ተጻሒፉ ዚብልዎ አግኣዝያን ንመዘከርታ ኢሎም አቐሞምዎ ዝነበሩ ናይ ሓውልቲ ጽሑፍ እናረኣዩ ነዚ ምኽንያት ብምግባር ነቲ ናይ ካም ፊደል ንደቂ ሴም እናሃቡ ኪጽሕፉ ጀመሩ። ነቲ ዝጸሓፍዎ ሐሶትውን ክሳዕ ተቐባልነት ክረኽቡሉ ዚኽእሉ እናኾኑ ይኸዱ ኣለዉ።

ስለ'ዚ እዚ ናይ ግእዝ ጥንታውነት ካብ ሳባውያን ወይ ካብ ሳባ እዩ ዚብል ስም ውፁእ ሓሶት እዩ እምበር ሓቂ ኣይኮነን። ደቂ ዮቕጣን ንብራህማ ዝተባህለ ንጉሥ ህንዲ ስዒሮም ሃገሮም ናጻ አውፅኡ ዝብል ካብ ምእማን ንባሕሪ ውቅያኖስ ብዕራይ ጸሚደ ሓሪሰ እኽሊ ዘሪአ ጽህየ ዓጺደ አኺደ ብዙኅ እኽሊ ረኺብኩ ኢልካ ከም ምእማን ዝበለ እዩ።

ስለዚ ቋንቋ መልክዕ እዩ፣ መልክዕ ከአ ቋንቋ እዩ። ፊደል ሓውልቲ እዩ፤ ሓውልቲ ከአ ፊደል እዩ። ፊደል መልክዕ እዩ፤ መልክዕ ድማ ፊደል እዩ። ፊደል አቦ እዩ፤ አቦ ድማ ፊደል እዩ። ፊደል ውላድ እዩ፤ ውላድውን ፊደል እዩ። ፊደል ዶብ እዩ፤ ዶብ ድማ ፊደል እዩ። ፊደል ዓላማ እዩ፤ ዓላማ ድማ ፊደል እዩ። ዓላማ ምልክት ናጽነት እዩ፤ ናጽነት ከአ መንግሥቲ እዩ፤ መንግሥቲ ኃይሊ እዩ፤ ኃይሊ ከአ ክብሪ መንግሥቲ እዩ፤ መንግሥቲ ድማ ክብሪ ሕዝብን ሃገርን እዩ፤ ከምኡ'ውን ክብሪ መንግሥቲ ብዝኊ ሕዝቢ ኮይኑ ብሓደ ልብን ሐሳብን ከም ዚምራሕ ይገብር። ናይ ዝኾነ ነገር መደምደምታ ከአ ፊደልን ቋንቋን እዩ። ፊደልን ቋንቋን አብ ዝሃለዉሉ መንግሥቲ ኣሎ፤ መንግሥቲ እንተ ኣልዩ ፊደልን ቋንቋን አሎ። ነዚ ኵሉ ዘይፈልጥ ሰብ ከኣ የልቦን።

ክሳዕ ሎሚ ካብ ካም ዝመጽአ ቋንቋ ግእዝ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመኃላለፈ ብምጽናሑ ዘይቀንእ ወዲ ወፃኢ ሃገር የልቦን።

ናይ ፖለቲካ ሰባት ነዚ ጥንታዊ ቋንቋ ሃገርናን ጥንታውነት ዕቤት ሃገርናን ከዳኽምዎ ስለዝሓሰቡ፥ ንሕና ግና ብግእዝ ንዝተጻሕፉ ጥንታውያን ብራናታትን ካልኦትን ብጥንቃቐ ክንጥቀመሎም ይግባእ። አብዞም ብግእዝ ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ብዙኅ ጥቕሚ ኽንረክብ ንኽእል ኢና።

ካብ ወፃኢ ዝመጽኡ ሰባት ንጥንታውያን መጻሕፍትና ዝቐድሑን ብኽቡር ዋጋ ኪገዝኡ ዝኽኣሉን ንምንታይ ይመስል፧ ከምኡውን ንታሪኽና ንሳቶም ጽሒፎም ኪህቡና እሞ ንሕና ድማ በቲ ዚጻሓፉልና ታሪኽ ክንምራሕከ እንታይ ይመስል፧ ስለዚ ንታሪኽና ካብ ባዕዳውያን ዘይኮነ ካብ ባዕልና ክንጽሕፎን ክንምርምሮን ይግብኣና።

# አመጻጽኣ ግእዝ

ካም ምስ ቋንቋኡን ፊደሉን መንግሥቱን እዩ ናብ አፍሪቃ ዝመጽአ። ካም ንሠለስተ ደቁ ምድሪ ኣፍሪቃ ንምክፋል ካብ እስያ ኪመጽእ ከሎ ቋንቋኡ እናተተኃኃዘ ዚመጸ ናይ አቦታትና ፊደልን ጽሑፍን ጊዙ ወፅአ።

ካም ናብ ኣፍሪቃ ኪመጽእ ከሎ ምፍልላይ ቋንቋ ኣይነበረን። ካም ናብ አፍሪቃ ዝመጽአ ድማ ኖኅ ነቶም ሠለስተ ደቂ ንሴምን ንካምን ንያፌትን ዓለም ምስ ኣካፈሎም ድኅሪ ማየ አይኅ ማለት ድኅሪ ፫፻፶ (350) ዓመታት ብ፳፮፻፮ (2606) ዓመተ ዓለም እዩ። እቲ ናይ ቋንቋ ምፍልላይ ዝኾነ ግና ድኅሪ ሞትን ኖኅ ፪፻፳፩ (221) ዓመታት ካብ ማየ አይኅ ብ፳፰፻፳፰ (2828) ዓመተ ዓለም እዩ።

ሓደ ሓደ ሰባት ግና "ሕንፃ ባቢሎን ክሳዕ ዚፈርስ ድኅሪ ሞት ኖኅ ፪፻፳፩ (221) ዘመን ካም ናብታ ብዕጫ ዝበጽሓቶ ኣፍሪቃ ከይከደ አብኡ ጸንሐ" እናበሉ መሠረት ዘይብሉ ጽሑፎም ኪጽሕፉ ይርከቡ። ንካም እቲ ራብዓይ ወዱ ከነኣን ናብ ኣፍሪቃ ኣይከደን ኢሉ ኖኅ ካብ ፍቓድ አቦታቱ ብምውፃእ፥ ሃገር ሴም ኂዙ እስራኤል ካብ ግብፂ ክሳዕ ዚወፅኡ ከም ዝጸንሐ ቅዱሳት መጻሕፍት ይነግሩና እዮም ( ገጽ ፳ ክፍል ፱፥ የካም መታሰብያን ህልውና ሥላሴ'ውን ካብ ኣዳም ክሳዕ ኖኅ ፳፪፻፶፮/2256 እዩ ይብል ገጽ 223)።

ካም ሠለስተ ደቂ ማለት፥

ሀ. ኵስ

ለ. ፉጥ

ሐ. ሜጽሬም

ኂዙ ናብ ኣፍሪቃ ኣይመጽአን ዝብል እንተ ኣልዩ መጽሐፈ ኩፋሌ *"ወከፈለ ካም ማእከለ ውሉዱ ወወፅአ መክፈልት ቀዳሚ ለኵስ መንገለ ጽባሕ ወዓረቢሁ፣ ለሜጽሬም ወዓረቢሁ ሎቱ ለፉድ ወዓረቢሁ ሎቱ ለከነአን ወመንገለ ዓረበ ባሕር"* /ኩፋ. ፱፥፳፰/

<u>ትርጉሙ፥</u> ካም ንደቁ ከካፍል ከሎ ቀዳማይ ዕጫ ንኵስ ብሸነኽ ምሥራቅ በጽሐ። ሸነኽ ምዕራብ ከአ ንሜጽሬም ዕጫ በጽሐ። ብሸነኽ ምዕራብውን ከምኡ ንፉድ በጽሐ ከምኡውን ሸነክ ምዕራብ ንከነኣን በጽሐ። እቲ መእተዊ አንጻር (ስግር) ባሕሪ ንከንኣን በጽሐ። /ኩፋ. ፱፥፳፰ (9፥28) አብ ግእዝ/

ካም ንኣርባዕቲኦም ደቁ በብጽሒቶም ምስ መቐሎም ከነኣን ግና ናብታ ብጽሒቱ ዝኾነት ምድሪ አፍሪቃ ኣይመጸን ነዚ ዝኸውን ጥቕሲ ከኣ፤ *"ወርእየ ከነኣን ምድረ ሊባኖስ እስመ ሡኃዘ ግብፅ ከመ ሠናይት ጥቀ፣ ወኢሖረ ውስተ ምድረ ርስቱ መንገለ ዓረበ ባሕር፥ ወኀደረ ውስተ ምድረ ሊባኖስ እምጽባሕ ወእምዓረብ እምውእደ ሊባኖስ ወበውእደ ባሕር። ወይቤሎ ካም አቡሁ ወኵስ ወሜጽሬም አኃዊሁ እስመ ኀደርከ ውስተ ምድር እንተ ኢኮነት እንቲአከ ወኢወፅአት ለነ በዕፀው ኢትግበር ከመዝ እስመ ለእመ ከመዝ ገበርከ አንተሂ ወደቂቅከሂ ትወድቁ ውስተ ምድር። ወርጉማን በህከክ እስመ በህከክ ኀደርከ ወበህከክ ይወድቁ ደቂቅከ ወትሤሮ ለዓለም። ኢትኅድር ውስተ ምድረ ሴም እስመ ለሴም ወለውሉዱ ወፅአ በዕፃሙ። ርጉም አንተ ወርጉመ ትከውን እምኵሎሙ ውሉደ ኖኅ ለመርገም እንተ ተሠራዕነ በመሐላ በቅድሜሁ ለመኰንን ቅዱስ ወበቅድመ ኖኅ አቡነ። ወኢሰምዖሙ ወኀደረ ውስተ ምድረ ሊባኖስ እምኤማት እስከ ምብዋአ ግብፅ ውእቱ ወውሉዱ እስከ ዛቲ ዕለት ወበእንተዝ ተሰምየት ይእቲ ምድረ ከነአን" (ኩፋ. ፲፥፳፰-፴፬ ኣብ ግእዝ)*

<u>ትርጉም፤</u> "ከንኣን ክሳብ እቲ ወኃዚ ማይ ግብፅ ዘሎ ደጕዓ ሃገር ኣዝያ ጽብቕቲ ምዃና ረአየ እሞ፥ ናብታ ርስቱ ዝኾነት ሃገር መእተዊ ባሕሪ መእተዊ ሃገር ኣይከደን፤ አብቲ ደጕዓ ሃገር ካብ ምሥራቅ ክሳብ ምዕራብ አብ ከባቢ እቲ ባሕርን ደጕዓን ከባቢ ተቐመጠ። ሽዑ ካም አቦኡን አኅዋቱ ኵስን ሜጽሬምን፥ "እዚ ቦታ እዚ ብጽሒትካ ኣብ ዘይኮነ ቦታ አይትቀመጥ ሕማቕ ሥራሕ አይትሥራሕ በልዎ። እንተ አቢኻ ንስኻን ደቅኻን አብኡ ብኽርክር ክትጠፍኡ ኢኹም ንስኻውን ፈጺምካ ክትጠፍእ ኢኻ። እዚ ቦታ እዚ ንሴምን ደቁን ብዕጫ ዝበጽሖም ስለ ዝኾነ ንስኻ አብ

> ዘይቦታኻ አይትንበር ንስኻ ዝተረገምካ ኢኻ። ካብ ኵሎም ደቂ ኖኅ ንስኻ ርጉም ክትከውን ኢኻ" በልዎ። ከነአን ግና አይሰምየምን ካብ ኤርማት ኣትኂዙ ክሳብ መእተዊ ግብፂ አብ ደጉዓ ሃገር ተቐመጠ። ደቁውን ክሳዕ ሎሚ ኣብኡ አለዉ።"

ስለዚ መጽሐፈ ኩፋሌ ከም ዘረድኣና ካም ቋንቋኡን ፊደሉን ሠለስተ ደቁን ጊዜ ናብታ ብዕጫ ዝበጽሓቶ ርስቲ ቅድሚ ምፍልላይ ቋንቋን ሕንፃ ሰናኦርን ከምዝመጽአ እዩ ዘረድኣና።

ከነኣን ወዱ ግና ልክዕ ከምቲ ካልኦት ንካም ዚብልዎ ዘይኮነስ ካብ ፍቓድ ኣቦኡን ኣኅዋቱን ወፂኡ ብሥልጣኑ አብ ምድረ ርስተ ሴም ከም ዝተረፈን ከም ዝተረግመን የረድኣና።

እቲ ንጉሥ ኢየሩሳሌም ዝኾነ መልከጼዴቅውን ወዲ ወዱ ንካም ካብ ዓሌት ከነኣን ምኳኑ ሐዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ አብ መልእክተ ዕብራውያን "ወለዘኢኮነሰ እምዘመዶሙ ወሀቦ አብርሃም ዓሥራተ ወውእቱ ባረኮ ለአብርሃም ዘሎቱ ተስፋ" /ዕብ. ፯፥፮/ ዝበሎ፣ ካብ ዓሌት አብርሃም ዘይኮነ ካብ ዓሠርተ ሓደ (ዕሽር) ሃቦ። ክቡር አንባቢ እታ "ዘኢኮነ እምዘመዶሙ" እትብል ኃይለ ቃል ምስትውዓል የድልየካ። ስለዚ ቋንቋ ሃገርና ካብ ኖኅ አትኂዙ ከይተቛረጸ ክሳዕ ሎሚ ምህላዉ አብ ብዙኃት መጻሕፍቲ ይርከብ። ካባታቶም፥

- <u>ቀዳማይ</u>፥ ናይ ቅዱስ ጴጥሮስ ጸሓፊ ዝነበረ <u>ቀሌምንጦስ</u> አብ ዝጸሓፎ መጽሓፍ፤
- <u>ካልኣይ</u>፥ እስራኤል አብ ግብፂ አብ ዝነበሩሉ እዋን <u>ጊዮርጊስ ወልደ አሚድ</u> አብ ዝጸሓፎ መጽሓፍ ይርከብ።

ከምኡውን ነቢየ እስራኤል ሙሴ ኣፍሪቃዊት ሰበይቲ ብምምርዓዉ ኣኅዋቱ ኣሮንን ማርያምን ምስ ሓመይዎ ንማርያም እግዚአብሔር ብለምፂ ቀጽዓ። እዚ ድማ ሃገር ኣፍሪቃ ወይ ሃገረ አግዓዝያን አብ እግዚአብሔር ዘለዋ ተቐባልነት ይገልጸልና /ዘኍል. 12፥1-12/ ስለዚ መጻሕፍቲ ከይመርመርና ወጻእተኛታት ክብሪ ሃገርና ንምቕናስ ብዝጸሓፍዎም ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ከይንልወጥ ኃደራ።

## <u>መዘኻኸሪ</u>

1. መብዛኅቶኡ ኣብ ውሽጢ እዛ መጽሓፍ ዘሎ ትኅዝቶ፣ ተማሃሮ ኪመሃሩ ከለዉ ዝሓትዎን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኪበሃል ከሎ ንብዙኃት ሰባት ዘደናግርን ኮይኑ ዝተሰማዓኒ ንነዊኅ ዓመታት እናመዝገብክዎ ዝጸናሕኩ ንኣንበብቲ ኣዝዩ ካብ ምግጋይ ሓጋዚ እዩ።
2. ኣብ ምዕራፋትን ኣርእስትን ንምሁራን ዘመናዊ መንእሰያት ምእንቲ ክሕግዞም ሓደ ሓደ ብእንግሊዝ ኣርእስቲ ሂበዮም ኣለኹ።
3. ምስቲ ኣብ ኣካዳምያዊ ዝረኸብዎ እቲ ኣርእስቲ ግእዝ ውን ዘይፈላለ ምኳኑ ክርድኡ እሞ ኣዛሚዶም ክጥቀሙ።
4. ኣብ መወዳእታ መወከሲ ዝተጠቐምኩሉም መጻሕፍቲ ተጻሒፎም ስለ ዘለዉ ክቡራንን ክቡራትን ኣንበብቲ ኣጸቢቖም ምስተኸታተሉ ካብኦም ውን ምእንቲ ኪጥቀሙን ከረጋግጹን ዝብል እዩ፤ እንተኾነስ እቲ ቋንቋኦም ኣማርኛ ብምኳኑ ምስ መማህራን ቅኔን ግእዝን ከም ዘድሊውን ምኽሪ ተዋሂቡ ኣሎ።

ኣዳላዊ መሪጌታ ሄኖክ ገብረሚካኤል

# መክሥተ አርእስት


መቅድም --------------------
መግለጺ --------------------
መእተዊ --------------------
መዘኻኸሪ --------------------

<u>ምዕራፍ ፩</u>፥ ሆሄያት ወአኃዛት ወቃላት ዘግእዝ

፩.፩ ሆሄያት --------------------

፩.፩.፩ ድምፀ ንባባት ዘ፳ወ፰ቱ ሆሄያት --------------------

፩.፩.፪ ክፍላተ ሆሄያት --------------------

ሀ. ንጹል ሆሄ --------------------

ለ. ድሩብ ሆሄ --------------------

፩.፩.፫ ኣብ ኣደማምፃኦም መኸስታት ዚኾኑ “ሆሄታት”--------------------

፩.፩.፬ ኊልቈ አውታረ ሆሄ (ፍቝዲ ፊደላተ ግእዝ) --------------------

፩.፪ አኃዛት --------------------

፩.፪.፩ ዝርዝር መሠረታውያን አኃዛት --------------------

፩.፪.፪ ኣኃዛትናን ፊደላትናን --------------------

፩.፫ ቃላተ ግእዝ --------------------

፩.፫.፩ ቃላተ (ቀለማተ) ጥያቄ (ቃላተ ተሐትቶታት) --------------------

፩.፫.፪ ቃላተ ሰላምታ ወእማኄ --------------------

፩.፫.፫ አስማተ አባላተ አካለ ሰብእ --------------------

፩.፫.፬ ቃላተ ግእዝ ምስለ ኑባሬ ደቀ ሰብእ ወአድያም --------------------

ሀ. ቤተ ሰብእ --------------------

ለ. ንዋያተ ቤት --------------------

ሐ. ቤተ ምግብ ወሲሳይ --------------------

መ. ንዋያተ ማሕረስ --------------------

ሠ. መካነ ምሥያጥ (ዕዳጋ) --------------------

ረ. ሢመተ ምንኵስና --------------------

ሰ. ንዋያተ ቤተ ክርስቲያን --------------------

ሸ. አዝማደ ቤተ መንግሥት ወሢመታቲሆሙ --------------------

ቀ. ዓፀደ ቤተ ክርስቲያን --------------------

ቐ. አብያተ ፍትሕ ወኵነኔ --------------------

በ. አብያተ ትምህርት --------------------

ተ. ንዋያተ ምህሮ --------------------

ቸ. ንዋያተ መርዓ ወሕጼ --------------------

ኀ. ሰብአ ቤት (ኣብ ቤት ዚርከቡ) --------------------

ነ. እንስሳ ቤት --------------------

ኘ. እንስሳ ገዳም --------------------

አ. መልክዐተ ሕብርታት --------------------

ከ. ሕብረ አዕናቍ ----------

ኸ. አስማተ ገጸ መጽሐፍ ዘብራና ወዘጥራዝ ወወረቀት ----------

ወ. መአዝናተ ዓለም ዐቢያን ወንኡሳን ----------

ዐ. አርባዕተ ክፍላተ ዓመት ----------

**ምዕራፍ ፪፥ ግእዝ ወሥርዐተ ንባቡ ----------**

- ❖ ትርጕም ግእዝ ----------
- ❖ ሥርዐተ ንባበ ግእዝ ----------
- ❖ ኣብ ንባበ ግእዝ ኪፍለጡ ዘግብኦም ኣገባባት ----------
- ❖ ተነሽ (ተለዓሊ፡ ተንሣኢ) ----------
- ❖ ተጣይ (ተወሓጢ) ----------
- ❖ ፬ ንባባተ ግእዝ ----------
  - ✓ ተነሽ (ተለዓሊ) ----------
  - ✓ ተጣይ (ተወሐጢ) ----------
  - ✓ ሰያፍ ----------
  - ✓ ወዳቂ (ወዳቒ) ----------
- ❖ ካብ ዓበይቲ ሰዋሰው ወዳቂ ዝኾኑ ----------
- ❖ ተነሽ ዝኾኑ ----------
- ❖ መልምደ ንባበ ግእዝ (መልእክተ ዮሐንስ)
- ❖ ናይ ተናባቢ ቅኑዕን ዘይቅኑዕን
- ❖ መልምደ ንባበ ግእዝ ካብ ድርሳነ ሚካኤል
- ❖ ምዕላድ ዚኾኑ ቃላት
- ❖ ትርኣሳት “ሶ”ን “ሙ”ን
- ❖ ትርኣስ ዝኾኑ ፊደላት
- ❖ ተናባቢ ቀለማት
  - ✓ ሣልስ ቀለም ኪናበብ ከሎ
  - ✓ ራብዕ ቀለም ኪናበብ ከሎ
  - ✓ ሳድስ ቀለም ኪናበብ ከሎ
  - ✓ ሳብዕ ቀለም ኪናበብ ከሎ
  - ✓ መፈጸምታ ፊደሉ ካዕብ ዚኾነ ቀለም
  - ✓ መወዳእታኡ ሣልስ ዝነበረ ቅጽል
  - ✓ መወዳእታኡ ራብዕ፡ ኃምስ፡ ሳብዕ
- ❖ ተጸውዖ ስም ገቢር ወይ ተሰሓቢ ኪኸውን ከሎ
- ❖ ኣብ ንባብ ዚልሕልሑ
- ❖ ዚጠብቁ ቀለማት
- ❖ በዚ ንባብ ግእዝ በዓል ቤትን ተሰሓብን ፈሊኻ ኣውዕእ
- ❖ መልምደ ንባበ ግእዝ
  - ✓ አረፍተ ነገረ ግእዝ
  - ✓ ብንጽል ኪኸውን ከሎ
  - ✓ ብብዙኅ ኪኸውን ከሎ
  - ✓ ነዞም ዚስዕቡ ናብ ትግርኛ ተርጉም
  - ✓ ካብ የማን ናብ ጸጋም ኣዛምድ
  - ✓ ነዞም ዚስዕቡ ኣንቢብካ ተርጉም (ግለጽ)
- ❖ መለማመዲ ንባበ ግእዝ ብኽልተ ቃላት

- ✓ ንሓደ ተባዕታይ ኪኸውን ከሎ
- ✓ ናይ ብዙኃን ተባዕትዮ ኪኸውን ከሎ
- ✓ ናይ ሓንቲ ሰበይቲ ኪኸውን ከሎ
- ✓ ንብዙኃት ኣንስቲ ኪኸውን ከሎ
- ✓ ንሓደ ሰብኣይ ብኃላፊ ኪኸውን ከሎ
- ✓ ንብዙኃን ሰብኡት ብኃላፊ ኪኸውን ከሎ
- ✓ ንሓንቲ ሰበይቲ ኪኸውን ከሎ
- ✓ ንሓደ ሰብኣይ
- ✓ ንብዙኃን ሰብኡት
- ✓ ናይ ሓንቲ ኣንስተይቲ
- ✓ ንብዙኃት ኣንስቲ
- ✓ ንሓደ ሰብኣይ
- ✓ ንብዙኃን ሰብኡት ብኀሉፍ
- ✓ ናይ ብዙኃት ኣንስቲ
- ✓ ናይ ሓደ ሰብኣይ
- ✓ ንሓንቲ ሰበይቲ
- ✓ ንሓደ ሰብኣይ
- ✓ ንብዙኃን ሰብኡት
- ✓ ንሓንቲ ሰበይቲ
- ✓ ንብዙኃት ኣንስቲ

- ❖ ምሳሌ ግሥ ብግእዝ
- ❖ ብኽልተ ቃላት ዝቖመ መላመዲ ንባበ ግእዝ

## ምዕራፍ ፫፥ መራሕያን ——————————————

- ❖ ስም
- ❖ ግሥ ወይ ዐንቀጽ
- ❖ ዘርኢ
- ❖ ነባር
- ❖ መራሕያን (ክንድ ስም)
- ❖ ክንዲ ስም ብትግርኛ ክርአ ከሎ
- ❖ መላመዲ ብመራሕያን (ክንዲ ስም)
- ❖ ሕቶታት
  - ✓ ኣዛምድ
  - ✓ ነዞም ዚስዕቡ ሕቶታት ናብ ትግርኛ ተርጒምካ መልስ
  - ✓ ነዞም ዚስዕቡ ግሥታት ዚሰማማዕ እናመረጽካ ባዶ ቦታ ምላእ
  - ✓ ነዞም ዚስዕቡ ባዕልኻ ተርጒም
- ❖ ዓሠርተ መራሕያን
  - ✓ መራሕያን ኣብ ግሥ እናተሰኲዑ ሓሳባት ኪህቡ ከለዉ
  - ✓ መራሕያን ምስ ዓብይን ንኡስን ዐንቀጽ
- ❖ ዝርዝር ዓብይ ዐንቀጽ ረባሕታ
- ❖ መላመዲ፥ ባዶ ቦታ ምላእ

## ምዕራፍ ፬፥ ቅጽል ——————————————

- ❖ ቅጽል
- ❖ ክፍል ቅጽል
  - ✓ ናይ ግእዝ ቅጽል ቅድምን ድኅርን በዓል ቤት
  - ✓ ናይ ግእዝ ቅጽል ተባዕታይን ኣንስታይን ፆታ ሓደን ብዙኀን

- ወገናዊ ቅጽል
- ግልጸ "ዘ" ኣብ ግሥ
- "ዘ" ቅጽል ኪኸውን ከሎ
- "እንተ" ቅጽል ኪኸውን ከሎ
- "እለ" ቅጽል ኪኸውን ከሎ
- ነዞም ዚስዕቡ መላመዲታት ባዕልኻ ናብ ትግርኛ ተርጉም
- "ዘ" "እንተ" "እለ" መተካእታ ስም (ክንድ ስም)
- "እንተ" ክንዲ ስም ኪኸውን ከሎ
- "እለ" ክንዲ ስም ኪኸውን ከሎ
- ነዞም ዚስዕቡ ናብ ትግርኛ ተርጐም
- ክፍሊ ዝርዝር ቅጽል
- ክፍልታት ኣሉታን እወታን ነባር ዓንቀጻት
- ኣሉታ ዚኾኑ ነባር ዐንቀጻት
- "ኢኮ" ዚህቦ ኣሉታ
- ነዞም ዚስዕቡ ናብ ኣሉታ ቀይር
- እወታ "ቦ"
- እወታ "ኢ"
- ናይ "ሐሰ" ነባር ዓንቀጽ
- ነባር ዓንቀጽ "ሀሎ"
- ነባር ዓንቀጻት ዚብሃሉ ክራብሑን ክዝርዘሩን ከለዉ
  - ✓ ናይ "ቦ" ዝርዝር
  - ✓ ሓደ ዚነበረ ኪባዛኅ ከሎ
  - ✓ ሣልስ ዝነበረ ኪባዛኅ ከሎ
  - ✓ ሳድስ ዝነበረ ኪባዛኅ ከሎ
- መድበል ቅጽል
- ወገናዊ ቅጽል
- ብመልክዕ ንባቦም ትርጕም ዚቕይሩ ግሥታት

**<u>ምዕራፍ ፭፥</u> ገቢር ወተገብሮ (ንጡፍን ልኡምን/ Active and Passive)**

- ክፍል ገቢርን ተገብሮን
- ንምሳሌ ካብ ተገብሮን ገቢርን
- ግሥ ገቢርን ተገብሮን
- ሥራሐ ቤት
- ገቢር ግሥ ዓንቀጽ
- ተገብሮ ግሥ ዓንቀጽ
- ተናበብቲ ኮይኖም ገቢርን ተገብሮን ዚኾኑ
- ዓሠርተው ክልተ አርእስተ ግሥ

**<u>ምዕራፍ ፮፥</u> ሰምዕ ወወርቅ ---------------------------------**

- አበሃህላ ስምዕን ወርቅን

**<u>ምዕራፍ ፯፥</u> አገባብ ሰዋስው ---------------------------------**

- ንበይኖም ዘይንበቡ
- ንበይኖም ኣብ ገቢር ኪኸውን ከሎን ኣብ ካልእን ዚንበቡን ዘይንበቡን
- ዓቢይን ንኡስን አገባብ ሰዋስው

- ንኡስ አገባብ ሰዋስው
- ደቂቅ አገባብ ሰዋስው
- ዓቢይ አገባብ ሰዋስው
- እለ፣ እንተ፣ ዘ፣ እስመ፣ አምጣነ
- አኮኑ፣ መንገለ፣ እንበለ፣ ከመ፣ ኀበ
- አመ፣ ሶበ፣ ጊዜ፣ አቅመ፣ አርአያ
- ዓቢይን ደቂቅን አገባብ
- ሀየንተ፣ እም፣ እንዘ፣ መጠነ፣ ዲበ
- ፍዳ፣ በእንተ፣ ድኅረ፣ እመ፣ እስከ፣ ተውላጠ፣ ዓይነ
- ምስለ፣ ቅድመ፣ ጊዜ፣ መልዕልተ፣ ላዕለ፣ ቤዛ
- በይነ፣ ውስተ፣ ውሣጤ፣ ማእከለ
- ዓቢይ አገባብ "ወ"
- ዓቢያን አገባባት "ሰ"፣ "ሂ"፣ "ኒ"
- ብሓደ ቃል ተነቢቦም ብብዙኅ ዚፍትሑ ፴፪
- ካብዞም አገባባት "እም" ምስ መ፣ ሙ፣ ሚ፣ ማ፣ ሜ፣ ም፣ሞ
- አገባብ "በ"
- ክፍል አገባባት ዓቢያን ወንኡሳን

## <u>ምዕራፍ ፰</u>፥ ሙራደ ግሥ (ረባሕታ)

- ካልኣይ ዓቢይ ክፋል ረባሕታ
- መልምደ ሙራደ ግሥ ብሠለስተ
- ሕቶታት፥
  - ✓ ኣየናይ ቀዳማይ፤ ኣየናይ ካልኣይ፤ ፍለ።
  - ✓ ንቐዳማይ ናብ ካልኣይ ቀይር
  - ✓ ንካልኣይ ናብ ሣልሳይ ቀይር
  - ✓ ንሣልሳይ ናብ ካልኣይ ቀይር
  - ✓ ሕቶታት ካብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ንባብ ግእዝ
  - ✓ ተቓረንቲ (ተቓራንያን) ግሥታት
  - ✓ ሕቶታት ንተቓራንያን ዚሰማማዕ
- አርእስተ ግሥ
  - ክፍሊ ፩ ቀተለ
  - ክፍለ ፪ ቀደሰ
  - ክፍለ ፫ ገብረ
  - ክፍለ ፬ አእመረ (ተንበለ)
  - ክፍለ ፭ ባረከ
  - ክፍለ ፮ ሤመ
  - ክፍለ ፯ ብህለ
  - ክፍለ ፰ ቆመ
- ክፍል አላሕላሕያን

- ቅኑዕን ዘይቅኑዕን ኣናብባ ተናባቢ
- ነውረ ሰዋስው

<u>ምዕራፍ ፱</u>፥ ነጸላ ግሥ ካብ ሀ-ፐ

<u>ምዕራፍ ፲</u>፥ ነባርን ዘርእን ካብ ሀ-ፐ

<u>ምዕራፍ ፲፩</u>፥ መልምደ ንባበ ግእዝ (መላመዲታት ንባብ ግእዝ)

፲.፩ ተዋሥኦ በመልክዐ ጦማር ወመልእክት

፲.፩.፩ ክልኤቱ አዕርክት

፲.፩.፪ አሐዱ መምህር ምስለ ረድኡ

፲.፩.፫ መምህር ምስለ ወለት ረድእቱ

፲.፩.፬ ያሬድ ወማርታ

፲.፪ መልእክታት

፲.፪.፩ መልእክተ ዮሐንስ ዳግሚት

፲.፪.፪ መልእክተ ዮሐንስ ሣልሲት

፲.፪.፫ መልእክተ (ጦማረ) ሰላም ወፍቅር ጦማር ሰላም

**ምንጪ መወከሲ መጻሕፍቲ**

# ምዕራፍ ፩
# ሆሄያት ወአኃዛት ወቃላት ዘግእዝ
# /GEEZ ALPHABETS, NUMBERS AND WORDS/

## ፩.፩ ሆሄያት

ሆሄያት ማለት ፊደላት ማለት እዩ። በዚ መሠረት “ሆሄያተ ግእዝ” ክንብል እንከሎና፡ ፊደላት ግእዝ ማለትና እዩ።

### ፩.፩.፩ ድምፀ ንባባት ፳ወ፮ቱ ሆሄያት

፳፮ ሆሄያተ ግእዝ ዚበሃሉ ሀ፡ ለ፡ ሐ፡ መ፡ ሠ፡ ረ፡ ሰ፡ ቀ፡ በ፡ ተ፡ ነ፡ ኀ፡ አ፡ ከ፡ ወ፡ ዐ፡ ዘ፡ የ፡ ደ፡ ገ፡ ጠ፡ ጸ፡ ጰ፡ ፀ፡ ፈ፡ ፐ እዮም።

ሀ. <u>ንባባተ አፍ</u>፥ ኪንበቡ ከለዉ ኣፍካ ብምኽፋት ዚንበቡ አውታረ ሆሄያት እዞም ዚስዕቡ እዮም። ንሳቶም ከኣ፥

ሀ፡ ሐ፡ ኀ፡ አ፡ ዐ

ለ. <u>ንባባተ ትንሐግ</u>፥ ኪንበቡ ከለዉ ብትንሓግ ዚንበቡ አውታረ ሆሄያት እዞም ዚስዕቡ እዮም። ንሳቶም ከኣ፥

ቀ፡ ከ፡ የ፡ ገ

ሐ. <u>ንባባተ ልሳን</u>፥ ብመልሓስ ዚንበቡ አውታረ ሆሄያት ንባብ እዞም ዚስዕቡ እዮም። ንሳቶም ከኣ፥

ለ፡ ተ፡ ነ፡ ደ፡ ጠ

መ. <u>ንባባተ ከናፍር</u>፥ ብኸንፈር ዚንበቡ አውታረ ሆሄያት ንባብ እዞም ዚስዕቡ እዮም። ንሳቶም ከኣ፥

መ፡ በ፡ ወ፡ ጰ፡ ፈ፡ ፐ

ሠ. <u>ንባባተ አስናን</u>፥ ብኣስናን ዚንበቡ አውታረ ሆሄያት ንባብ እዞም ዚስዕቡ እዮም። ንሳቶም ከኣ፥

ሠ፡ ረ፡ ሰ፡ ዘ፡ ፀ፡ ጸ

### ፩.፩.፪ ክፍላተ ሆሄያት

ሆሄያተ ግእዝ ንጹልን ድሩብን ሆሄያት ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምቀሉ።

## ሀ. ንጹል ሆሄ

| ኍልቈ | ግእዝ | ካዕብ | ሣልስ | ራብዕ | ኃምስ | ሳድስ | ሳብዕ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ፩ | ሀ | ሁ | ሂ | ሃ | ሄ | ህ | ሆ |
| ፪ | ለ | ሉ | ሊ | ላ | ሌ | ል | ሎ |
| ፫ | ሐ | ሑ | ሒ | ሓ | ሔ | ሕ | ሖ |
| ፬ | መ | ሙ | ሚ | ማ | ሜ | ም | ሞ |
| ፭ | ሠ | ሡ | ሢ | ሣ | ሤ | ሥ | ሦ |
| ፮ | ረ | ሩ | ሪ | ራ | ሬ | ር | ሮ |
| ፯ | ሰ ሸ | ሱ ሹ | ሲ ሺ | ሳ ሻ | ሴ ሼ | ስ ሽ | ሶ ሾ |
| ፰ | ቀ ቐ | ቁ ቑ | ቂ ቒ | ቃ ቓ | ቄ ቔ | ቅ ቕ | ቆ ቖ |
| ፱ | በ ቨ | ቡ ቩ | ቢ ቪ | ባ ቫ | ቤ ቬ | ብ ቭ | ቦ ቮ |

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ፲ | ተ ቸ | ቱ ቹ | ቲ ቺ | ታ ቻ | ቴ ቼ | ት ች | ቶ ቾ |
| ፲፩ | ኀ | ኁ | ኂ | ኃ | ኄ | ኅ | ኆ |
| ፲፪ | ነ ኘ | ኑ ኙ | ኒ ኚ | ና ኛ | ኔ ኜ | ን ኝ | ኖ ኞ |
| ፲፫ | አ | ኡ | ኢ | ኣ | ኤ | እ | ኦ |
| ፲፬ | ከ ኸ | ኩ ኹ | ኪ ኺ | ካ ኻ | ኬ ኼ | ክ ኽ | ኮ ኾ |
| ፲፭ | ወ | ዉ | ዊ | ዋ | ዌ | ው | ዎ |
| ፲፮ | ዐ | ዑ | ዒ | ዓ | ዔ | ዕ | ዖ |
| ፲፯ | ዘ ዠ | ዙ ዡ | ዚ ዢ | ዛ ዣ | ዜ ዤ | ዝ ዥ | ዞ ዦ |
| ፲፰ | የ | ዩ | ዪ | ያ | ዬ | ይ | ዮ |
| ፲፱ | ደ ጀ | ዱ ጁ | ዲ ጂ | ዳ ጃ | ዴ ጄ | ድ ጅ | ዶ ጆ |
| ፳ | ገ | ጉ | ጊ | ጋ | ጌ | ግ | ጎ |
| ፳፩ | ጠ ጨ | ጡ ጩ | ጢ ጪ | ጣ ጫ | ጤ ጬ | ጥ ጭ | ጦ ጮ |
| ፳፪ | ጰ | ጱ | ጲ | ጳ | ጴ | ጵ | ጶ |
| ፳፫ | ጸ | ጹ | ጺ | ጻ | ጼ | ጽ | ጾ |
| ፳፬ | ፀ | ፁ | ፂ | ፃ | ፄ | ፅ | ፆ |
| ፳፭ | ፈ | ፉ | ፊ | ፋ | ፌ | ፍ | ፎ |
| ፳፮ | ፐ | ፑ | ፒ | ፓ | ፔ | ፕ | ፖ |

## ፩.፩.፪ ድሩብ ሆሄ

| ጉልቍ | ግእዝ | ካዕብ | ሣልስ | ራብዕ | ኃምስ | ሳድስ | ሳብዕ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ፩ | ቈ ቘ | - - | ቊ ቚ | ቋ ቛ | ቌ ቜ | ቍ ቝ | - - |
| ፪ | ኈ | - | ኊ | ኋ | ኌ | ኍ | - |
| ፫ | ኰ ዀ | - - | ኲ ዂ | ኳ ዃ | ኴ ዄ | ኵ ኵ | - - |
| ፬ | ጐ | - | ጒ | ጓ | ጔ | ጕ | - |

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ሇ | ሏ | ሗ | ሟ | ሧ | ሯ | ሷ | ሿ | ቋ | ቛ |
| ቧ | ቷ | ቿ | ኋ | ኗ | ኟ | ኧ | ኳ | ዃ | ዏ |
| ዓ | ዟ | ዧ | ዯ | ዷ | ጇ | ጓ | ጧ | ጯ | ጷ |
| ጿ | ፇ | ፏ | ፗ | | | | | | |

ሏ፣ ሗ፣ ሟ፣ ሧ፣ ሯ፣ ሷ፣ ሿ፣ ቋ፣ .ቛ፣ ቷ፣ ኟ፣ ኧ፣ ኳ፣ ዃ . . . ዝብሉ ፊደላት ኣብ ግእዝ ዘለዎም ዚህብዎ ኣበርክቶ ኣብዚ ዚስዕብ ተመልከት።
ተሟቅሀ ወይ ተማቅሐ፣ ይትመዋቃሕ፣ ይትሟቃሕ (ይትማቃሕ)

1. ተኟለወ፣ ይትነዋሎ፣ ይትኟሎ
2. ምሧዕ፣ መሧዕት
3. መጽወተ፣ መጿተ፣ ምጿት
4. ምሯጽ፣ ሥሯጽ፣ ተቷሰሐ፣ ይተዋሳሕ፣ ይቷሳሕ፣ ተቷሳሒ አስተቷስሕ፣ ያስተተዋስሕ፣ ያስተቷስሕ፣ አስተቷሳሒ፣ መስተቷስሕ፣

## ፩.፩.፫ ኣብ ኣደማምፃኦም መኽሰታት ዚኾኑ “ሆሄያት”

እዞም ፊደላት እዚኣቶም ዚህብዎ ምሥጢርን ትርጕምን እኳ ዚፈላለ እንተኾነ ኣብ ኣደማምፃኦም ግና ሓደ ዓይነት እዮም፡ ንሳቶም ድማ እዞም ዚስዕቡ እዮም።
ስለዚ መፍለዪ አስማቶም ከምዚ ዚስዕብ እዩ፡

፩. “ሀ” ሃሌታ ይብሃል፤ “ሀ” ሀብትውን ይብሃል እዩ።
“ሐ” ሐመር ይብሃል፤
“ኀ” ብዙኃን ይብሃል፤ “ኀ” ኃይልውን ይብሃል እዩ።

እዞም ሠለስተ ሆሄታት እዚኣቶም ግእዞምን ራብዖም ብሓደ ዝኾነ ድምፂ ይድመፁ። ፍልልዮም ግና ኣብ'ቲ ዚህብዎ ምሥጢርን ትርጉምን እዩ።

፪. “ሠ” ንጉሥ ይብሃል፤
“ሰ” እሳት ይብሃል፤
፫. “አ” አሌፍ ወይ አልፋ ይብሃል፤
“ዐ” ዐይን ወይ በግዕ ይብሃል፤
፬. “ጸ” ጸሎት ይብሃል፤
“ፀ” ፀሐይ ይብሃል፤

ስለዚ በዚኣቶም ንዚጸሓፍ ንባበ ግእዝ ምሥጢሩ ምእንቲ ከይፋለስ አስተውዒልካ ክትጽሕፍን ከተንብብን ክትትርጉምን ይግብኣካ።

<u>ንኣብነት</u> ኣቶ ሠረቀ ብርሃን ኪጸሓፍ ከሎ ብ “ሠ” ንጉሥ ደአ እምበር ብ “ሰ” እሳት አይጸሓፍን እዩ፡ ምኽንያቱ፥

- ሰረቀ = ሰረቐ፡ ዘይገንዘቡ ዘመተ፤ ወሰደ፤ ዓመጸ ማለት እዩ።
  ሠረቀ = ፀሐይ በረቐ፡ ተወልደ ማለት እዩ፤ ስለዚ ኣስተውዕል።
- ገአዘ = ተኻራኸረ፡ ተኻትዐ፡ ተማጐተ ኪትርጐም ከሎ፡
  ገዐዘ = ካብ ቦታ ናብ ቦታ ገዓዘ፡ ተጓዕዘ እዩ ዚትርጐም።

## ፩.፩.፬ ኍልቈ አውታረ ሆሄ (ፍቕዲ ፊደላት ግእዝ)

ኍልቈ አውታረ ንጹል “ሆሄ” ንጐኒ ፯ (7) እዩ።
ኍልቈ አውታረ ንጹል “ሆሄ” ንታሕቲ ፳፮ (26) እዩ።
ኍልቈ ዓውደ ፊደል ድምር = 7 X 26 = 182

ኍልቈ ድሩብ አውታረ ሆሄ ንጐኒ = ፭(5)

# ፩.፪ አኃዛት

| አኃዝ | ፊደል | አኃዝ | ፊደል |
|---|---|---|---|
| ፩ | አሐዱ | ፲ወ፬ | ዓሠርቱ ወአርባዕቱ |
| ፪ | ክልኤቱ | ፲ወ፭ | ዓሠርቱ ወኃምስቱ |
| ፫ | ሠለስቱ | ፲ወ፮ | ዓሠርቱ ወስድስቱ |
| ፬ | አርባዕቱ | ፲ወ፯ | ዓሠርቱ ወሰብዓቱ |
| ፭ | ኃምስቱ | ፲ወ፰ | ዓሠርቱ ወሠመንቱ |
| ፮ | ስድስቱ | ፲ወ፱ | ዓሠርቱ ወተስዓቱ |
| ፯ | ሰብዓቱ | ፳ | ዕሥራ |
| ፰ | ሰመንቱ | ፳ወ፩ | ዕሥራ ወአሐዱ |
| ፱ | ተስዓቱ | ፳ወ፪ | ዕሥራ ወክልኤቱ |
| ፲ | ዓሠርቱ | ፳ወ፫ | ዕሥራ ወሠለስቱ |
| ፲ወ፩ | ዓሠርቱ ወአሐዱ | ፳ወ፬ | ዕሥራ ወአርባዕቱ |
| ፲ወ፪ | ዓሠርቱ ወክልኤቱ | ፳ወ፭ | ዕሥራ ወኃምስቱ |
| ፲ወ፫ | ዓሠርቱ ወሠለስቱ | ፳ወ፮ | ዕሥራ ወስድስቱ |

| | |
|---|---|
| ፳ወ፯ | *ዕሥራ ወሰብዓቱ* |
| ፳ወ፰ | *ዕሥራ ወሰመንቱ* |
| ፳ወ፱ | *ዕሥራ ወተስዓቱ* |
| ፴ | ሠላሳ |
| ፴ወ፩ | ሠላሳ ወአሐዱ |
| ፴ወ፪ | ሠላሳ ወክልኤቱ |
| ፴ወ፫ | ሠላሳ ወሠለስቱ |
| ፴ወ፬ | ሠላሳ ወአርባዕቱ |
| ፴ወ፭ | ሠላሳ ወኃምስቱ |
| ፴ወ፮ | ሠላሳ ወስድስቱ |
| ፴ወ፯ | ሠላሳ ወሰብዓቱ |
| ፴ወ፰ | ሠላሳ ወሰመንቱ |
| ፴ወ፱ | ሠላሳ ወተስዓቱ |
| ፵ | አርብዓ |
| ፵ወ፩ | አርብዓ ወአሐዱ |
| ፵ወ፪ | አርብዓ ወክልኤቱ |
| ፵ወ፫ | አርብዓ ወሠለስቱ |
| ፵ወ፬ | አርብዓ ወአርባዕቱ |
| ፵ወ፭ | አርብዓ ወኃምስቱ |
| ፵ወ፮ | አርብዓ ወስድስቱ |
| ፵ወ፯ | አርብዓ ወሰብዓቱ |
| ፵ወ፰ | አርብዓ ወሰመንቱ |
| ፵ወ፱ | አርብዓ ወተስዓቱ |
| ፶ | ኃምሳ |
| ፶ወ፩ | ኃምሳ ወአሐዱ |
| ፶ወ፪ | ኃምሳ ወክልኤቱ |
| ፶ወ፫ | ኃምሳ ወሠለስቱ |
| ፶ወ፬ | ኃምሳ ወአርባዕቱ |
| ፶ወ፭ | ኃምሳ ወኃምስቱ |
| ፶ወ፮ | ኃምሳ ወስድስቱ |
| ፶ወ፯ | ኃምሳ ወሰብዓቱ |
| ፶ወ፰ | ኃምሳ ወሰመንቱ |
| ፶ወ፱ | ኃምሳ ወተስዓቱ |
| ፷ | ስድሳ |
| ፷ወ፩ | ስድሳ ወአሐዱ |
| ፷ወ፪ | ስድሳ ወክልኤቱ |
| ፷ወ፫ | ስድሳ ወሠለስቱ |
| ፷ወ፬ | ስድሳ ወአርባዕቱ |
| ፷ወ፭ | ስድሳ ወኃምስቱ |
| ፷ወ፮ | ስድሳ ወስድስቱ |
| ፷ወ፯ | ስድሳ ወሰብዓቱ |
| ፷ወ፰ | ስድሳ ወሰመንቱ |
| ፷ወ፱ | ስድሳ ወተስዓቱ |
| ፸ | ሰብዓ |
| ፸ወ፩ | ሰብዓ ወአሐዱ |
| ፸ወ፪ | ሰብዓ ወክልኤቱ |
| ፸ወ፫ | ሰብዓ ወሠለስቱ |
| ፸ወ፬ | ሰብዓ ወአርባዕቱ |
| ፸ወ፭ | ሰብዓ ወኃምስቱ |
| ፴ወ፮ | ሰብዓ ወስድስቱ |
| ፸ወ፯ | ሰብዓ ወሰብዓቱ |
| ፸ወ፰ | ሰብዓ ወሰመንቱ |
| ፸ወ፱ | ሰብዓ ወተስዓቱ |
| ፹ | ሰማንያ |
| ፹ወ፩ | ሰማንያ ወአሐዱ |
| ፹ወ፪ | ሰማንያ ወክልኤቱ |
| ፹ወ፫ | ሰማንያ ወሠለስቱ |
| ፹ወ፬ | ሰማንያ ወአርባዕቱ |
| ፹ወ፭ | ሰማንያ ወኃምስቱ |
| ፹ወ፮ | ሰማንያ ወስድስቱ |
| ፹ወ፯ | ሰማንያ ወሰብዓቱ |
| ፹ወ፰ | ሰማንያ ወሰመንቱ |
| ፹ወ፱ | ሰማንያ ወተስዓቱ |
| ፺ | ተስዓ |
| ፺ወ፩ | ተስዓ ወአሐዱ |
| ፺ወ፪ | ተስዓ ወክልኤቱ |
| ፺ወ፫ | ተስዓ ወሠለስቱ |
| ፺ወ፬ | ተስዓ ወአርባዕቱ |
| ፺ወ፭ | ተስዓ ወኃምስቱ |
| ፺ወ፮ | ተስዓ ወስድስቱ |
| ፺ወ፯ | ተስዓ ወሰብዓቱ |
| ፺ወ፰ | ተሰዓ ወሰመንቱ |
| ፺ወ፱ | ተሰዓ ወተዓቱ |

**ወቦ ዘይቤ**

| | | | |
|---|---|---|---|
| ፻ | ምእት | | ሚእቲ |
| ፲፻ | ሚሕ | አምአት | ሽሕ |
| ፻፻ | እልፍ | | ዓሠርተ ሽሕ |
| ፲፻፻ | ትእልፊት | ዓሠርቱ እልፍ (አእላፍ) | ሚእቲ ሽሕ |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ፻፻፻ | ምእልፊት | አእላፉት | ሓደ ሚልዮን |
| ፲፻፻፻ | ረበዋት | ትእልፊት | ዓሥርተ ሚሊዮን |
| ፻፻፻፻ | እልፈ-እልፍ | ምእልፊት | ሚእቲ ሚልዮን |
| ፲፻፻፻፻ | እልፈ-ትእልፊት | | ሓደ ቢሊዮን |
| ፻፻፻፻፻ | እልፈ-ምእልፊት | ረበዋት | ዓሥርተ ቢሊዮን |
| ፲፻፻፻፻፻ | እልፈ-ረበዋት | | ሚእቲ ቢሊዮን |
| ፻፻፻፻፻፻ | ምእልፊተ-ምእልፊት | ጕንድ | ሓደ ትሪሊዮን |
| ፲፻፻፻፻፻፻ | ምእልፊተ-ረበዋት | | ዓሥርተ ትሪሊዮን |
| ፻፻፻፻፻፻፻ | ረበዋተ-ረበዋት | | ሚእቲ ትሪሊዮን |

# ፩.፫ ቃላተ ግእዝ

## *መላመዲ ዝርርብ ግእዝ*

## ፩.፫.፩ ቃላተ (ቀለማተ) ጥያቄ (ቃላተ ተሐትቶ)

*ሁ፡ መኑ፡ በመኑ፡ ማእዜ፡ ምንት፡ ለምንት፡ ሚ፡ ስፍን፡ ስፍነ፡ ቦኑ፡ በአይቴ፡ አይቴ፡ እፎ፡ በእፎ፡ ኑ፡ እስፍንት፡ እስፍንቱ፡ እስፍንተ፡ ዓይ፡ በዓይ፡ ዓያት. .*

| ቃላተ ተሐትቶ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ሁ | መጻእከሁ፧ | መጺእካዶ፧ |
| መኑ | መኑ ጸፍአከ፧ | መን እዩ ጸፊዑካ፧ |
| በመኑ | በመኑ ናስተማስሎ፧ | ብመን ክንምስሎ፧ |
| ማእዜ | ማእዜ ሖርከ ኀበ ቤትከ፧ | ናብ ቤት መዓስ ኬድካ፧ |
| ምንት | ምንት ውእቱ ዝንቱ፧ | እዚ እንታይ እዩ፧ |
| ለምንት | ለምንት ጐንደይከ፧ | ስለምንታይ ደንጕኻ፧ |
| ሚ | ሚ ይሤኒ ላህዩ፧ | ሥነ ጽባቔኡ ክንደይ ይጽብቕ፧ |
| ስፍነ | ስፍነ ኅብስተ ትበልዕ፧ | ክንደይ እንጌራ ትበልዕ፧ |
| ስፍን | ስፍን ዕድሜከ፧ | ዕድሜኻ ክንደይ እዩ፧ |
| ቦኑ | ቦኑ አንተ ክርስቶስ፧ | ብሓቂ ንስኻ ክርስቶስ ዲኻ፧ |
| በአይቴ | በአይቴ ንገብር ፋሲካ፧ | ፋሲካ ኣበይ ክንገብር፧ |
| አይቴ | አይቴ ሀለዉ እሙንቱ፧ | ንሳቶም ኣበይ ኣለዉ፧ |
| እፎ | እፎ ሀሎከ፧ | ከመይ ኢልካ ኣሎኻ፧ |
| በእፎ | በእፎ መጻእከ፧ | ብምንታይ መጻኻ፧ |
| ኑ | ዳኅንኑ አንተ፧ | ደኃን ዲኻ፧ |
| እስፍንት | እስፍንት ውእቱ ዕድሜከ፧ | ዕድሜኻ ክንደይ እዩ፧ |
| እስፍንቱ | እስፍንቱ አንትሙ፧ | ንሽኻትኩም ክንደይ ኢኹም፧ |
| እስፍንተ | እስፍንተ ፅዋዐ ሰተይከ፧ | ክንደይ ዋንጫ ሰቲኻ፧ |
| ዓይ | ዓይ ውእቱ ዝንቱ፧ | እዚ ኣየናይ እዩ፧ |
| በዓይ | በዓይ ትሰምዕ፧ | ብምንታይ ኢኻ እትሰምዕ፧ |
| ዓያት | ዓያት ሰብእ ያሠምርዎ ለእግዚአብሔር፧ | እንመን (ኣየኖት) ሰባት እዮም<br>ንእግዚአብሔር ዘሥምርዎ፧ |

## ፩.፫.፪ ቃላተ ሰላምታ ወእማኄ

| ሓታቲ | መላሲ |
|---|---|
| እፎ ወዐልከ፧ (በሐከ፧)<br>ከመይ ውዒልካ፧ | ይሰባሕ (ይትባረክ/ ይትአኰት) እግዚአብሔር።<br>እግዚአብሔር ይመስገን። |
| እፎ ኅደርከ፧<br>ከመይ ኀዲርካ፧ | ይትአኰት እግዚአብሔር።<br>እግዚአብሔር ይመስገን። |
| ዘከመ እፎ ትነብር፧<br>ከመይ ኢልካ ትነብር ኣሎኻ፧ | በፈቃደ እግዚአብሔር ዳኅነ እነብር።<br>ከም ፍቓድ እግዚአብሔር ጽቡቕ እነብር ኣሎኹ። |
| ሰላም ለከ፧<br>ሰላምታ ንአኻ ይኹን | ወሰላም ለከ።<br>ንኣኻ ድማ ሰላም ይኹን። |
| መኑ ስምከ፧<br>ስምካ መን ይብሃል፧ | ስምየ እሰመይ እገሌ።<br>ስመይ እከለ እብሃል። |
| መኑ ስመ አቡከ፧<br>ስም አቦኻ መን ይብሃል፧ | ስመ አቡየሰ እገሌ።<br>ስም አቦይ እከለ ይብሃል። |
| መኑ ስመ እምከ፧<br>ስም አዴኻ መን ይብሃል፧ | ስመ እምየሰ እገሊት።<br>ስም አደይ እገሊት ይብሃል። |
| ስፍነ ክፍለ ትትመሀር፧<br>ክንደይ ክፍሊ ኢኻ ትመሃር፧ | ሀሎኩ እትመሃር ፲ወ፩ ክፍለ።<br>11 ክፍሊ እመሃር ኣሎኹ። |
| እስፍንቱ ውእቱ ዕድሜከ፧<br>ዕድሜኻ ክንደይ እዩ፧ | ዕድማየሰ ዕሥራ ወክልኤቱ።<br>ዕድሜይ 22 ዓመት እዩ። |
| አይቴ ውእቱ ትምህርተ ሰንበትከ፧<br>እትመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ሰንበት አበይ እዩ፧ | ትምህርተ ሰንበትየ መካነ ሕይወት ውእቱ።<br>ቤት ትምህርቲ ሰንበተይ መ/ሕይወት እዩ፡ |
| አይቴ ውእቱ ቤተክርስቲያንከ፧<br>ቤተክርስቲያንካ አበይ እዩ፧ | ቤተ ክርስቲያንየ መ/ሕ/መድኃኔ ዓለም ውእቱ።<br>ቤተ ክርስቲያነይ መ/ሕ/መድኃኔ ዓለም እዩ። |
| አይቴ ሀገርከ፧<br>ሃገርካ አበይ እዩ፧ | ሀገርየ ኤርትራ ውእቱ።<br>ሃገረይ ኤርትራ እዩ። |
| አይቴ ማኅደርከ (ቤትከ)፧<br>መኅደሪኻ (ቤትካ) አበይ እዩ፧ | ማኅደርየ መካነ ሕይወት ውእቱ።<br>ቤተይ መካነ ሕይወት እዩ። |
| በአይቴ ትነብር፧<br>ኣበይ ኢኻ እትነብር፧ | አነ እነብር በማእከለ አሥመራ።<br>ኣነ ኣብ አሥመራ እየ ዝነብር። |
| አይቴ ሙላድከ፧<br>ዝተወለድካሉ አበይ እዩ፧ | ሙላድየሰ ሐማሴን ውእቱ።<br>እተወለድኩሉ ሐማሴን እዩ። |
| መኑ ውእቱ ዐርክከ/ኪ፧<br>መን እዩ ዓርክኻ/ኺ (ብጻይካ/ኪ)፧ | አርክየሰ ዳዊት (ቤርሳቤሕ) ውእቱ (ይእቲ)።<br>ዓርከይ ዳዊት (ቤርሳቤሕ) እዩ (እያ)። |
| ይእዜ አይቴ ሀሎከ፧<br>ሕጂ አበይ አሎኻ፧ | ይእዜ ሀሎኩ በቤተክርስቲያን።<br>ሕጂ አብ ቤተክርስቲያን እየ ዘሎኹ። |
| ምንት ውእቱ ዝንቱ፧<br>እዚ እንታይ እዩ፧ | ዝንቱ ውእቱ መዝገበ ቃላተ ግእዝ።<br>እዚ መዝገበ ቃላት ግእዝ እዩ። |
| ምንት ይእቲ ዛቲ፧<br>እዚኣ እንታይ እያ፧ | ዛቲ ይእቲ ሰሌዳ።<br>እዚኣ ሰሌዳ እያ። |
| ትሬኢኑ፧<br>ትርኢዶ አሎኻ፧ | እወ እሬኢ።<br>እወ እርኢ አሎኹ። |
| ትሰምዕኑ፧<br>ትሰምዕዶ አሎኻ፧ | እወ እሰምዕ።<br>እወ እሰምዕ አሎኹ። |

## ፩.፫.፫ አስማተ አባላተ አካለ ሰብእ

| ብሓደ | | ብብዝሒ | |
|---|---|---|---|
| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
| 1. ሥእርት | ጸጕሪ | 1. ሥእርታት | ጸጕርታት |
| 2. ርእስ | ርእሲ | 2. አርእስት | ኣራእስ (ርእስታት) |
| 3. ድማኅ | መንበስበስታ | 3. ድማኃት | መንበስበስታታት |
| 4. ሕሊና | ሕሊና | 4. ሕሊናት | ሕሊናታት |
| 5. ገጽ | ገጽ | 5. ገጻት | ገጻት |
| 6. ፍጽም | ቅድሚት (ገምበር) | 6. ፍጽማት | ቅድሚታት (ገምበራት) |
| 7. ቅርንብ | ቅርኒብ ዓይኒ | 7. ቀራንብት | ቅርኒባት |
| 8. ጸንቢል | ሽፋሽፍቲ ዓይኒ | 8. ጸንቢላት | ሽፋሽፍትታት ዓይኒ |
| 9. ዓይን | ዓይኒ | 9. አዕይንት | አዒንቲ |
| 10. ብንት | መርዓት ዓይኒ | 10. ብንታት | መርዑት ዓይኒ |
| 11. እዝን | እዝኒ | 11. አእዛን/ እዘን | ኣእዛን |
| 12. መልታሕት | ምዕጉርት | 12. መቅትሕ | ምዕጉርታት |
| 13. አንፍ | ኣፍንጫ | 13. አእናፍ | አፍንጫታት |
| 14. ከንፈር | ሻንፎት (ከንፈር) | 14. ከናፍር | ከናፍር |
| 15. አፍ | ኣፍ | 15. አፈው | አፋት |
| 16. ስን | ስኒ | 16. አስናን/ ስነን | ስንታት (ኣስናን) |
| 17. ልሳን | ልሳን (መልሓስ) | 17. ልሳናት | ልሳናት |
| 18. መንሰክ | መንከስ (መንጋጋ) | 18. መናስክት | መንከሳት(መንጋጋታት) |
| 19. ቃል | ቃል | 19. ቃላት | ቃላት |
| 20. እስትንፋስ | እስትንፋስ (ትንፋስ) | 20. እስትንፋሳት | እስትንፋሳት |
| 21. ጕርዔ | ጐረሮ | 21. ጐራዕይ | ጐረሮታት |
| 22. ክሣድ | ክሳድ | 22. ክሣውድ | ክሳውድ |
| 23. ሐዳፍ | ወተግ | 23. ሐዳፋት | ወተጋት |
| 24. መትከፍ | መንኩብ | 24. መታክፍ | መንኩባት |
| 25. ዘባን | ዝባን | 25. ዘባናት | ዝባናት |
| 26. ሐቌ | ሕቖ | 26. ሐቌያት | ሕቖታት |
| 27. ገቦ | ጐድኒ (ጐኒ) | 27. ገበዋት | ጐድንታት |
| 28. እንግድዓ | ኣፍ ልቢ | 28. እንግድዓት | ኣፍ ልብታት |
| 29. ልብ | ልቢ | 29. አልባብ | ልብታት |
| 30. ሕፅን | ሕቾፎ፣ ትሽትሽ | 30. ሕፅናት | ሕቚፎታት፣ ትሽቱሻት |
| 31. ሕንብርት | ሕምብርቲ | 31. ሕንብርታት | ሕምብርትታት |
| 32. ከርሥ | ከብዲ (ከርሢ) | 32. ከርሣት | ከብድታት |
| 33. ኵሊት | ኩሊት | 33. ኵልያት | ኩላሊት |
| 34. ማዕው | አምዑት | 34. አማዑት | አምዑት |
| 35. ንዋየ ውሥጥ | መዓንጣ (ናውቲ ኸብዲ) | 35. ንዋያተ ውሥጥ | መዓንጣታት |
| 36. ክንፍ | ክንፊ | 36. አክናፍ | ክንፍታት (ኣኽናፍ) |
| 37. እድ | ኢድ | 37. አእዳው | አእዳው |
| 38. መዝራዕት | ቅልጽም | 38. መዛርዕ | ቅልጽማት |
| 39. ኵርናዕ | ኵርናዕ | 39. ኵርናዓት | ኵራንዕ |
| 40. እመት | እመት | 40. እመታት | እመታት |
| 41. እራኅ | ፃዕዳ ኢድ | 41. እራኃት | ማእከል አእዳው |
| 42. አፅባዕት | ኣፃብዕቲ | 42. አፃብዕ | አፃብዕ |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 43. ጽፍር | ጽፍሪ | 43. አጽፋር | ጽፍርታት |
| 44. ቍይጽ፡ ቍጽ | ሰለፍ | 44. አቍያጽ | ሰለፋት |
| 45. ብርክ | ብርኪ | 45. አብራክ | ኣብራኽ |
| 46. ሰርባ | ሓፋኺቶ | 46. ሰርባታት | ሓፋኺቶታት |
| 47. እግር | እግሪ | 47. አእጋር | ኣእጋር |
| 48. ሰኰና | ሸኾና | 48. ሰኪንው | ሸኾናታት |
| 49. መከየድ | መርገጽ እግሪ | 49. መከየድ | መርገጽ እግርታት |
| 50. ቆም | ቁመና (ቁመት) | 50. ቆማት | ቁመናታት |
| 51. መልክዕ | መልክዕ | 51. መልክዐት | መልክዓት |

## ሥእለ ብእሲ



### መልክዐት

**መሐበሪ ቍጽርታት**

፩. ክሣድ = ክሣድ
፪. መትከፍ = መንኩብ
፫. መዝራዕት= ቅልጽም
፬. ኵርናዕ = ኵርናዕ
፭. እመት = እመት
፮. ሐፅን = ትሸትሸ፡ ሕቑፊ
፯. እንግድዓ = ኣፍ ልቢ
፰. ሕንብርት = ሕምብርቲ
፱. ሐቌ = ሕቖ
፲. ቍጽ = ሰለፍ
፲፩. ብርክ = ብርኪ
፲፪. አገዳ = በረኾዳ
፲፫. ሰኰና = ሸኾና

## ፩.፫.፬ ቃላተ ግእዝ ምስለ ኑባሬ ደቀ ሰብእ ወአድያም

### ሀ. ቤተ ሰብእ (ቤተ ሰብ)

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| ፩. አብ | ኣቦ | ፱. አዝማደ ቤት | ቀረባ ኣዝማድ |
| ፪. እም | ኣደ (እኖ) | ፲. ወሬዛ/ ውርዝው | ጕበዝ (መንእሰይ) |
| ፫. እኍ | ሓው (ኃው) | ፲፩. ሳይዳ/ነጐድጓድ | እመቤት፡ ወይዘሪት |
| ፬. እኅት | ኃብቲ | ፲፪. ብእሲት | ሰበይቲ |
| ፭. ወልድ | ወዲ | ፲፫. አንስት፡ አእኑስ | ኣንስቲ |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ፮. ደቅ | ደቂ | ፲፬. ዕድ | ሰብኣይ |
| ፯. ወለት | ጓል | ፲፭. ዕደው | ሰብኡት |
| ፰. ደቂቅ | ሕፃናት | ፲፮. አዝማድ | ኣዝማድ |

## ለ. ንዋያተ ቤት

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| ፩. ቤት | ቤት | ፳. ዓራት | ዓራት |
| ፪. መርጡር፡ መርጡል | ኣዳራሽ፡ ቤት | ፳፩. መንበር | መንበር |
| ፫. ናሕስ | ህድሞ | ፳፪. ፒላስ | መንበር |
| ፬. ጽርሕ | ኣዳራሽ | ፳፫. ኤላም | ገበላ |
| ፭. ደብተራ | ድንኳን | ፳፬. ሕዋር | ገበላ (ብራንዳ) |
| ፮. ተሥላስ | ደርቢ | ፳፭. መሶብ | መሶብ |
| ፯. ተጽራሕ | ኣዳራሽ | ፳፮. ምስያም | ዓቢይ መሶብ |
| ፰. ሠቅሠቅ | ሰገነት (መናፈሻ) | ፳፯. አስፈሬዳ | ስጉርፎኦ (ቅርጫት) |
| ፱. ጐረቤት | ጐረቤት | ፳፰. ሙዳይ | ጥፍሒ |
| ፲. ማዕፆ | ማዕፆ | ፳፱. ማህየብ | መቕድሒ ማይ (መገለል) |
| ፲፩. መስኮት | መስኮት | ፴. እቶን | እቶን |
| ፲፪. መሳክው | መሳኹቲ | ፴፩. ጽሕርት | ገንኢ |
| ፲፫. መርኆ | መፍትሕ | ፴፪. ጤገን | ሞቕሎ |
| ፲፬. መርኆ | መሸጐር፡ ሥልጣን | ፴፫. ግምኤ | ዕትሮ |
| ፲፭. ጠፈረ ቤት | ሰንቀ (ቦሎፎን) | ፴፬. ልሕኵት | ሳርማ |
| ፲፮. ዓምድ | ዓንዲ | ፴፭. ማህው | ብርጭቆ |
| ፲፯. ሰዋስው | መደያይቦ(ኣስካላ) | ፴፮. ከረቦ | ኣገልግል |
| ፲፰. ሄንባሩ | ውሻጠ | ፴፯. ራግዝ | ልዳት |
| ፲፱. ቢረሌ | ብርለ | ፴፰. ልገት | ኣጕዶ |

## ሐ. በቤተ ምግብ ወሲሳይ ዘሀሎ

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| ፩. እክል | እኽሊ | ፲፯. ቅብእ | ቅብኣት |
| ፪. ኅብስት | ኅብስቲ | ፲፰. ባብ | ልኻይ ጤል |
| ፫. ሲሳይ | ሽሻይ | ፲፱. ሥጋ፡ ባሦር | ሥጋ |
| ፬. ማይ | ማይ | ፳. ዶርሆ | ደርሆ |
| ፭. ስቴ | መስተ | ፳፩. አንቆቅሖ | እንቋቑሖ |
| ፮. ወይን | ወይኒ | ፳፪. አፍህርት | ጨቓዊት |
| ፯. ሜስ | ሜስ | ፳፫. ፈርህ | ጫቑት |
| ፰. ምዝር | ብርዚ፡ ስዋ | ፳፬. ላሕም | ብዕራይ፡ ላም |
| ፱. ሴዋ | ስዋ | ፳፭. ናእት | ቅጫ |
| ፲. ጽዋዕ | ጣሳ (ዋንጫ) | ፳፮. ተብሲል | ጥጥቖ ብርስን |
| ፲፩. ሞ / ቢረሌ | ብርለ | ፳፯. ፉል | ፉል |
| ፲፪. መቁዓል | ጮማ ሥጋ | ፳፰. ቃቤላ | ማሽላ |
| ፲፫. ጳኵሲማ | ንቑጽ እንጌራ | ፳፱. መላሂ | ጣፍ |
| ፲፬. ጸብሕ | ጸብሒ | ፴. ሰገም | ስገም |
| ፲፭. ሓሊብ/ጸባ | ጸባ | ፴፩. ሥርናይ | ሥርናይ |
| ፲፮. ሀሙዒዳ | ምሳሕ፡ እንግዶት | ፴፪. ፔርካ | ዓተር |

## መ. ንዋያተ ማሕረስ

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| ፩. መስተገብር | ሓረስታይ | ፲፬. መስኤ | መስአ |
| ፪. ግብረ ማሕረስ | ሥራሕ ማሕረስ | ፲፭. መዝርእ | መዝርኢቶ |
| ፫. ኄቡቴ | ነዊት | ፲፮. ዘራኢ | ዘራኢ |
| ፬. ቅትራት | ቅትርቲ | ፲፯. ጻህያይ/ ሕንጽዋል | ጻህያይ/ ሰዓፅ |
| ፭. ድጕር | ድጕሪ | ፲፰. ዓውድ | ዓውዲ (ክቢ ነገር) |
| ፮. ዕርፍ | ዕርፊ | ፲፱. ምክያድ | ዓውዲ (መኸየዲ) |
| ፯. ሠውጥ | ስላፅ ማሕረስ፣ ሓለንጊ | ፳. ቀፎ | ቆፎ |
| ፰. አርዑት | ኣርዑት | ፳፩. ገራህት | ግራት |
| ፱. ሞፈር | ሞፈር (ነዊት) | ፳፪. ከላስስት | እንዳእትታት |
| ፲. ማሕረስ | ማሕረሻ | ፳፫. ክምር | ቁሚጦ |
| ፲፩. ዘርእ | ዘርኢ | ፳፬. ሐሰር | ሓሰር |
| ፲፪. ሰዊት | ሸዊት | ፳፭. እክል | ምህርቲ |
| ፲፫. ላሕሎ | ከርፈስ | ፳፮. ሐብል | ገመድ |

## ሠ. መካነ ምሥያጥ (ዕዳጋ) ወዘቦቱ

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| ፩. ምሥያጥ | ሹቕ፣ ዕዳጋ | ፲፪. ሶከር | ሽኾር |
| ፪. በግዕ | በጊዕ | ፲፫. አድግ | ኣድጊ |
| ፫. ላሕም | ላም፣ ብዕራይ (ላሕሚ) | ፲፬. ዕዋል | ዒሉ |
| ፬. ሶር፣ ብዕራ | ብዕራይ | ፲፭. በቅል | በቕሊ |
| ፭ ጣዕዋ | ጣዕዋ/ ብተይ | ፲፮. ፈረስ | ፈረስ |
| ፮. መግዝእ | ስቡሕ እንስሳ | ፲፯. ገመል | ገመል |
| ፯. ጠሊ | ጤል | ፲፰. ሚዛን፣ ጠፋልሕ | ሚዛን |
| ፰. ማሐስእ | መሓስእ | ፲፱. ባዶስ | ምሰ (መስፈሪ) |
| ፱. መዓር | መዓር | ፳. ሀሪፎት | ትምትሞ |
| ፲. ሐኖት | ቤት መስተ | ፳፩. መለንስ | ንሂጐ |
| ፲፩. መና | መና፣ እንጌራ | ፳፪. መልጸጽን | ዱባ |
| | | ፳፫. ገሞር | መስፈር ድሩቕ |

## ረ. ሢመተ ምንኵስና

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| ፩. ወጣኒ | ጀማሪ (ተሞክሮ) | ፰. ኤጲስቆጶስ | ምኽትል ጳጳስ |
| ፪. ማእከላዊ | ማእከላይ | ፱. ጳጳስ | ጳጳስ |
| ፫. ፈጻሚ | ዝበቕዐ | ፲. ሊቀ ጳጳሳት | ሓለቓ ጳጳሳት |
| ፬. መነኮስ | መነኮስ ዝመንኮሰ | ፲፩. ርእሰ ሊቀ ጳጳሳት፣ ርእሰ አበው | ፓትርያርክ |
| ፭. ቆሞስ | ቀዳማይ ሽመት ዘለዎ | ፲፪. ፈላሲ | ፈላሲ |
| ፮. አበ-ምኔት | ኣመሓዳሪ ገዳም | ፲፫. ፈላሲት | ፈላሲት |
| ፯. አቡነ ቀሲስ | ምኽትል ጳጳስ | ፲፬. እመ ምኔት | ኣመኃዳሪት ገዳም |
| | | ፲፭. ንቡረ እድ | ንሽመት ዝተሓጽየ |

## ሰ. ንዋያተ ቤተ ክርስቲያን

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| ፩. መስቀል፣ ጸልቦ | መስቀል | ፳፩. ማኅቶት | መብራህቲ |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ፪. ዕርፈ መስቀል | ዕርፈ መስቀል | ፳፪. ሰምዕ | ሽምዓ፡ ጥዋፍ |
| ፫. መዳምሕ | ማንካ ጽዋዕ | ፳፫. ፍሕም | ፍሕሚ (ሕመት) |
| ፬. ጽዋዕ | ጽዋዕ | ፳፬. ዕጣን፡ ስኂን | ዕጣን |
| ፭. ዓውድ | ዓውድ (ማእዲ) | ፳፭. ወይን | ወይኒ |
| ፮. ጽላል፡ ድባብ | ጽላል፡ ድባብ | ፳፮. ሥርናይ | ሥርናይ |
| ፯. ልብስ፡ ሞጣሕት | ልብሲ | ፳፯. ቍርባን | መሥዋዕቲ (ቍርባን) |
| ፰. ንብቲራ | መሕጸቢ፡ ንብቲራ | ፳፰. መቅደስ | መቅደስ |
| ፱. ኰስኰስት | ኰስኰስቲ | ፳፱. ረድእ | ተማሃራይ |
| ፲. መዝገብ | መጽሓፍ፡ መኸዘን | ፴. አትሮኖስ | መንበቢ መጽሓፍ፡ ኣትሮንስ |
| ፲፩. ሞገሰ ቤት፡ አርማስቆስ | ጉልላት | ፴፩. ማኅደር | ሰፈር መጽሓፍ |
| ፲፪. ኀዋር | መድረኽ | ፴፪. መሳውድ | መጽሓሪ ሓዊ |
| ፲፫. ደብተራ | ድንኳን | ፴፫. ቃለ ዓዋዲ | ቃጭል |
| ፲፬. መራናት | መብራህቲ (ቀንዴል) | ፴፬. ሰንነግ | መንጠልጠሊ መጋረጃ (ዘንጊ) |
| ፲፭. ተቅዋም | ቀንዴል | ፴፭. ሖጻድ | ቀለቤት (መትኃዚ ዘንጊ) |
| ፲፮. ጽንሐሕ | ጽንሃህ | ፴፮. መርኖ | መፍትሕ |
| ፲፯. ማዕጠንት | መዕጠኒ | ፴፯. ማዕፆ | ማዕፆ |
| ፲፰. መሶበ ወርቅ | መሶብ ወርቂ | ፴፰. መስኮት | መስኮት |
| ፲፱. ሰዋስው | መደያይቦ (መሳልል) | ፴፱. ደወል | ደወል |
| ፳. ቀንዲል | ዘይቲ | ፵. መጥቅዕ | መጥቅዕ፡ ደወል |

## ቀ. አዝማደ ቤተ መንግሥት ወሚመታቲሆሙ

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| 1. ሐራ | ወተሃደር | 19. ቃሶት | ፍላጻ |
| 2. ሠገር | ዓቀይታይ፡ ወተሃደር፡ ዓስከር | 20. ረዋዲ | ቀዳማይ ግንባር |
| 3. ሠገራት | ወተሃደራት | 21. ረዋጺ | ጐያዪ |
| 4. ሠጺራ | ጭፍራ | 22. ነፋጺ | ሃዳሚ፡ ከዳዕ |
| 5. ሠራዊት | ሠራዊት | 23. ኲድራላቅ | ጠበንጃ (ሽጉጥ) |
| 6. ሀቢ | ሓለቓ፡ ኣዛዚ | 24. መንገኒቅ | ሽጉጥ |
| 7. ሀቤ ምእት | ሓለቓ ሚእቲ | 25. ያርብሀ | ኃያል |
| 8. ሀቤ እልፍ | ሓለቓ ዓሠርተ ሽሕ | 26. ወልታ | ሃገፋ፡ ዋልታ |
| 9. መልአከ ሠራዊት | ኣዛዚ ወተሃደራት | 27. ድርዕ | ድርዒ |
| 10. ሰብአ ዓይን | ስለያ (ሰለይቲ) | 28. አክሊል | ዘውዲ (ኣኽሊል) |
| 11. ጸባዖት ጸባኦት | ጀጋኑ፡ ኃያላት፡ ጐይታ ጐይቶት | 29. በትረ መንግሥት | ዘንጊ ንጉሥ |
| 12. ጸባኢ | ተኸላኻሊ | 30. ማእገት | ፈታሽ (ኬላ) (መሳ. ፱፥፳፭) |
| 13. ንጉሥ | ንጉሥ | 31. ልዑል | ዝለዓለ |
| 14. መስፍን | ገዛኢ (መስፍን) | 32. ልዕልት | ልዕልቲ |
| 15. መሳፍንት | ገዛእቲ (መስፍንት) | 33. ዔዋ፡ ምህርካ፡ ሰቂማ | ምርኮ |
| 16. ርእስ | ራእሲ | 34. ኵናት፡ ረምሕ | ኲናት |
| 17. ርእሳት | ራእስታት | 35. መልአክ፡ መላእክት | ሓለቓ፡ ኣሕሉቕ |

## በ. ዐፀደ ቤተ ክርስቲያን

| ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|
| 1. ቅጽረ ቤተ | ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን |

| ክርስቲያን | |
|---|---|
| 2. ቤተ መቅደስ | ቤት መቕደስ |

| | |
|---|---|
| 3. ቅድስት | ማእከላይ ቦታ |
| 4. ቅኔ ማኅሌት | ሣልሳይ ክፍሊ ቤተ ክርስቲያን |
| 5. ንዋየ ቅድሳት | ኣቑሑ ቤተ ክርስቲያን |
| 6. ቤተ ጥምቀት | ጥምቀት ዝፍጸመሉ ቤት |
| 7. ቤተ ስብከት | ትምህርቲ ዝሃበሉ ቤት |
| 8. ቤተ ጸሎት | ቤት ጸሎት |
| 9. ኤላም፥ ሄጸላጹ | ደገ ሰላም |
| 10. ቤተ ትምህርተ ሰንበት | ትምህርቲ ሰንበት ዝወሃበሉ ቤት |
| 11. ዐፀደ ቤተ ክርስቲያን | ከባቢ ቤተ ክርስቲያን |
| 12. ጉባኤ ሊቃውንት | ጉባኤ ምሁራን |
| 13. ጉባኤ ምእመናን | መአከቢ ማእመናን |
| 14. ጉባኤ ቤተ ክርስቲያን | ሲኖዶስ (ሰበካ ጉባኤ) |
| 15. ሕዝበ ክርስቲያን | ሕዝቢ ክርስቲያን |
| 16. ምእመናን | ኣመንቲ ሰብኡት |
| 17. ምእመናት | ኣመንቲ አንስቲ |
| 18. ምእመን | ኣማኒ ሰብኣይ |

| | |
|---|---|
| 19. ምእመንት | ኣማኒት ሰበይቲ |
| 20. ቤተ ልሔም | ቤተ ልሔም |
| 21. ኮሞስ | ኣማሓዳሪ (መጨኔ) |
| 22. ሊቀ ምርፋቅ | አስተናባሪ |
| 23. መዝገበ ጥምቀተ ክርስትና | ተጠመቕቲ ዝምዝገቡሉ መዝገብ |
| 24. መዝገበ ሕዌ ወመርዓ | መርዓውቲ ዝምዝገብሉ መዝገብ |
| 25. ዐፀደ ማየ ጸሎት | ማይ ጸሎት ዝሕጸቡሉ |
| 26. ዓፀደ ማህላ | ዝምሕልሉ ቦታ |
| 27. ቤተ ዐቃቢ | እንዳ ዋርድያ (ዘብዒ) |
| 28. ቤተ መዝገብ | መቐመጢ ንዋየ-ቅድሳት |
| 29. ቤተ ደወል | እንዳ ደወል |
| 30. ቤተ ነዳያን | መቐመጢ አጋይሽ |
| 31. ደጌ ሰላም | ደገ ሰላም |
| 32. ምርፋቅ | መቐመጢ ኣጋይሽ |
| 33. ኆኅት፥ ዐንቀጽ | ኣፍ-ደገ |
| 34. ራግዝ/ ራግዛት | ልዳት/ ልዳውቲ |

## ተ. አብያተ ፍትሕ ወኵነኔ

| ግእዝ | ትግርኛ | | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|---|
| 1. ፈታሒ | ወሃቢ ፍርዲ | | 2. ቤተ ሐብስ | ቤተ ማሕቡስ |
| 3. ፍዳ፥ ሞጻ | ካሕሳ | | 4. አኅዝ | ትሕጃ |
| 5. ሰማዕት | ምስክር/ መሰኻኽር | | 6. ዐቃቤ ቤተ ሐብስ | ሓላዊ እሱራት |
| 7. ኵነኔ | ከቢድ ፍርዲ | | 8. ፍትሐ ጽድቅ | ፍትሒ ሓቂ |
| 9. ፍትሕ | ፍትሒ | | 10. ሰማዕተ ሐሰት | ሐሰውቲ ምስክር |
| 11. ዋሕስ | ዋሕስ | | 12. ናስታ | ግብሪ፥ ይግባይ፥ ቀረጽ |
| 13. ቃውም | ጠበቓ | | 14. ሕልያን | ጉቦ፥ ብላዕ፥ ደርሆ |
| 15. ኖብያት | ታሪኽ ነገሥት | | 15. አስትዓ | ግብሪ፥ ቀረጽ |

## ኀ. አብያተ ትምህርት ወዘቦሙ

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| 1. ርእሰ መምህር | ሓላፊ መምህራን | 6. አፈ መምህር | ምኽትል መምምህር |
| 2. መምህር | መምህር | 7. ቤተ አርድእት | እንዳ ተማሃሮ |
| 3. መምህርት | አስተምሃሪት | 8. ምርፋቀ አርድእት | መመገቢ ተማሃሮ |
| 4. መርድእ | ተማሃሪ | 9. ግብረ አርድእት | ተግባር ተማሃሮ |
| 5. ሊቀ አርድእት | ሓላፊ ተማሃሮ | | |

## ነ. ንዋያተ ምህሮ

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| 1. ለውህ | ብራና፥ ወረቐት | 2. መዝገብ | መዝገብ |
| 3. ክርታስ | ወረቐት (ጥራዝ) | 4. መዝገበ ቃላት | መኣከቢ ቃላት |
| 5. ጥራዝ | ጥራዝ/ ፍልዮ | 6. መዝሙር | መዝሙር |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 7. ሰሌዳ | ብራና (ወረቐት) | 8. ምህሮ | ትምህርቲ |
| 9. ረቅ | ወረቐት (ብራና) | 10. ክፍለ ትምህርት | ሰዓት ምህሮ (ፔረድ) |
| 11. ብርዕ | ብርዒ (ፒሮ) | 12. ዕረፍት | ዕረፊቲ |
| 13. ቀለም | ቀለም | 14. ልፋፍ | መጽሓፍ |
| 15. ማኀደር | ማኀደር፣ ሳንጣ፣ (ቦርሳ) | 16. ጦማር | መልእኽቲ (ደብዳቤ) |
| 17. መግዌ | ጥራዝ | 18. ቃለ ዐዋዲ | ቃጭል |
| **19.** መጽሐፍ | መጽሓፍ | 20. ሆሂያት፣ ሆሄ | ፊደላት፣ ሓደ ፊደል |

## ኣ. ንዋያተ መርዓ ወሕጼ

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| 1. ፍኅረት፣ ሕጼ | ሕጸ | 2. ብእሲ | ሰብኣይ |
| 3. መርዓ | መርዓ | 4. ሐሙ | ሓሙ |
| 5. መርዓዊ | መርዓዊ | 6. ሐማት | ሓማት |
| 7. መርዓት | መርዓት | 8. ዓርክ | ዓርኪ |
| **9.** ድርማንቅ | ስረ ውሽጢ | 10. አዕርክት | መሓዙት (ኣዕሩኽ) |
| 11. ፈኀሪ | ሓጻዪ | 12. ፍኅርት | ሕጽይቲ |
| 13. ፍኁር | ሕጹይ | 14. ልብሰ መርዓት | ክዳን መርዓት |
| 15. ወለት | ጓል | 16. ልብሰ መርዓዊ | ክዳን መርዓዊ |
| 17. ብእሲት | ሰበይቲ | **18.** ኅልቀት | ቀለቤት፣ ስልማት |
| **19.** ንዑልት | ንዕልቲ | **19.** ባዝግና | በናጅር |

## ከ. ሰብአ ቤት (ኣብ ቤት ዝርከቡ)

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| 1. እግዚአ ቤት | ሓላፊ ቤት | 8. ዕጓለ ማውታ | ዘኽታም |
| 2. አበ ቤት | አቦ ቤት | 9. ዕቤር | ሰበይቲ ዘይብሉ ሰብአይ |
| 3. እግዝእት | እመቤት | 10. ዕቤርት | ሰበኣይ ዘይብላ ሰበይቲ |
| 4. አመት | ከዳሚት፣ ኣገልጋሊት | 11. ዓሳብ | ዓሰባ፣ ጓሳ፣ በዓል ዓስቢ |
| 5. አእማት | ከደምቲ፣ ኣገልገልቲ | 12. ከልብ | ከልቢ |
| 6. ገብር | አገልጋሊ (ባርያ) | 13. ልደ ቤት | ኣብ ቤት (ተወሊዱ ዝዓበየ) |
| 7. አግብርት | ሠራሕተኛታት/ሸቃሎ | **14.** ብርኒ | ድሙ |

## ወ. እንስሳ ቤት

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| 1. ላሕም | ብዕራይ፣ ላሕሚ | 9. ማሕስእ | መሓሰእ |
| 2. በግዕ | በጊዕ | 10. አኅፍርት | ጨቓዊት |
| 3. ሐርጌ | ኣርሒ፣ ድዑል፣ ድቤላ | 11. መሐስአ ጠሊ | መሓስእ (ጓል ጤል) |
| 4. ጠሊ | ጤል | 12. መሐስአ በግዕ | ዕየት (ጓል በጊዕ) |
| 5. ዶርሆ | ደርሆ | 13. በሐኰ | ድዑል/ድቤላ ጤል |
| 6. ጣዕዋ | ጣዕዋ | 14. አብሐኰ | ደዓውል/ድቤላታት |
| 7. ተይፈን | ዝራብዕ | 15. ህለሌ | ህላላ ፣ ኣርሓ |
| 8. አድግ | ኣድጊ | **16.** ፈረስ | ፈረስ |

## ዐ. እንስሳ ገዳም ወባሕር

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| **1.** አንበሳ | ኣምበሳ (ኣንበሳ) | **24.** ወግሪጳ | ሽላ |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 2. ተኮላ | ተኹላ | 25. አልያጦን | ሽላ |
| 3. ሐራድል | ዝብኢ | 26. ጊጳ | ገዚፍ ኣሞራ |
| 4. ዳ ጼዳ | ማንቲለ | 27. ገላውቃ | ሊሎ |
| 5. ሐራውያ | ሓሰማ/መፍለስ | 28. ቋዕ | ኺኽ |
| 6. ቀኍንጽል | ወኻርያ፡ ሄሮድስ | 29. ጉዛ | ዓይነት ዑፍ |
| 7. ወይጠል | ጤለ-በዱ | 30. ቅጥራቅጥሬን | ጭሩ ወገሬ |
| 8. አድገ መረብ | ኣድጊ በረኻ | 31. ኢብን | ዑፍ መስቀል |
| 9. ጉጓ | ቁንጪ፡ ጉንጓ፡ መንካዕ | 32. አሮድዮን | ዑፍ ያሬድ |
| 10. ሐርገጽ | ሓርገጽ | 33. ከራድዮን | ራዛ |
| 11. ነጌ፡ ሓርማዝ | ሓርማዝ | 34. ጽግነት | መንካዕ |
| 12. ተመን | ተመን | 35. አንበጣ | ኣምበጣ (ኣንበጣ) |
| 13. አርዌ | ኣርዌ | 36. ደጎብያ | ጐደበ |
| 14. ላጽቂት | ጠበቕ፡ ምንጭልቍት፡ ሓማት ተመን | 37. አፍዮማክን | መራሕ ማይ (ፈልፈል) |
| 15. አንጼዋ፡ ጽርኒ | ኣንጭዋ | 38. ጽቀኍንቀኍን | መራሕ ማይ፡ ምጹጽላይ |
| 16. ብርኒ፡ ሄሴሜት | ድሙ | 39. ሐንደን | ሕንጅጅ |
| 17. አንጎግ | ዓንጎግ | 40. ሰጸላክሰስ | ነፋሒቶ |
| 18. ቌርነናዕ | እንቌርያብ | 41. ሰገኖ | ሰገን |
| 19. ሐሰክ | ሓሸኻ | 42. ግሔ | ግሔ |
| 20. አናብርት፡ ነብር | ዓሣ ነባሪታት/ሓረግጽ፡ ዓሣ ነባሪ | 43. ኪሮግልዮስ | ሓሰማ |
| 21. ዓሣ | ዓሣ | 44. ሐለስትዮ | ወዓግ |
| 22. አንበሪ | ዓሣ ነባሪ | 45. ሐለስዮታት | ወዓጋት |
| 23. ሆባይ | ህበይ | 46. ሌዋታን | ገበል |
| | | 47. ነምር | ነብሪ በረኻ |

## ዘ. አስማተ አሕማል ዘገዳም

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| ፩. አዘብ | ጨና ኣዳም | ፱. ቀኍስጥ | ቀኍስጣ |
| ፪. ሲላን | ሽላን | ፲. ቱማ | ፃዕዳ ሽጉርቲ |
| ፫. ከሙን | ኣብዓከ | ፲፩. ሰጕርንድ | ሽጉርቲ |
| ፬. ተቅዳ | ጻቕዳ | ፲፪. ቱፋ | ባናና |
| ፭. ሰናፔ | ኣድሪ | ፲፫. ሣዕር | ሳዕሪ |
| ፮. አጌ | ጡጥ | ፲፬. ሐሠር | ሓሰር |
| ፯. ተልቤ፡ ተላቤ | እንጣጢዕ | ፲፭. ቄጽል | ቄጽሊ |
| ፰. ሐምል | ሓምሊ | | |

## የ. አስማተ ዕፀዋተ ገዳም

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| ፩. አውልዕ | ኣውሊዕ | ፱. አሜከላ | እሾኽ መርገም |
| ፪. ሰግላ | ሳግላ | ፲. በትረ ሙሴ | መሶቛ |
| ፫. ዳዕሮ | ዳዕሮ | ፲፩. ከርካዕ | ለሚን |
| ፬. ቄድሮስ | ኣውሒ | ፲፪. ኮል | ምልዖ |
| ፭. ጽሕድ | ጽሕዲ | ፲፫. መረንዝ | መብጥዕ |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ፮. ጳጦስ | ኪሌው | ፲፬. እጕስታር | ዕረ |
| ፯. ከርሜል | ጥፍረርያ | ፲፭. ባሕረስ | ሻምብቆ |
| ፰. ዳንደር | ዳንዴር | ፲፮. መጽርይ | ቆሎ ዳም |

## ደ. መልክዐተ ሕብርታት

| ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|
| ፩. ሕብር | ሕብሪ | ፱. ሐመልሚል | ሓምላይ፣ ቈጽላይ |
| ፪. ፀዓዳ | ፃዕዳ | ፲. ፀዓድዒድ | ሕብራዊ |
| ፫. ቀይሕ | ቀይሕ | ፲፩. ሕብረ ሰማይ | ሰመያዊ |
| ፬. ጸሊም | ጸሊም | ፲፪. ሕብረ መጽርይ | ሰመያዊ |
| ፭. ኰሰኰስ | ሓምራይ (ዝንጉርጉር) | ፲፫. ሕብረ ማኅው | መስትያት ዚመስል |
| ፮. በራሕራሕ | በራውር | ፲፬. ሕብረ ሐመድ | ሓሙኹሽታይ |
| ፯. ሕብረ ለምጽ | ፃዕዳ | ፲፭. ሕብረ ደርከኖ | ሰማያዊ/ እድያት |
| ፰. ሕብረ ከብድ | ከብዲ ኣድጊ (ዘፀአ. 35፥25 ዘኁል. 4፥7) | ፲፮. ሐመራዊ | ሐመር |

## ገ. ሕብረ አዕናቍ

| ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|
| ፩. ዕንቈ ሰንፔር | እሳታዊ (ነበልባላዊ) ሕብሪ ዘለዎ ቀይሕ (ሕዝ. ፩፥፳፮) |
| ፪. ዕንቈ ሰርድዮን | ቀይሕ (ፍሕሶ ዚመስል) ሕብሪ ዘለዎ (ዘፀአ. ፳፭፥፯) |
| ፫. ዕንቈ ሰርዶንክስ | ፃዕዳ ዚበዝኖ ቀይሕ ሕብሪ ዘለዎ (ራዕ. ፳፩፥፳) |
| ፬. ዕንቈ መረግድ | ፃዕዳን ቀይሕን ሓምላይ ማእከላይ ሕብሪ ዘለዎ (ራዕ. ፬፥፫ ዘፀአ. ፳፰፥፱) |
| ፭. ዕንቈ ተርሴስ | ፃዕዳ ውጹእ (በረድ ዚመስል) ሕብሪ ዘለዎ (ዳን. ፰፥፮ ሕዝ. ፩፥፲፮) |
| ፮. ዕንቈ አሜቴስጦስ | ናይ ትሽዓቲኡ ኣዕናቑ ኣካቢ - ቈጽላይ (ሓምላይ) ሕዝ. ፳፰፥፲፫ |
| ፯. ዕንቈ ያክንት | ሰማያዊ (ሊን ዚመስል) ሕብሪ ዘለዎ (ራዕ. ፳፩፥፳ ሕዝ. ፳፰፥፲፫ |
| ፰. ዕንቈ ያሰጲድ | መስትያት ዚመስል (ማያዊ) ሕብሪ ዘለዎ (ሕዝ. ፳፰፥፲፫) |
| ፱. ዕንቈ ጳዝዮን | ብጫ ሕብሪ ዘለዎ (ዘፀአ. ፳፰፥፲፯ ሕዝ. ፳፰፥፲፫ ራዕ. ፳፩፥፩) |

## ደ. አስማተ ገጸ መጽሐፍ ዘብራና ወዘጥራዝ ወወረቀት

<u>ኅላፍ</u>፥ ዝብሃል ነቲ መጽሓፍ ንኸተንብቦ ምስ ኃዝካዮ ኣብ ጸጋምካ ዘሎ ዘይተጻሕፈ ዓምድ እዩ።

<u>ግልየት</u>፥ ዝብሃል ኣብቲ ናታ ኣንጻር ብየማናይ ኢድካ እትኅዛ ዘይተጻሕፈትላ ዘላ ዓምድ እያ።

<u>ምስማክ</u>፥ ዝብሃል ኣብ መንጎ ክልተ ገጻት ዘሎ ሩባ ዝመስል እዩ።

<u>ሢራክ</u>፥ ዚብሃል ኣብ መንጎ ሕንጻጽን ሕንጻጽን ዘሎ መስመር፣ ቀለም ዚዓርፎ እዩ።

<u>ሞኅት</u>፥ ዚብሃል መንጎ ፊደልን ፊደልን ዘሎ ተረፍ ቦታ እዩ።

<u>ከርሥ (ሕፅን)</u>፥ ዝብሃል ኣብ ውሽጢ እቲ ፊደል ዘሎ ከፋት ቦታ እዩ።

<u>ቅጽዕ</u>፥ ዝብሃል ክልተ ቈጽሊ ወረቐት ኮይኑ ኪጸሓፍ ከሎ እዩ።

<u>ሐወልት</u>፥ ዝብሃል ኣብ መንጎ ክልተ ዓምድ ዘላ ካብ ታሕቲ ክሳብ ላዕሊ ዘላ ዘይተጻሕፈት መፈላለዪ ክልተ አዕማድ እያ።

<u>ነቍጥ (ነኵጥ)</u>፥ ዝብሃል ነጥቢ መፍለዪ እዩ።

## ገ. መአዝናተ ዓለም ዓቢያን ወንኡሳን




**<u>ንኡሳን መአዝናተ ዓለም</u>**

<u>ሊባ</u>፥ ደቡባዊ ምብራቕ
<u>አዜብ</u>፥ ደቡባዊ ምዕራብ
<u>ባሕር</u>፥ ሰሜናዊ ምዕራብ
<u>መስዕ</u>፥ ሰሜናዊ ምብራቕ

## ገ. አርባቱ ክፍላተ ዓመት (ኣርባዕተ ወቕቲ ዓመት)

፩. ጽድያ፥ ካብ ፳፮ (26) መጋቢት ክሳዕ ፳፭ (25) ሰኔ ዘሎ ክፍለ ጊዜ እዩ።
፪. ክረምት፥ ካብ ፳፮ (26) ሰኔ ክሳዕ ፳፭ (25) መስከረም ዘሎ ክፍለ ጊዜ እዩ።
፫. መጸው፥ ካብ ፳፮ (26) መስከረም ክሳዕ ፳፭ (25) ታኅሣሥ ዘሎ ክፍለ ጊዜ እዩ።
፬. ሐጋይ፥ ካብ ፳፮ (26) ታኅሣሥ ክሳዕ ፳፭ (25) መጋቢት ዘሎ ክፍለ ጊዜ እዩ።

# ምዕራፍ ፪
# ግእዝ ወሥርዓተ ንባቡ
# (ግእዝን ሥርዓት ኣናብባኡን)

## ፪.፩ ግእዝ እንታይ ማለት እዩ፧

ግእዝ ማለት ቀዳማይ፡ ሓደ ማለት እዩ። ግእዝ ስም ፊደል፡ ስም ሃገር ኮይኑ ነባር ግሥ እዩ። ግእዝ ፊደሉ ኪጸሓፍ ከሎ ብአሌፍ "አ" ደኣ እምበር፡ ብዓይን "ዐ" ኣይጸሓፍን እዩ። ብዓይኑ "ዐ" እንድኻር ተጻሒፉ ትርጉሙ ይቕይር እዩ። ማለት

፩ᵉ ***ገአዘ*** ክትርጐም ከሎ ተኸራኸረ፡ ተጻልአ እዩ ዚኸውን።

፪ᵉ ***ገዐዘ*** ክትርጐም ከሎ ተጓዕዘ፡ ከደ ማለት እዩ። (ኦሪት ዘኍልቍ)

እዚ "ግእዝ" ዝብል ግና ቋንቋ፡ ስም ሃገር እምበር ካልእ ኣይኮነን። ግእዝ ማለት ሓደ ከም ምዃኑ መጠን ፊደል ግእዝ ብመጀመርታ ትምህርቲ ኪወሃብ ከሎ "ሀ" ግእዝ፡ "ሁ" ካዕብ፡ "ሂ" ሣልስ፡ "ሃ" ራብዕ፡ "ሄ" ኃምስ፡ "ህ" ሳድስ፡ "ሆ" ሳብዕ ተባሂሉ ይንገር። እዚ ከኣ ቀዳማይ፡ ካልኣይ፡ ሣልሳይ፡ ራብዓይ፡ ኃሙሻይ፡ ሻዱሻይ፡ ሻብዓይ ማለት ደኣ እምበር ካልእ ኣይኮነን።

<u>ንምሳሌ</u>፡- ዘሐወለተ፡ ዘአገበረ፡ አገዘ፡ ለአበወሀ፡ ወሰሀበ፡ መሐዘተ፡ አወዐ ለነ፡ ፀበለነ፡ ወሐለፈነ፡ ወመጸ፡ ነገሠ፡ ወፈነወ፡ የነገሡነ፡ አነዘ፡ ሀለከ፡ በአከሰመ፡ ዘከመ፡ ገአዘ፡ አበወሀ፡ ወፀአየ፡ ዘአደወየ፡ ወወከሐ፡ ዘመጸአ፡ አመ፡ ቀደመ፡ የተከዐወ፡ ደመ፡ ቀነየከ፡ አከሰመ፡ ወፈነወከወ፡ የነጸረ፡ አከሰመ፡ በሐረ፡ መነገሠተየ

| <u>ጸጋማይ ጽሕፈት</u> | <u>የማናይ ጽሕፈት ዝነበረን ዘሎን</u> |
|---|---|
| - መሐጸበወ | - ወበጺሆሙ |
| - መረሐበ | - ብሔሮሙ |
| - መሰለፈአ | - አፍለሶሙ |
| - መሀሰሰነአ | - እንስሳሆሙ |
| - ረበከየ | - ይክበር ማለት እዩ ኢሎም ቃል ብቓል ተርጐምዎ። |

ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጽሑፋት ኣብ ከስከሰ፡ ታሕታይ ባርካ፡ ስግር መረብ፡ ኣብ የሐ ወዘተ ተረኺቦም እዮም። ነዚ ዝመስል'ውን ብዙኅ ንባብ ኣሎ። መልክዐ ፊደሉ ከም መልክዕ ደቂ ሰብ ብዙኅ ጊዜ በብዘመኑ ተለዊጡ እዩ። ካብቲ ቅድም ብግእዝ ጥራይ ዚንበብ ዝነበረ ማለት ቅድሚ ኣባ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ከምዚ ሕጂ (ሎሚ) ካዕብ፡ ሣልስ፡ ራብዕ፡ ኃምስ፡ ሳድስ፡ ሳብዕ ከምዘይነበሮ ብታሪኽ ይንገር። ካብቲ ቅድሚ ኵሉ ፊደል ብግእዝ ጥራይ ዚንበብ ዝነበረ ደኃር ብሾብዓተ ፊደላት ንኽንበብ ብነጥብታት መናበብቲ (VOWELS) ተገብረሉ። ኣባ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ካብ ጽርኢ (ግሪኽ ወይ ዮናኒ) ናብ ግእዝ ክትርጕም ከሎ *"<u>ወአምጽአ ለነ ሰላማ ጳጳሰ ፊደለ እምሕርክትያኑስ ወሜጠሙ በአሐዱ ልሳን ወእሙንቱ ሰብዓቱ ፊደላት</u>"* ኢሉ ይምስክር። ሾብዓተ ምባሉ ምስቲ ቀዳማይ ግእዝ ሽዱሽተ ደሚሩ ወይ ሓዊሱ እዩ እምበር ካልእ ሾብዓተ ማለቱ ኣይኮነን። እዞም ሾብዓተ ፊደለ ግእዝ ብሾብዓተ ዕለታት፡ ብሾብዓተ መዓርጋተ ቤተ ክርስቲያን፡ ብሾብዓተ ዲያቆናት፡ ብሾብዓተ ሰማያት፡ ብሾብዓተ ሊቃነ መላእክት፡ ብሾብዓተ ባሕርያተ ሰብእ ይምሰሉ።

እዛ ኣፍሪቃዊት ዝኾነት ሃገርና፡ ሀገረ ግእዝ ብዙኃን ቅዱሳን ካብ ስግር ባሕሪ ዝመጽኡ እትቕበል ሃገር እያ። ካብ ውሽጢ ማኅፀና ዝተወልዱውን ብዙኃን ቅዱሳን ኣቦታት በዚ ቋንቋ እዚ ጽሒፎም፡ ደሪሶምን ኣዚሞምን እዮም። <u>ንኣብነት</u>፡- ካባታቶም

*ሓደ ቅዱስ ያሬድ ማኅሌታይ ኪጥቀስ ይከኣል። እዚ ከኣ ንዜማ፡ ቅኔን መጽሓፍን ዘተኃባበረ ቅዱስ ሊቅ መኸርዕን መሐበንን ሀገረ ግእዝ እዩ። ከምኡውን ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ መጽሐፈ ሰዓታት፡ መጽሐፈ ምሥጢር . . . ብቛንቛ ግእዝ ጽሒፎም እዮም።*

ግእዝ ስም ቋንቋ ነባር ኮይኑ ኣዳማዊ ቋንቋ፡ ሓደ ከም ማለት ቀዳማይ (መጀመርታ)፡ ጥንታዊ፡ ኣዳማዊ ልሳን ማለት እዩ ኢልና ኔርና። ካልኦት ቋንቋታት ብዓሌቶም ኪጽውዑ ከለዉ፡ ግእዝ ግና ብርእሱ ቀዳማይ (ቀዳማዊ) ተባሂሉ ተጸውዐ። (ዘፍጥ. ፲፩፥፩-፱)

*ግእዝ መሠረት ምኺኑ ድኅሪ ሚጠተ ባቢሎን እስራኤል መጻሕፍቶም ምስ ጠፍአ፡ ብዘመን ንጉሥ ዘሩባቤል ካብ ኣዙር ዝተባህለ (ኢትዮጵያዊ) ንጉሥ ለሚኑ ወሲዱ ካብ ግእዝ ናብ ዕብራይስጥ ከም ዝተርጐሞ ይንገር "አይዙርሰ ዘነግሠ መንፈቀ ዓመት በሰብዓቱ ምእት ሰብዓ ወክልኤቱ፤" (በ፫፻፸ወ፪ ዓ.ም.) ይብል ታሪኽ ነገሥት።*

ቅድሚ ናብቲ ቀንዲ ቓላት ንባበ ግእዝ ምእታውና ኩሉ ተማሃራይ ንባበ ግእዝ ስለምንታይ ይለዓል፧ ስለምንታይ ይትሕት ከምዘሎ ተረዲኡ ምሥጢሩ'ውን ክርድኦ ኣለዎ። ከምኡ'ውን ንዝቐርበሉ ሕቶ ኪምልስን ብግቡእ ኬንብብን ደኣ ኣለዎ እምበር፡ ብዘፈቀደን ብልማድን ብስዲ ንባብ ወይ ድማ "ይኸውን እዩ" ብምባል ከንብብ ኣይግባእን። ምኽንያቱ እቲ ዚንበብ ቃል እግዚአብሔር ኣምላኽ ኮይኑ፡ ብጽቡቕ እንተተነቢቡ፡ እግዚአብሔር ኣምላኽ ይሕጐሰሉ፤ ብግቡእ እንተዘይተነቢቡ ኸኣ እግዚአብሔር ኣምላኽ ኣይሕጐሰሉን እዩ። ነዚ ምስክር ዚኾነና ካብ ቅዱሳት መጻሕፍት እዚ ዚስዕብ ክጥቀስ ይከኣል።

## *<u>ዘእምድርሳነ ሚካኤል</u>*

*"እስመ ሶበ ይትነበብ ገድል ወድርሳን ይቀውሙ ህየ ቅዱሳን መላእክት ወጻድቃን በዕለተ ተዝካሮሙ ወበዓሎሙ ወኢይሴስሉ እስከ ይትፌጸም።*

*ወሶበ ይትነበብ ገድሎሙ ወድርሳኖሙ እመ ይትገደፍ አሐዱ ቃል እምአንባቢ ይበክዩ ቅዱሳን መላእክት፡ ጻድቃን ወሰማዕት፡ ነቢያት ወሐዋርያት፡ ደናግል ወመነኮሳት ፍጹማን በእንተ ዘተገድፈ አሐዱ ቃል።*

*ወኢትኅድጉ ለጌሠም ሶበ ይነውኅ ምንባብ እስመ ኢይሴስሉ ቅዱሳን እስከ ይትፌጸም ገድሎሙ ወድርሳኖሙ። በከመ ጽሑፍ ውስተ ገድለ አባ ሲኖዳ ዘይብል ዘንተ ወዐይነ ኤርምያስ ነቢይ አንጠብጠበ አንብዐ ላዕለ አሐዱ አንባቢ ሶበ ይትገደፍ አሐዱ እምቃላቲሁ ወእምነገሩ።*

*ወከማሁ ሕዝቅኤልኒ ወሚልክያስ ብዙኀ ቆሙ ሶበ ኖመ አንባቢ። አንትሙኒ አንባብያን አንብቡ በፍርሃት ወበንቁህ ልብ ወለእመ ኢተአምሩ አንብቦ መጻሕፍት ጸውዑ ዘየአምር አንብቦ ወጸልዩ ላዕሌየ ወላዕለ ዘጸሐፎ ወአጽሐፎ ወዘአንበቦ ወዘተርጐሞ ወዘሰምዐ ቃላቲሁ ለዝንቱ መጽሐፍ ኅቡረ ይምሐረነ እግዚአብሔር። በጸሎታ ለእግዝእትነ ማርያም ወላዲተ አምላክ ወበጸሎቱ ለቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ወበስእለቱ ለቅዱስ ገብርኤል ዜናዌ ትፍሥሕት ወኃሤት።"*

*ድርሳነ ቅዱስ ሚካኤል ዘኅዳር ገጽ ፴ - ፴፩ ብማኅበረ ሐዋርያት ፲፱፻፺፪ ዓ.ም.*

<u>ትርጕሙ</u>፥ "ቅዱሳን መላእኽትን ጻድቃንን፡ ኣብ ዕለተ በዓሎምን ተዝካሮምን ገድልን ድርሳንን ኪንበብ ከሎ፡ ኣብቲ ቦታ ይቼሙ፤ ተነቢቡ ክሳዕ ዚውዳእ ከኣ ካብቲ ቦታ ኣይርኅቁን እዮም። ገድሎምን ድርሳኖምን ኪንበብ ከሎ፡ ካብቲ ኣንባቢ ሓንቲ ቃል እንተተገዲፉ፡ ስለ እቲ ዚተገድፈ ቃል ቅዱሳን መላእኽቲ፡ ጻድቃንን ሰማዕታትን፡ ነቢያትን ሓዋርያትን፡ ፍጹማን ዚኾኑ ደናግልን መነኮሳትን ይበኽዩ።

ቅዱሳን ገድሎምን ድርሳኖምን ኪንበብ ከሎ ካብኡ ስለዘይርኀቑ፥ ዋላ ንባብ እንተነውኀ ንጽባሕ ኢልኩም ኣይትግደፉ። እዚ ኸኣ ኣብ ገድሊ ኣባ ሲኖዳ "ካብ ቃላቱ ሓደ ቃል ምስ ተገድፈ፥ ኣብ ልዕሊ ሓደ ኣንባቢ ካብ ዓይኒ ነቢይ ኤርምያስ ነቢይ ንብዓ ት ኣንጠብጠበ" ከም ዝብል ማለት እዩ።

ከምኡውን ሕዝቅኤልን ሚልክያስን ኣንባቢ ምስ ደቀሰ ኣብ ልዕሊኡ ንነዊሕ ጊዜ ቈይሞም እዮም። ንሸፃትኩምውን ኣንቱም ኣንበብቲ ብፍርሃትን ብንቔሕ ልብን ኣንብቡ፤ መጻሕፍቲ ኣንቢብኩም ዘይትኽእሉ እንተቘኡይንኩም ድማ ኣንቢቡ ዝኽእል ፀውዑ ምእንታይ፥ ምእንቲ ዘጽሓፎን ዘጽሓፎን፥ ምእንቲ ዘንበቦን ዝተርጐሞን ምእንቲ እቲ ንቓላት እዚ መጽሓፍ እዚ ዚሰምዐን ብጸሎት እግዝእትነ ማርያም ወላዲት ኣምላኽ፥ ብጸሎት ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤልን ብልማኖ ኣብሣሪ ሓጕስ ቅዱስ ገብርኤልን እግዚኣብሔር ኃሹልና ክምሕረና ጸልዩ።"

ስለዝኾነ ተማሃራይ ብግቡእ ተማሂሩ ብግቡእ ናብ እግዚኣብሔር ብጸሎት ወይ ብውዳሴ መልክዕ ክቐርብ እንተኾይኑ ብግቡእ ኣጽኒዑን ተማሂሩን ኪቐርብ ይግባእ።

## ፪.፪ ሥርዐተ ንባበ ግእዝ

ከምዚ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፥ ግእዝ ዝተወሰነ ሥርዐተ ንባብ ኣለዎ። እዚ ሥርዐተ ንባብ እዚ እንድኀር ተፋሊሱ ድማ እቲ ቋንቋ ላዛ ወይ መዓዛ ኣይህልዎን። ትርጕም ከኣ ይስእን። ስለዚ እዩ ኸኣ ብምድግጋም ተጻሒፉ ቐሪቡ ዘሎ።

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ሀ - ግእዝ | ቀዳማይ ወይ ሓደ | | ኄ - ኃምስ | ኃሙሻይ ወይ መበል ኃሙሽተ |
| ሁ - ካዕብ | ካልኣይ ወይ መበል ክልተ | | ህ - ሳድስ | ሻዱሻይ ወይ መበል ሽዱሽተ |
| ሂ - ሣልስ | ሣልሳይ ወይ መበል ሠለስተ | | ሆ - ሳብዕ | ሻብዓይ ወይ መበል ሾብዓተ |
| ሃ - ራብዕ | ራብዓይ ወይ መበል ኣርባዕተ | | | |

### ፪.፪.፩ ደረጃታት ንባበ ግእዝ

፩. <u>ቍጽር ንባብ</u>፦ ንፊደላት በብሓደ እናቘጸርካ ዚንበብ ናይ መጀመርታ ደረጃ ንባብ እዩ።
፪. <u>ግእዝ ንባብ</u>፦ በብኽልተ ወይ ሰሠለስተ ፊደላት እናገበርካ ዚንበብ ካልኣይ ደረጃ ንባብ እዩ።
፫. <u>ወርድ ንባብ</u>፦ ቀስ እናበልካ ቃላት ነንበይኖም እተንብበሉ ሣልሳይ ደረጃ ንባብ እዩ።
፬. <u>ዓቢይ ንባብ</u>፦ ኣነጺርካ ንሰማዒ ንጹር ብዚኾነ መገዲ እተንብበሉ ደረጃ ንባብ እዩ።
፭. <u>ድጋም ንባብ</u>፦ ናይ ጸሎትን ኣስተንትኖን ንባባት ዚንበቡሉ ቅልጥፍ ዚበለን ንሕሊና ብዚጥዕም ኣገባብን ዚንበቡሉ ዓይነት ንባብ እዩ።

ከምኡውን ፩. <u>ንባበ መጽሐፍ</u>፦ ኣብ መዕረፊ እናዕረፍካ ዚንበብ።
፪. <u>ንባበ መልክዕ</u>፦ ኣብቲ ቤቱ ወይ ግጥሙ እናዕረፍካ ዚንበብ።
፫. <u>ንባበ ዳዊት</u>፦ ኣብ መሥመሩ እናዕረፍካ ዚንበብ።
፬. <u>ንባበ ቅኔ</u>፦ ከም መልክዕ ኣብ ቤቱ እናዕረፍካ ዚንበብ።
፭. <u>ንባበ ጸሎት</u>፦ ተባሂሉ ከከም ሥርዐት ኣናብባኡ ይኽፈል እዩ።

## ፪.፪.፪ ኣብ ንባብ ግእዝ ኪፍለጡ ዘለዎም ነጥብታት

፪.፪.፪.፩ ኣርባዕተ ንባባተ ግእዝ

ሀ. ተነሽ ወይ ተንሣኢ፥ ተለዓሊ ቀለም
ለ. ተጣይ ወይ ተወሓጢ ቀለም
ሐ. ሰያፍ ቀለም
መ. ወዳቂ (ወዳቒ) ቀለም

፪.፪.፪.፪ ዚጠብቕ ቀለም

፪.፪.፪.፫ ዚልሕልሕ ቀለም
፪.፪.፪.፬ ተናባቢ ቀለም
፪.፪.፪.፭ ዚቍጸር ቀለም

## ፪.፪.፪.፩ ኣርባዕተ ንባባተ ግእዝ

ንባባተ ግእዝ ፲ወ፩ መጻሕፍት ኣብ ፬ ይኽፈሉ። ንሳቶም ድማ እዞም ዚስዕቡ እዮም፡-
፩. ተነሽ (ተንሣኢ፡ ተላዓሊ) ፪. ተጣይ (ተወሓጢ) ፫. ሰያፍ ፬. ወዳቂ (ወዳቒ)

## ሀ. ተነሽ (ተንሣኢ፡ ተለዓሊ) ቀለም

ተነሽ (ተንሣኢ/ ተለዓሊ) ቀለም ዚበሃል ኪንበብ ከሎ ተለዓሊ ኮይኑ ብግእዝ ጥራይ ዚውድእ ቀዳማይ ዘሎ ግሥ እዩ። ተነሽ ብጀካ ኃምስን ሳድስን መወዳእታኡ ኣብቶም ኃሙሽተ ንባባት ይርከብ፤ ማለት ግእዝ፡ ካዕብ፡ ሣልስ፡ ራብዕ፡ ሳብዕ ኣብዚኣቶም ብተለዓሊነት ይንበብ። ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዚተቼጥዐ ሰብ ነዲሩ ከም ዚጻረፍ ዘሎ ይመስል፥ ከምቲ ኣብ እዋን ቍጥዓ እተውፅአ ዘረባ ወይ ንባብ እዩ። ንምሳሌ ብትግርኛ ኪኸውን ከሎ ኣብዚ ዚስዕብ ተመልከት፥ በሎ፡ ሕማቕ፡ ንዓ፡ ኪድ፡ ጨምላቕ፡ ሰራቒ፡ ቅተሎ፡ ሓሳዊ፡ ርገጾ፡ መውረዪ፡ መሻረዊ፡ ወዲ ሰበይቲ፡ በላዒ፡ ወዘይመስሎ።

<u>ንምሳሌ</u>፡-

፩. <u>ብግእዝ</u> ኪኸውን ከሎ መስሐ፡ መርሐ፡ ሰብሐ፡ ሠብሐ፡ ሰረቀ፡ ሠረቀ፡ ሠረየ፡ ሰረየ፡ ዐሠረ፡ አሰረ፡ ፈጸመ፡ ፈፀመ፡ አመረ፡ አመረ፡ ሆከ፡ ሖረ፡ ሞተ፡ ሮጸ፡ ኖመ፡ ያደ፡ ሎሀ፡ ሦዐ፡ ሞዐ፡ ቆመ፡ ያረ፡ ጸመ፡ ሎጠ፡ ሦጠ፡ ሮደ፡ ቦአ፡ ያቀ፡ ያረ ወዘይመስሎ።

፪. <u>ብካዕብ</u> መስሑ፡ መርሑ፡ ሰብሑ፡ ሠብሑ፡ ፈጸሙ፡ ፈፀሙ፡ ሰአሉ፡ ሠዐሉ፡ ሰረቁ፡ ሠረቁ፡ ሰረዩ፡ ሠረዩ፡ ሠርሑ፡ አመሩ፡ አመሩ ወዘይመስሎ።

፫. <u>ብሣልስ</u>፡- ምስሒ፡ ምርሒ፡ ሰብሒ፡ ፈጽሚ፡ ሰአሊ፡ ሠዓሊ፡ ሑሪ፡ ብልዒ፡ ስትዪ፡ ቁሚ፡ ንዒ፡ ስምዒ፡ ርእዪ፡ ኣጽምኢ፡ ጽንዒ፡ ጸንዒ ወዘይመስሎ።

፬. <u>ብራብዕ</u>፡- ተሣለማ፡ ተሣአማ፡ ተፋቀራ፡ ተባሃላ፡ ተቀደሳ፡ ተወደሳ፡ ተምህራ፡ ተቀትላ፡ ተካየዳ፡ ተሰነአዋ፡ ተጽሕፋ፡ ተወክፋ፡ ተዘከራ፡ ተሠአላ ወዘይመስሎ።

፭. <u>ብሳብዕ</u> ሀቦ፡ በሎ፡ ሰዐሞ፡ ቅትሎ፡ ውግሮ፡ ሕትሞ፡ ሕትቶ፡ ተዘከሮ፡ ተሣአሎ፡ ተወከፎ ወዘይመስሎ።

ተለዓሊ ካብ ክልተ ንላዕሊ ይጅምር። ብግእዝ፡ ብካዕብ፡ ብሣልስ፡ ብራብዕ፡ ብኃምስ፡ ሳብዕ ይግለጽ። <u>ንኣብነት</u>፡-

1. <u>ብኽልተ</u>፡- ቆመ፡ ሤመ፡ ኖመ፡ ሞተ፡ ዔለ፡ ሜጠ፡ ቤተ፡ ሖረ፡ ሞዐ፡ ጌሠ፡ ዜዐ፡ ሀበ፡ ጽመ ወዘይመስሎ።
2. <u>ብሠለስተ</u>፡- ሠለሰ፡ ቀደሰ፡ ወደሰ፡ ሐረሰ፡ ወረሰ፡ ኀየሰ፡ ገዐተ፡ ሰሐቀ፡ ዐጠቀ፡ ሰጠቀ፡ ዘሰምዐ፡ ባረከ፡ ሣረረ፡ ነደቀ፡ ጠወቀ፡ ሰረቀ፡ ሠረቀ፡ ዐለመ፡ ሰመየ፡ ወለደ፡ አመተ ወዘይመስሎ።
3. <u>ብኣርባዕተ</u>፡- ዘሠቅሠቀ፡ ዘሰብሰበ፡ ሰንኮረሰ፡ ተጋብአ፡ ተጸውዐ፡ ተቀደሰ፡ ተወደሰ፡ ተሞገሰ፡ ተፋሰሰ፡ ተከነሰ ወዘይመስሎ።
4. <u>ብኃሙሽተ</u>፡- ሰካዕለወ፡ ሰከዐለወ፡ ተዋሀውሐ፡ ተማላትሐ፡ አስተጋየደ፡ አስተጋብአ፡ አስተዳለወ፡ ዘነቀልቀለ፡ ዘነበስበሰ፡ ዘነበልበለ ወዘይመስሎ።
5. <u>ብሽዱሽተ</u>፡- ቀበያውበጠ፡ ዘአስተጋየደ፡ ዘአስተጋብአ፡ ዘአስተዳለወ ወዘይመስሎ።
6. <u>ብሾብዓተ</u>፡- ዘቀበያውበጠ፡ ዘአስተጋብኡሙ፡ ዘአስተጋየዱሙ፡ ዘአስተዳለዎሙ ወዘይመስሎ።
7. <u>ብሸሞንተ</u>፡- እንተ ቀበያውበጠ ወዘይመስሎ።

ካብ ዓበይትን ካልኦትን አገባብ ተነሽ ዝኾኑ ንባባት ዘሰ፡ ዝሰ፡ ዝንቱሰ፡ ቀዳሚሰ ዚኣመሰሉ እዮም።

## ለ. <u>ተጣይ ወይ ተወሓጢ</u>

ተጣይ ወይ ተወሓጢ ኣብ ሳድስ ጥራይ ዚርከብ ኮይኑ ከም ስሙ እ‌ታ መወዳእታ ፊደል ሳድስ ጥራይ ኮይና ትድመጽ እምበር ኣይትርገጽን እያ። ማለት ብትንሓግ ንሸኻ ከም እትሰምዓ ሰባት ግና ኣጸቢቐም ዘይሰምዕዋ ዓይነት ጌርካ ምንባብ እዩ። ተጣይ (ተወሓጢ) ካብ ክልተ ፊደል ጀሚሩ ይቕጽል። <u>ንኣብነት</u>፡-

፩. <u>ብኽልተ</u>፥ ዮም፡ ቤት፡ ሞት፡ ኀር፡ ጾም፡ ልብ፡ ያፍ፡ ደም፡ ሮም፡ ካም፡ ስም፡ ሴም፡ አፍ፡ ጠል፡ ጢስ፡ በክ፡ ሥን፡ ስን፡ ያም፡ ሕግ፡ እም፡ አብ፡ ሎጥ፡ ማይ፡ ሦክ፡ ኄር፡ ቃል፡ ዓም፡ ግሥ፡ እድ፡ ዕድ፡ ቆም፡ ገጽ፡ ግብ፡ ነድ፡ ፀር፡ ኀሕ፡ ኖኀ፡ ሕቅ፡ ሶል፡ ስም፡ ወልድ፡ ልድ፡ ሶር፡ ምንት፡ ዕፅ ወዘይመስሎ።

፪. <u>ብሠለስተ</u>፥ ቅዱስ፡ ሰላም፡ ቊመት፡ በረድ፡ ጽልመት፡ ዕለት፡ ሰማዕት፡ ጸላም፡ ብሉይ፡ ቡሩክ፡ ሐዲስ፡ ዓለም፡ ጌሠም፡ ሥሉስ፡ ገነት፡ ብሩር፡ ሰማይ፡ ቀለም፡ ሠናይ፡ መምህር፡ በለስ፡ ደነስ፡ ኮከብ፡ ጸበል፡ ሰገል፡ ሢመት፡ ቀይሕ፡ እራኅ፡ ካህን፡ ዕደው፡ እደው፡ ጳጳስ፡ ድንግል፡ ሥዩም፡ ንጹሕ፡ ግሩም፡ ኅቱም፡ ትንቢት ወዘይመስሎ።

፫. <u>ብኣርባዕተ</u>፥ ትማልም፡ አዕዋም፡ ዲያቆን፡ አዕዋፍ፡ ነቢያት፡ መበለት፡ ብእሲት፡ ዕፀዋት፡ ቅዉማን፡ ቡሩካን፡ ቅዱሳን፡ መምህራን፡ ምእመናን፡ ጸሐፍያን፡ ካህናት፡ ዘድንግል፡ ብእሲት፡ ዘአንስት፡ አእኑስ፡ ዘሰረቅት፡ ዘሠረቅት፡ ሃይማኖት፡ ነቢያት፡ ቀሳውስት፡ ጳጳሳት ወዘይመስሎ።

፬. <u>ብኃሙሽተ</u>፥ ሐዋርያት፡ ዲያቆናት፡ መበስላን፡ መዘክራን፡ ዘሃይማኖት፡ ክርስቲያን፡ ዘነቢያት፡ ሰማዕታት ወዘይመስሎ።

፭. <u>ብሽዱሽተ</u>፥ እግዚአብሔር፡ መድኃኔዓለም፡ ተክለሃይማኖት፡ ዘመሃይምናን ወዘይመስሎ።

፮. <u>ብሾብዓተ</u>፥ ዘእግዚአብሔር፡ ዘመድኃኔዓለም፡ መነኮሳይያት ወዘይመስሎ።

፯. <u>ካብኡ ንላዕሊ</u>፡- ፌላኤሙኤምንም ወዘይመስሎ።

## ሐ. <u>ሰያፍ</u>

ሰያፍ ኪበሃል ከሎ ካብ ሾብዓተ ንባባት ኣብ ሳድስ ጥራይ እዩ ዚርከብ። እዚ ከኣ ካብ ግሥ ዚወፅእ ካልኣይ ኮይኑ፡ ብናይ ሰበይቲ ዓንቀጽ ብምሉኡ ግሥ ሰያፍ እዩ፤ ማለት "ት" እናወሰኸ ሰያፍ ይኸውን። ኣብ ግሥ ንሓንቲ ሰበይቲ ኣብ ቀዳማይ ግሥ (ዐንቀጽ) ዚርከብ ብምሉኡ ግሥ ሰያፍ እዩ። ከምኡውን ኣስማት ከምዚ ድኂሩ ዚቐርብ እዩ።

<u>ንምሳሌ</u>፥ ካብ ዘርእን ግሥን፥ ይኩን፡ ይሙት፡ ይብላዕ፡ ይስተይ፡ ይሑር፡ ይምጻእ፡ ይርሐቅ፤ ብላዕ፡ ስተይ፡ ምጻእ፡ ረሐቅ፡ ቅረብ፡ ሰብሕ፤ ቀተለት፡ ይቅተል፡ ይቅትል፡ ቀደሰት፡ ወደሰት፡ ወለደት፡ ሞተት፡ ቆመት፡ መሀረት፡ ሖረት፡ ሀለወት፡ ወጽአት፡ አንበበት፡ ሖረት፡ ርኅበት፡ ነሥአት፡ ገብረት፡ ተምህረት፡ መርሐት፡ ኀጥአት፡ ፈርሀት፡ ጸሐፈት፡ አንበበት፡ ጸርሐት፡ መጽአት፡ ኀሠሠት፡ ሰትየት፡ ዐርገት፡ ሞዐት፡ ሆከት፡ በልዐት፡ የብሰት፡ ለብሰት፡ ሠምረት፡ ገብአት፡ ነግሠት፡ ፈከረት፡ ፈተለት፡ ፈተወት፡ ፈወሰት፡ ፈጸመት ወዘይመስሎ።

ሰያፍ ኣብ ኣስማት ብሠለስተ መልክዕ እዩ ዚርከብ። ንሱ ድማ ኵሉ ጊዜ ሰያፍ ኪበሃል ከሎ ኣብ ሳድስ ጥራይ ከም ዝርከብ ኣቐዲሙ ተገሊጹ ኣሎ። ኣብ ሳድስ ኪኸውን ከሎ ነታ ሻዱሸይቲ ፊደል ጐረቤታ <u>ራብዕ</u>፡ <u>ኃምስ</u>፡ <u>ሳብዕ</u> ጥራይ ኪኸውን ኣለዎ። ንሱ ድማ ኣብዚ ዝቕጽል ብሠለስቲኡ መልክዕ ተመልከት።

| ኵርናዕክሙ | ኵርናዕኩም | | ኵርናዓቲክሙ | ኵርናዓትኩም/ ኰራንዓትኩም |
| ኵርናዓ | ኵርናዓ | | ኵርናዓቲሃ | ኵርናዓታ/ ኰራንዓታ |
| ኵርናዕኪ | ኵርናዕኪ | | ኵርናዓትኪ | ኵርናዓታትኪ/ ኰራንዓታትኪ |
| ኵርናዖን | ኵርናዐን | | ኵርናዓቲሆን | ኵርናዓታተን/ ኰራንዓታተን |
| ኵርናዕክን | ኵርናዕኽን | | ኵርናዓቲክን | ኵርናዓታትክን/ ኰራንዓታትክን |
| ኵርናዕየ | ኵርናዐይ | | ኵርናዓትየ | ኵርናዓተይ/ ኰራንዓተይ |
| ኵርናዕነ | ኵርናዕና | | ኵርናዓቲነ | ኵርናዓታትና/ ኰራንዓትና |
| ፳፮. ጽፍር | ጽፍሪ | | ጽፈር/ አጽፋር | ኣጽፋር/ ጽፍርታት |
| ጽፍሩ | ጽፍሩ | | ጽፈሪሁ/ አጽፋሪሁ | ኣጽፋሩ/ ጽፍርታቱ |
| ጽፍርከ | ጽፍርኻ | | ጽፈሪከ/ አጽፋሪከ | ኣጽፋርካ/ ጽፍርታትካ |
| ጽፍሮሙ | ጽፍሮም | | ጽፈሪሆሙ/ አጽፋሪሆሙ | ኣጽፋሮም/ ጽፍርታቶም |
| ጽፍርክሙ | ጽፍርኹም | | ጽፈሪክሙ/ አጽፋሪክሙ | ኣጽፋርኩም/ |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| | | | | ጽፍርታትኩም |
| ጽፍራ | ጽፍራ | | ጽፈሪሃ/ አጽፋሪሃ | ኣጽፋራ/ ጽፍርታታ |
| ጽፍርኪ | ጽፍርኺ | | ጽፈርኪ/ አጽፋርኪ | ኣጽፋርኪ/ ጽፍርታትኪ |
| ጽፍሮን | ጽፍረን | | ጽፈሪሆን/ አጽፋሪሆን | ኣጽፋረን/ ጽፍርታተን |
| ጽፍርክን | ጽፍርኽን | | ጽፈሪክን/ አጽፋሪክን | ኣጽፋርክን/ ጽፍርታትክን |
| ጽፍርየ | ጽፍረይ | | ጽፈርየ/ አጽፋርየ | ኣጽፋረይ/ ጽፍርታተይ |
| ጽፍርነ | ጽፍርና | | ጽፈሪነ/ አጽፋሪነ | ኣጽፋርና/ ጽፍርታትና |
| ፷፯. እመት | እመት | | እመታት | እመታት |
| እመቱ | እመቱ | | እመታቲሁ | እመታቱ |
| እመትከ | እመትካ | | እመታትከ | እመታትካ |
| እመቶሙ | እመቶም | | እመታቲሆሙ | እመታቶም |
| እመትክሙ | እመትኩም | | እመታቲክሙ | እመታትኩም |
| እመታ | እመታ | | እመታቲሃ፥ እመታታ | እመታታ |
| እመትኪ | እመትኪ | | እመታትኪ | እመታትኪ |
| እመቶን | እመተን | | እመታቲሆን | እመታተን |
| እመትክን | እመትክን | | እመታትክን | እመታትክን |
| እመትየ | እመተይ | | እመታትየ | እመታተይ |
| እመትነ | እመትና | | እመታቲነ | እመታትና |
| ፷፰. እራኅ | ፃዕዳ ኢድ | | እራኃት | ፃዓዱ ኣእዳው |
| እራኁ | ፃዕዳ ኢዱ | | እራኃቲሁ | ፃዓዱ ኣእዳዉ |
| እራኅከ | ፃዕዳ ኢድካ | | እራኃቲከ | ፃዓዱ ኣእዳውካ |
| እራኆሙ | ፃዕዳ ኢዶም | | እራኃቲሆሙ | ፃዓዱ ኣእዳዎም |
| እራኅክሙ | ፃዕዳ ኢድኩም | | እራኃቲክሙ | ፃዓዱ ኣእዳውኩም |
| እራኃ | ፃዕዳ ኢዳ | | እራኃቲሃ | ፃዓዱ ኣእዳዋ |
| እራኅኪ | ፃዕዳ ኢድኪ | | እራኃትኪ | ፃዓዱ ኣእዳውኪ |
| እራኆን | ፃዕዳ ኢደን | | እራኃቲሆን | ፃዓዱ ኣእዳወን |
| እራኅክን | ፃዕዳ ኢድክን | | እራኃቲክን | ፃዓዱ ኣእዳውክን |
| እራኅየ | ፃዕዳ ኢደይ | | እራኃትየ | ፃዓዱ ኣእዳወይ |
| እራኅነ | ፃዕዳ ኢድና | | እራኃቲነ | ፃዓዱ ኣእዳውና |
| ፷፱. አፅባዕት | ኣፃብዕ | | አፃብዕ | ኣፃብዕቲ |
| አፅባዕቱ | ኣፃብዑ | | አፃብዒሁ | ኣፃብዕቱ |
| አፅባዕቲከ | ኣፃብዕካ | | አፃብዒከ | ኣፃብዕትኻ |
| አፅባዕቲሆሙ | ኣፃብዖም | | አፃብዒሆሙ | ኣፃብዕቶም |
| አፅባዕቲክሙ | ኣፃብዕኹም | | አፃብዒክሙ | ኣፃብዕትኹም |
| አፅባዕታ | ኣፃብዓ | | አፃብዒሃ | ኣፃብዕታ |
| አፅባዕትኪ | ኣፃብዕኺ | | አፃብዕኪ | ኣፃብዕትኪ |
| አፅባዕቲሆን | ኣፃጻብዐን | | አፃብዒሆን | ኣፃብዕተን |
| አፅባዕቲክን | ኣፃብዕኽን | | አፃብዒክን | ኣፃብዕትኽን |
| አፅባዕትየ | ኣፃብዐይ | | አፃብዕየ | ኣፃብዕተይ |
| አፅባዕትነ | ኣፃብዕና | | አፃብዒነ | ኣፃብዕትና |
| ፸. ገቦ | ጐድኒ (ጐኒ) | | ገበዋት | ጐድንታት |
| ገቦሁ | ጐድኑ (ጐኑ) | | ገበዋቲሁ | ጐድንታቱ |
| ገቦከ | ጐድንኻ (ጐንኻ) | | ገበዋቲከ | ጐድንታትካ |
| ገቦሆሙ | ጐድኖም (ጐኖም) | | ገበዋቲሆሙ | ጐድንታቶም |
| ገቦክሙ | ጐድንኹም (ጐንኹም) | | ገበዋቲክሙ | ጐድንታትኩም |
| ገቦሃ | ጐድና (ጐና) | | ገበዋቲሃ | ጐድንታታ |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ገቦኪ | ጐድኘኺ (ጐኘኺ) | | ገበዋትኪ | ጐድንታትኪ |
| ገቦሆን | ጐድነን (ጐነን) | | ገበዋቲሆን | ጐድንታተን |
| ገቦክን | ጐድኘኽን (ጐኘኽን) | | ገበዋቲክን | ጐድንታትክን |
| ገቦየ | ጐድነይ (ጐነይ) | | ገበዋትየ | ጐድንታተይ |
| ገቦነ | ጐድንና (ጐንና) | | ገበዋቲነ | ጐድንታትና |
| ፴፩. ከርሥ | ከብዲ (ከርሥ) | | ከርሣት | ከብድታት (ከርሥታት) |
| ከርሡ | ከብዱ (ከርሡ) | | ከርሣቲሁ | ከብድታቱ |
| ከርሥከ | ከብድኻ (ከርሥኻ) | | ከርሣቲከ | ከብድታትካ |
| ከርሦሙ | ከብዶም (ከርሦም) | | ከርሣቲሆሙ | ከብድታቶም |
| ከርሥክሙ | ከብድኹም (ከርሥኹም) | | ከርሣቲክሙ | ከብድታትኩም |
| ከርሣ | ከብዳ (ከርሣ) | | ከርሣቲሃ | ከብድታታ |
| ከርሥኪ | ከብድኺ (ከርሥኺ) | | ከርሣቲከ | ከብድታትካ |
| ከርሦን | ከብደን (ከርሠን) | | ከርሣቲሆን | ከብድታተን |
| ከርሥክን | ከብድኽን (ከርሥኽን) | | ከርሣቲክን | ከብድታትክን |
| ከርሥየ | ከብደይ (ከርሠይ) | | ከርሣትየ | ከብድታተይ |
| ከርሥነ | ከብድና (ከርሥና) | | ከርሣቲነ | ከብድታትና |
| ፴፪. ልብ | ልቢ | | አልባብ | ልብታት |
| ልቡ | ልቡ | | አልባቢሁ | ልብታቱ |
| ልብከ | ልብኻ | | አልባቢከ | ልብታትካ |
| ልቦሙ | ልቦም | | አልባቢሆሙ | ልብታቶም |
| ልብክሙ | ልብኹም | | አልባቢሃ | ልብታታ |
| ልባ | ልባ | | አልባብከ | ልብታትካ |
| ልብኪ | ልብኪ | | አልባብኪ | ልብታትኪ |
| ልቦን | ልበን | | አልባቢሆን | ልብታተን |
| ልብክን | ልብኽን | | አልባቢክን | ልብታትክን |
| ልብየ | ልበይ | | አልባብየ | ልብታተይ |
| ልብነ | ልብና | | አልባቢነ | ልብታትና |
| ፴፫. ኵሊት | ኵሊት | | ኵልያት | ኰላሊት |
| ኵሊቱ | ኵሊቱ | | ኵልያቲከ | ኰላሊትካ |
| ኵሊትከ | ኵሊትካ | | ኵልያቲሆሙ | ኰላሊቶም |
| ኵሊቶሙ | ኵሊቶም | | ኵልያቲክሙ | ኰላሊትኩም |
| ኵሊትክሙ | ኵሊትኩም | | ኵልያቲሁ | ኰላሊቱ |
| ኵሊታ | ኵሊታ | | ኵልያቲሃ | ኰላሊታ |
| ኵሊትኪ | ኵሊትኪ | | ኵልያትኪ | ኰላሊትኪ |
| ኵሊቶን | ኵሊተን | | ኵልያቲሆን | ኰላሊተን |
| ኵሊትክን | ኵሊትክን | | ኵልያቲክን | ኰላሊትክን |
| ኵሊትየ | ኵሊተይ | | ኵልያትየ | ኰላሊተይ |
| ኵሊትነ | ኵሊትና | | ኵልያቲነ | ኰላሊትና |
| ፴፬. ሕሊና | ሕሊና | | ሕሊናት | ሕሊናታት |
| ሕሊናሁ | ሕሊናኡ | | ሕሊናቲሁ | ሕሊናታቱ |
| ሕሊናከ | ሕሊናኻ | | ሕሊናቲከ | ሕሊናታትካ |
| ሕሊናሆሙ | ሕሊናኦም | | ሕሊናቲሆሙ | ሕሊናታቶም |
| ሕሊናክሙ | ሕሊናኹም | | ሕሊናቲክሙ | ሕሊናታትኩም |
| ሕሊናሃ | ሕሊናኣ | | ሕሊናቲሃ | ሕሊናታታ |
| ሕሊናኪ | ሕሊናኺ | | ሕሊናትኪ | ሕሊናታትኪ |
| ሕሊናሆን | ሕሊናኣን | | ሕሊናቲሆን | ሕሊናታተን |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ሕሊናክን | ሕሊናኽን | | ሕሊናቲክን | ሕሊናታትክን |
| ሕሊናየ | ሕሊናይ | | ሕሊናትየ | ሕሊናታተይ |
| ሕሊናነ | ሕሊናና | | ሕሊናቲነ | ሕሊናታትና |
| ፴፫. ማዕው፣ ማዑት | ኣምዑት | | አማዑቲሁ | ኣማዑቱ |
| ማዕዉ/ ማዑቱ | ኣምዑቱ | | አማዑቱ | ኣማዑቱ |
| ማዕውከ/ ማዑቲከ | ኣምዑትካ | | አማዑቲከ | ኣማዑትካ |
| ማዕዎሙ/ ማዑቶሙ | ኣማዑቶም | | አማዑቶሙ፣ አማዑቲሆሙ | ኣማዑቶም |
| ማዕውክሙ/ ማዕውቲክሙ | ኣማዑትኩም | | አማዑቲክሙ | ኣማዑትኩም |
| ማዕዋ | ኣማዑታ | | አማዑታ፣ አማዑቲሃ | ኣማዑታ |
| ማዕውኪ | ኣማዑትኪ | | አማዑትኪ | ኣማዑይኪ |
| ማዕዎን | ኣማዑተን | | አማዑቶን፣ አማዕቲሆን | ኣማዑተን |
| ማዕውክን | ኣማዑትክን | | አማዑቲክን | ኣማዑትክን |
| ማዕውየ | ኣማዑተይ | | አማዑትየ | ኣማዑተይ |
| ማዕዊነ | ኣማዑትና | | አማዑቲነ | ኣማዑትና |
| ፴፬. ንዋየ ውሥጥ | ናውቲ ከብዲ | | ንዋያተ ውሥጥ | ናውቲ ከብዲ |
| ንዋየ ውሥጡ | ናውቲ ከብዱ | | ንዋያተ ውሥጡ | ናውቲ ከብዱ |
| ንዋየ ውሥጥከ | ናውቲ ከብድኻ | | ንዋያተ ውሥጥከ | ናውቲ ከብድኻ |
| ንዋየ ውሥጦሙ | ናውቲ ከብዶም | | ንዋያተ ውሥጦሙ | ናውቲ ከብዶም |
| ንዋየ ውሥጥክሙ | ናውቲ ከብድኹም | | ንዋያተ ውሥጥክሙ | ናውቲ ከብድኹም |
| ንዋየ ውሥጣ | ናውቲ ከብዳ | | ንዋያተ ውሥጣ | ናውቲ ከብዳ |
| ንዋየ ውሥጥኪ | ናውቲ ከብድኺ | | ንዋያተ ውሥጥኪ | ናውቲ ከብድኺ |
| ንዋየ ውሥጦን | ናውቲ ከብደን | | ንዋያተ ውሥጦን | ናውቲ ከብደን |
| ንዋየ ውሥጥክን | ናውቲ ከብድኽን | | ንዋያተ ውሥጥክን | ናውቲ ከብድኽን |
| ንዋየ ውሥጥየ | ናውቲ ከብደይ | | ንዋያተ ውሥጥየ | ናውቲ ከብደይ |
| ንዋየ ውሥጥነ | ናውቲ ከብድና | | ንዋያተ ውሥጥነ | ናውቲ ከብድና |
| ፴፭. ሕንብርት | ሕንብርቲ | | ሕንብርታት | ሕንብርትታት |
| ሕንብርቱ | ሕንብርቱ | | ሕንብርትታቱ | ሕንብርትታቱ |
| ሕንብርትከ | ሕንብርትኻ | | ሕንብርታትከ | ሕንብርትታትካ |
| ሕንብርቶሙ | ሕንብርቶም | | ሕንብርታቶሙ | ሕንብርትታቶም |
| ሕንብርትክሙ | ሕንብርትኹም | | ሕንብርታትክሙ | ሕንብርታትኩ-ም |
| ሕንብርታ | ሕንብርታ | | ሕንብርታታ | ሕንብርታታ |
| ሕንብርትኪ | ሕንብርትኺ | | ሕንብርታትኪ | ሕንብርትታትኪ |
| ሕንብርቶን | ሕንብርተን | | ሕንብርታቶን | ሕንብርትታተን |
| ሕንብርትክን | ሕንብርትኽን | | ሕንብርታትክን | ሕንብርትታትክን |
| ሕንብርትየ | ሕንብርተይ | | ሕንብርታትየ | ሕንብርትታተይ |
| ሕንብርትነ | ሕንብርትና | | ሕንብርታትነ | ሕንብርትታትና |
| ፴፮. ሐቌ | ሕቌ | | ሐቌያት | ሕቌታት |
| ሐቌሁ | ሕቌኡ | | ሐቌያቲሁ | ሕቌታቱ |
| ሐቌከ | ሕቌኻ | | ሐቌያቲከ | ሕቌታትካ |
| ሐቌሆሙ | ሕቌኦም | | ሐቌያቲሆሙ | ሕቌታቶም |
| ሐቌክሙ | ሕቌኹም | | ሐቌያቲክሙ | ሕቌታትኩም |
| ሐቌሃ | ሕቌኣ | | ሐቌያቲሃ | ሕቌታታ |
| ሐቌኪ | ሕቌኺ | | ሐቌያትኪ | ሕቌታትኪ |
| ሐቌሆን | ሕቌኦን | | ሐቌያቲሆን | ሕቌታተን |
| ሐቌክን | ሕቌኽን | | ሐቌያቲክን | ሕቌታትክን |
| ሐቌየ | ሕቌይ | | ሐቌያትየ | ሕቌታተይ |

| ሐቂኒ | ሕቖና | | ሐቂያትኒ | ሕቖታትና |
|---|---|---|---|---|
| ፴፱. ቍይጽ/ ቍጽ | ሰለፍ | | ቍየጽ/ አቍያጽ | ሰለፋት |
| ቍይጹ/ ቍጹ | ሰለፉ | | ቍየጺሁ/ አቍያጺሁ | ሰለፋቱ |
| ቍይጽከ/ ቍጻ | ሰለፍካ | | ቍየጺከ/ አቍያጺከ | ሰለፋትካ |
| ቍይጾሙ/ ቍጾሙ | ሰለፎም | | ቍየጺሆሙ/ አቍያጺሆሙ | ሰለፋቶም |
| ቍይጽክሙ/ ቍጽክሙ | ሰለፍኩም | | ቍያጺክሙ/ አቍያጺክሙ | ሰለፋትኩም |
| ቍይጻ/ ቍጻ | ሰለፋ | | ቍየጺሃ/ አቍያጺሃ | ሰለፋታ |
| ቍይጽከ/ ቍጽከ | ሰለፍኪ | | ቍየጽኪ/ አቍያጽኪ | ሰለፋትኪ |
| ቍይጾን/ ቍጾን | ሰለፈን | | ቍየጺሆን/ አቍያጺሆን | ሰለፋተን |
| ቍይጽክን/ ቍጽክን | ሰለፍክን | | ቍየጺክን/ አቍያጺክን | ሰለፋትክን |
| ቍይጽየ/ ቍጽየ | ሰለፈይ | | ቍየጽየ/ አቍያጽየ | ሰለፋተይ |
| ቍይጽነ/ ቍጽነ | ሰለፍና | | ቍየጺነ/ አቍያጺነ | ሰለፋትና |
| ፵. ብርክ | ብርኪ | | አብራክ/ ብረክ | ኣብራኽ |
| ብርኩ | ብርኩ | | አብራኩ/ ብረኩ | ኣብራኹ |
| ብርክከ | ብርኽኻ | | አብራክከ/ ብረክከ | ኣብራኽካ |
| ብርኮሙ | ብርኮም | | አብራኮሙ/ ብረኮሙ | ኣብራኾም |
| ብርክክሙ | ብርኽኹም | | አብራክክሙ/ ብረኪክሙ | ኣብራኽኩም |
| ብርካ | ብርካ | | አብራካ/ ብረካ | ኣብራኻ |
| ብርክኪ | ብርኽኺ | | አብራክኪ/ ብረክኪ | ኣብራኽኪ |
| ብርኮን | ብርከን | | አብራኮን/ ብረኮን | ኣብራኾን |
| ብርክክን | ምበንኽኽን | | አብራክክን/ ብረክክን | ኣብራኽክን |
| ብርክየ | ብርከይ | | አብራክየ/ ብረክየ | ኣብራኽይ |
| ብርክነ | ብርክና | | አብራክነ/ ብረክነ | ኣብራኽና |

# ፫.፪.፫ ምልምድ በ፲ቱ መራሕያን (መላመዲ ብ፲ መራሕያን)

| ውእቱ (ንሱ) | | | ይእቲ (ንሳ) | |
|---|---|---|---|---|
| ግእዝ | ትግርኛ | | ግእዝ | ትግርኛ |
| 1. ቀተለ አርዌ | ንሱ አራዊት ቀተለ | | 1. ቀተለት አርዌ | ንሳ አርዌ ቀተለት |
| 2. ቀተለ አራዊተ | ንሱ አራዊት ቀተለ | | 2. ቀተለት አራዊተ | ንሳ አራዊት ቀተለት |
| 3. ቀተሎ ለአርዌ | ነቲ ተመን ቀተሎ | | 3. ቀተለቶ ለአርዌ | ነቲ ተመን ቀተለቶ |
| 4. ቀተሎሙ ለአራዊት | ነቶም አራዊት ቀተሎም | | 4. ቀተለቶሙ ለአራዊት | ነቶም አራዊት ቀተለቶም |
| **አንተ (ንስኻ)** | | | **አንቲ (ንስኺ)** | |
| ግእዝ | ትግርኛ | | ግእዝ | ትግርኛ |
| 1. ቀተልከ አርዌ | ንስኻ ኣርዌ ቀተልካ | | 1. ቀተልኪ አርዌ | ንስኺ ኣርዌ ቀተልኪ |
| 2. ቀተልከ አራዊተ | ኣራዊት ቀተልካ | | 2. ቀተልኪ አራዊተ | ኣራዊት ቀተልኪ |
| 3. ቀተልኮ ለአርዌ | ነቲ ኣርዌ ቀተልካዮ | | 3. ቀተልኪዮ ለአርዌ | ነቲ ኣርዌ ቀተልኪዮ |
| 4. ቀተልኮሙ ለአራዊት | ነቶም ኣራዊት ቀተልካዮም | | 4. ቀተልኪዮሙ ለአራዊት | ነቶም ኣራዊት ቀተልኪዮም |

<u>ነዞም ተሪፎም ዘለዉ መራሕያን (ክንድ ስም) በዚ ዝተመሃርካዮ መሠረት ባዕልኻ ሠሪሕካ ኣርኢ።</u>

ውእቱ ______________________________________

ውእቶሙ ______________________________________

አንቲ ________________________
አንትን ________________________
እሙንቱ/ እልክቱ ________________________
ይእቲ ________________________
እማንቱ/ እላንቱ/ እልኩ ________________________
ውእቶን ________________________
አንተ ________________________
አንትሙ ________________________
አነ ________________________
ንሕነ ________________________

## ነዞም ዚስዕቡ መራሕያን (ክንዲ ስም) ኣዛምድ (ኣሰተጻምር)።

| ሀ | ለ | | ሀ | ለ |
|---|---|---|---|---|
| ፩. ቀተለ | ሀ. ንሕነ | | ፩. ቀደስነ | ሀ. ውእቱ |
| ፪. ቀተለት | ለ. አንተ | | ፪. ቀደስከ | ለ. ይእቲ |
| ፫. ቀተልከ | ሐ. አንትን | | ፫. ቀደስክን | ሐ. አንተ |
| ፬. ቀተልኪ | መ. ይእቲ | | ፬. ቀደሰት | መ. አንቲ |
| ፭. ቀተልኩ | ሠ. እሙንቱ | | ፭. ቀደሱ | ሠ. አነ |
| ፮. ቀተሉ | ረ. አነ | | ፮. ቀደስኩ | ረ. እሙንቱ (ውእቶሙ) |
| ፯. ቀተላ | ሰ. ውእቱ | | ፯. ቀደስክሙ | ሰ. እማንቱ (እላንቱ) |
| ፰. ቀተልክሙ | ሸ. እማንቱ | | ፰. ቀደሰ | ሸ. አንትሙ |
| ፱. ቀተልክን | ቀ. አንቲ | | ፱. ቀደሳ | ቀ. አንትን |
| ፲. ቀተልነ | ሆ. አንትሙ | | ፲. ቀደስኪ | ቐ. ንሕነ |

## ነዞም ዚስዕቡ ሕቶታት ናብ ትግርኛ ተርጕምካ መልስ።

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| አይቴ ሖረ ውእቱ መምህር፧ | | |
| አይቴ ሖረት ይእቲ መምህርት፧ | | |
| አይቴ ሖርከ አንተ መምህር፧ | | |
| አይቴ ሖርኪ አንቲ መምህርት፧ | | |
| አይቴ ሖርኩ አነ መምህር(ት)፧ | | |
| አይቴ ሖሩ ውእቶሙ መምህራን፧ | | |
| አይቴ ሖራ ውእቶን መምህራት፧ | | |
| አይቴ ሖርክሙ አንቱሙ መምህራን፧ | | |
| አይቴ ሖርክን አንትን መምህራት፧ | | |
| አይቴ ሖርነ ንሕነ መምህራን(ት)፧ | | |

## ነዞም ዚስዕቡ ግሥታት ዚሰማማዕ እናመረጽካ ባዶ ቦታ ምላእ

*ኀሠሥነ፣ ኀሠሥክን፣ ኀሠሣ፣ ኀሠሠት፣ ኀሠሥክሙ፣ ኀሠሥከ፣ ኀሠሠ፣ ኀሠሥኩ፣ ኀሠሥኪ፣ ኀሠሡ።*

፩. ምንተ ................. ውእቱ ብእሲ፧
፪. ምንተ ................. ይእቲ ብእሲት፧

፫. ምንተ ................. አንተ ብእሲ፤
፬. ምንተ ................. አንቲ ብእሲት፤
፭. ምንተ ................. አነ ብእሲ፤
፮. ምንተ ................. ውእቶሙ ዕደው፤
፯. ምንተ ................. ውእቶን አንስት፤
፰. ምንተ ................. አንትሙ ዕደው፤
፱. ምንተ ................. አንትን አዋልድ፤
፲. ምንተ ......... ንሕነ አዋልድ (ዕደው)፤

## ነዞም ዚስዕቡ ባዕልኻ ካብ ግእዝ ናብ ትግርኛ ተርጒምካ ምላእ።

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ፩. ደቂቅ ወሕፃናት ያፈቅሩ ተውኔተ። | | |
| ፪. ሖራ አዜብ ወማርታ ኀበ ፈለግ። | | |
| ፫. ያነብቡ መጻሕፍተ ታዴዎስ ወዮሐንስ ወኤልያስ። | | |
| ፬. ኀደገ ዮሴፍ ብሔሮ ወሖረ ኀበ ካልእ ሀገር። | | |
| ፭. ተቀትለ አቤል ወያዕቆብ ከማሁ። | | |
| ፮. አንበበ ጴጥሮስ መጽሐፈ ወተርጐመ። | | |
| ፯. ወመጺኦ ሊቀሙ ተንሥኡ ዕድ ወአንስት። | | |
| ፰. አልቦ ዘየኀዝን ሊተ ወኢአዝማድየ። | | |
| ፱. ወለደት እምየ ዐሥኦተ ወክልኤተ ውሉደ። | | |
| ፲. ውእቱ ተምህረ ቅኔ አንተሰ ተምህርከኑ መጽሐፈ፤ | | |
| ፲፩. ዐሥርቱ ወክልኤቱ ደቂቅ ሀለዉ ምስሌየ። | | |
| ፲፪. ተጋብኡ ዕድ ወአንስት ውስተ ቤተ ጉባኤ። | | |
| ፲፫. ሙሴ ወማርታ ጸሐፋ ሊተ ጦማረ። | | |
| ፲፬. አስቴር ወዮዲት ርእያ ኪያየ። | | |
| ፲፭. አቡየ ይዘርእ ዘርአ እምየሂ ታስተዴሉ ምግበ። | | |
| ፲፮. ጸያሔ ፍኖት ውእቱ ወአቡየሂ መስተገብር ውእቱ። | | |
| ፲፯. ዝንቱ ብእሲ ይሜህር ቅኔ ውእቱኒ ይሜህር ጥበበ እድ። | | |
| ፲፰. ጥዒና ሀለወ በመካነ ሕይወት። | | |

## ፫.፪.፬ መራሕያን አብ ግሥ እናተሰኹዉ ሓሳባት ኪህቡ ከለዉ፦

፩) <u>ውእቱ (ንሱ)</u>
   1. ሖረ ኀበ ቤቱ
   2. ውእቱ ሖረ ኀበ ቤቱ
   3. ሖረ ውእቱ ኀበ ቤቱ

፪) እሙንቱ (ውእቶሙ) (ንሳቶም)
   1. ሖሩ ኀበ ቤቶሙ
   2. ሖሩ እሙንቱ ኀበ ቤቶሙ
   3. እሙንቱ ሖሩ ኀበ ቤቶሙ

፫) ይእቲ (ንሳ)
   1. ሖረት ኀበ ቤታ
   2. ሖረት ይእቲ ኀበ ቤታ
   3. ይእቲ ሖረት ኀበ ቤታ

፬) ውእቶን/ እማንቱ (ንሳተን)
   1. ሖራ ኀበ ቤቶን
   2. ሖራ እማንቱ ኀበ ቤቶን
   3. እማንቱ ሖራ ኀበ ቤቶን

፭) አንተ (ንስኻ)
   1. ሖርከ ኀበ ቤትከ
   2. ሖርከ አንተ ኀበ ቤትከ
   3. አንተ ሖርከ ኀበ ቤትከ

፮) አንትሙ (ንስኻትኩም)
   1. ሖርክሙ ኀበ ቤትክሙ

2. ሖርክሙ አንትሙ ኀበ ቤትክሙ
3. አንትሙ ሖርክሙ ኀበ ቤትክሙ

## ፯) አንቲ (ንስኺ)

1. ሖርኪ ኀበ ቤትኪ
2. ሖርኪ አንቲ ኀበ ቤትኪ
3. አንቲ ሖርኪ ኀበ ቤትኪ

## ፰) አንትን (ንስኻትክን)

1. ሖርክን ኀበ ቤትክን
2. ሖርክን አንትን ኀበ ቤትክን
3. አንትን ሖርክን ኀበ ቤትክን

## ፱) አነ (ኣነ)

1. ሖርኩ ኀበ ቤትየ
2. ሖርኩ አነ ኀበ ቤትየ
3. አነ ሖርኩ ኀበ ቤትየ

## ፲) ንሕነ (ንሕና)

1. ሖርነ ኀበ ቤትነ
2. ሖርነ ንሕነ ኀበ ቤትነ
3. ንሕነ ሖርነ ኀበ ቤትነ

እዞም ዓሠርተ መራሕቲ ግሥታት እዚኣቶም መራሕቲ ግሥ ዘርዘርቲ ረባሕታ እዮም። ካብ “ሀ” ክሳዕ “ፐ” ዘለዉ ግሥታት ኣርእስቲ ሠራዊት በብወገኖም ኲሎም ከከም ጠባዮም በዞም ዝተጠቕሱ ዓሠርተ መራሕያን (ክንዲ ስም)። ኣብ ኀሉፍ፣ ኣብ ትንቢት፣ ኣብ ኲነት፣ ኣብ ትእዛዝ በበርባዕተ መደብ ይረብሑን ይዝርዝሩን። ናይ ኲሉ ኣካይዳን፣ ረባሕታታትን ናይ ኣእመረ ምሉእ ረባሕታትትን ኣካይዳን ርኢኻ ኘኹሉ በዚ ኣስተውዕል። መራሕያን ዓሠርቲኦም ካብ ዓቢይ ዓንቀጽ ኣይኃልፉን እዮም። እቲ ሓደ ካብኣቶም ተፈልዩ ኣብ ዓቢይ ዓንቀጽ፣ ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ፣ ኣብ ደቂቅ ዓንቀጽ፣ ይረብሕ እዩ። ንሱ ድማ ኀሉፍ እዩ። ኀሉፍ ናይ ኲሉ ግሢ ቀንዲ መደብ ናይ አርእስቲ ናይ ሠራዊት ናይ ዝርው፣ ናይ መራሕያን መበገሲ እዩ። ኲሉ ምሉእ ረባሕታታት ብኀሉፍ እዩ ዝጅምር። ንእኡ ክፉት ማዕፆ ገይሩ፣ ኣብ ዓቢይ ዓ ንቀጽ፣ ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ፣ ኣብ ደቂቅ ዐንቀጽ ይበጽሕ። ብዘይካኡ ግና ኣብ ዓቢይ ኣንቀጽ ጥራይ ደኣ እምበር፣ ኣብ ንኡስ ዐንቀጽን፣ ኣብ ደቂቅ ዓንቀጽን ኣይርከብን እዩ።

# ፫.፪.፭ መራሕያን ምስ ዓቢይ ዓንቀጽን ንኡስ ዓንቀጽን ኪኾኑ ከለዉ፥

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ፩. ውእቱ | | | ፪. ውእቶሙ | |
| ግእዝ | ትግርኛ | | ግእዝ | ትግርኛ |
| 1. ቀተለ | ቐተለ | | 1. ቀተሉ | ቐተሉ |
| 2. ይቀትል | ይቐትል | | 2. ይቀትሉ | ይቐትሉ |
| 3. ይቅትል | ኪቐትል | | 3. ይቅትሉ | ኪቐትሉ |
| 4. ይቅትል | ይ`ቕተል | | 4. ይቅትሉ | ይ`ቕተሉ |
| ፫. ይእቲ | | | ፬. ውእቶን | |
| ግእዝ | ትግርኛ | | ግእዝ | ትግርኛ |
| 1. ቀተለት | ቀተለት | | 1. ቀተላ | ቐተላ |
| 2. ትቀትል | ትቐትል | | 2. ይቀትላ | ይቐትላ |
| 3. ትቅትል | ክትቐትል | | 3. ይቅትላ | ኪቐትላ |
| 4. ትቅትል | ት`ቕተል | | 4. ይቅትላ | ይ`ቕተላ |
| ፭. አንተ | | | ፮. አንትሙ | |
| ግእዝ | ትግርኛ | | ግእዝ | ትግርኛ |
| 1. ቀተልከ | ቀቲልካ | | 1. ቀተልክሙ | ቀተልኩም |
| 2. ትቀትል | ትቐትል | | 2. ትቀትሉ | ትቐትሉ |
| 3. ትቅትል | ክትቀትል | | 3. ቅትሉ | ክትቐትሉ |
| 4. ቅተል | `ቕተል | | 4. ትቅትሉ | `ቕተሉ |

| ፯. አንቲ | | | ፰. አንትን | |
|---|---|---|---|---|
| ግእዝ | ትግርኛ | | ግእዝ | ትግርኛ |
| 1. ቀተልኪ | ቐቲልኪ | | 1. ቀተልክን | ቐቲልክን |
| 2. ትቀትሊ | ትቐትሊ | | 2. ትቀትላ | ትቐትላ |
| 3. ትቅትሊ | ኪትቐትሊ | | 3. ትቅትላ | ክትቐትላ |
| 4. ቅትሊ | ቕተሊ | | 4. ቅትላ | ቕተላ |
| ፱. አነ | | | ፲. ንሕነ | |
| ግእዝ | ትግርኛ | | ግእዝ | ትግርኛ |
| 1. ቀተልኩ | ቐተልኩ | | 1. ቀተልነ | ቐቲልና |
| 2. እቀትል | እቐትል | | 2. ንቀትል | ንቐትል |
| 3. እቅትል | ክቐትል | | 3. ንቅትል | ክንቐትል |
| 4. እቅትል | እቕተል | | 4. ንቅተል | ንቕተል |

## መልምደ ነገረ ግእዝ

### ነዞም ዚስዕቡ ሕቶታት ባዕልኻ ናብ ትግርኛ ተርጒምካ መልስ።

ሀ. መኑ ቀተለ ውእቱ፧ ____________________

መኑ ይቀትል ውእቱ፧ ____________________

ለ. መኑ ቀተለት ይእቲ፧ ____________________

መኑ ትቀትል ይእቲ፧ ____________________

ሐ. መኑ ቀተልከ አንተ፧ ____________________

መኑ ትቀትል አንተ፧ ____________________

መ. መኑ ቀተልኪ አንቲ፧ ____________________

መኑ ትቀትሊ አንቲ፧ ____________________

ሠ. መኑ ቀተልኩ አነ፧ ____________________

መኑ እቀትል አነ፧ ____________________

ረ. መኑ ቀተሉ እሙንቱ፧ ____________________

መኑ ይቀትሉ እሙንቱ፧ ____________________

ሰ. መኑ ቀተላ እማንቱ፧ ____________________

መኑ ይቀትላ እማንቱ፧ ____________________

ሸ. መኑ ቀተልክሙ አንትሙ፧ ____________________

መኑ ትቀትሉአንትሙ፧ ____________________

ቀ. መኑ ቀተልክን አንትን፧ ____________________

መኑ ትቀትላ አንትን፧ ____________________

በ. መኑ ቀተልነ ንሕነ፧ ____________________

መኑ ንቀትል ንሕነ፧ ____________________

## ፫.፱.፮ ዝርዝሬ ዓቢይ ዓንቀጽ ረባሕታ (ምርባሕ ግሥ)

| | | ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ው | ብቐዳማይ | ቀተሎ | ቐተሎ | ቀተሎሙ | ቐተሎም | ቀተላ | ቐተላ |
| | ብኻልኣይ | ይቀትሎ | ይቐትሎ | ይቀትሎሙ | ይቐትሎም | ይቀትላ | ኪቐትላ |
| | ብሣልሳይ | ይቅትሎ | ኪቐትሎ | ይቅትሎሙ | ኪቐትሎም | ይቅትላ | ኪቐትላ |
| | ብትእዛዝ | ይቅትሎ | ይቕተሎ | ይቅትሎሙ | ይቕተሎም | ይቅትላ | ይቕተላ |

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ብቐዳማይ | ቀተሎን | ቐተለን | ቀተለከ | ቐተለካ | ቀተለክሙ | ቕተለኩም |
| | ብኻልኣይ | ይቀትሎን | ይቐትለን | ይቀትለከ | ይቐትለካ | ይቀትለክሙ | ይቐትለኩም |
| እ | ብሣልሳይ | ይቅትሎን | ይቐትለን | ይቅትልከ | ይቕተልካ | ይቅትልክሙ | ኪቐትለኩም |
| | ብትእዛዝ | ይቅትሎን | ይቕተለን | ይቅትልከ | ኪቐትለካ | ይቅትልክሙ | ይቕተልኩም |
| | ብቐዳማይ | ቀተለክን | ቐተለክን | ቀተለኒ | ቐቲሉኒ | ቀተለነ | ቐተለና |
| | ብኻልኣይ | ይቀትለክን | ይቐትለክን | ይቀትለኒ | ይቐትለኒ | ይቀትለነ | ይቐትለና |
| ቱ | ብሣልሳይ | ይቅትልክን | ኪቐትለክን | ይቅትለኒ | ኪቐትለኒ | ይቅትለነ | ኪቐትለና |
| | ብትእዛዝ | ይቅትልክን | ይቕተልክን | ይቅትለኒ | ይቕተለኒ | ይቅትለነ | ይቕተለና |
| | ብቐዳማይ | ቀተልኪ | ቐተለኪ | | | | |
| | ብኻልኣይ | ይቀትለኪ | የቐትለኪ | | | | |
| | ብሣልሳይ | ይቅትልኪ | ኪቐትለኪ | | | | |
| | ብትእዛዝ | ይቅትልኪ | ይቕተልኪ | | | | |
| | ብቐዳማይ | ቀተልዎ | ቐተልዎ | ቀተልዋ | ቐተልዋ | ቀተሉከ | ቐተሉኻ |
| ው | ብኻልኣይ | ይቀትልዎ | ይቐትልዎ | ይቀትልዋ | ይቐትልዋ | ይቀትሉከ | ይቐትሉኻ |
| | ብሣልሳይ | *ይቅትልዎ* | *ኪቐትልዎ* | ይቅትልዋ | ኪቐትልዋ | *ይቅትሉከ* | *ኪቐትሉኻ* |
| | ብትእዛዝ | ይቅተልዎ | ይቕተልዎ | ይቅትልዋ | ይቕተልዋ | ይቅትሉከ | ይቕተሉኻ |
| | ብቐዳማይ | ቀተሉከ | ቐተሉኻ | ቀተሉኒ | ቐተሉኒ | ቀተልዎሙ | ቐተልዎም |
| እ | ብኻልኣይ | ይቀትሉከ | ይቐትሉኻ | ይቀትሉኒ | ይቐትሉኒ | ይቀትልዎሙ | ይቐትልዎም |
| | ብሣልሳይ | ይቅትሉከ | ኪቐትሉኻ | ይቅትሉኒ | ኪቐትሉኒ | ይቅትልዎሙ | ኪቐትልዎም |
| | ብትእዛዝ | ይቅትሉከ | ይቕተሉኻ | ይቅትሉኒ | ይቕተሉኒ | ይቅትልዎሙ | ይቕተልዎም |
| ቶ | ብቐዳማይ | ቀተልዎን | ቐተልወን | ቀተሉክሙ | ቐተሉኹም | ቀተሉክን | ቐተሉኽን |
| | ብኻልኣይ | ይቀትልዎን | ይቐትልወን | ይቀትሉክሙ | ይቐትሉኹም | ይቀትሉክን | ይቐትሉኽን |
| | ብሣልሳይ | ይቅትልዎን | ኪቐትልወን | ይቅትሉክሙ | ኪቐትሉኹም | ይቅትሉክን | ኬትሉኽን |
| ሙ | ብትእዛዝ | ይቅትልዎን | ይቕተልወን | ይቅትሉክሙ | ይቕተሉኹም | ይቅትሉክን | ይቕተሉኽን |
| | ብቐዳማይ | ቀተሉነ | ቐተሉና | ቀተለታ | ቐተለታ | ቀተለተከ | ቐተለትካ |
| | ብኻልኣይ | ይቀትሉነ | ይቐትሉና | ትቀትላ | ትቐትላ | ትቀትለከ | ትቐትለካ |
| | ብሣልሳይ | ይቅትሉነ | ኪቐትሉና | ትቅትላ | ክትቐትላ | ትቅትልከ | ክትቐትለካ |
| | ብትእዛዝ | ይቅትሉነ | ይቕተሉና | ትቅትላ | ትቕተላ | ትቅትልከ | ትቕተልካ |
| ይ | ብቐዳማይ | ቀተለቶ | ቐተለቶ | ቀተለቶሙ | ቐተለቶም | ቀተለቶን | ቐተለተን |
| | ብኻልኣይ | ትቀትሎ | ትቐትሎ | ትቀትሎሙ | ትቐትሎም | ትቀትሎን | ትቐትለን |
| እ | ብሣልሳይ | ትቅትሎ | ክትቐትሎ | ትቅትሎሙ | ክትቐትሎም | ትቅትሎን | ክትቐትለን |
| | ብትእዛዝ | ትቅትሎ | ትቕተሎ | ትቅትሎሙ | ትቕተሎም | ትቅትሎን | ትቕተለን |
| | ብቐዳማይ | ቀተለተኪ | ቐተለትኪ | ቀተለተክን | ቐተለትክን | ቀተለተኒ | ቐተለትኒ |
| ቲ | ብኻልኣይ | ትቀትለኪ | ትቐትለኪ | ትቀትለክን | ትቐትለክን | ትቀትለኒ | ትቐትለኒ |
| | ብሣልሳይ | ትቅትልኪ | ክትቐትለኪ | ትቅትልክን | ክትቐትለክን | ትቅትለኒ | ክትቐትለኒ |
| | ብትእዛዝ | ትቅትልኪ | ትቕተልኪ | ትቅትልክን | ትቕተልክን | ትቅትለኒ | ትቕተለኒ |
| | ብቐዳማይ | ቀተለተክሙ | ቐተለትኩም | ቀተለታ | ቐተለታ | ቀተለተከ | ቐተለትካ |
| | ብኻልኣይ | ትቀትለክሙ | ትቐትለኩም | ትቀትላ | ትቐትላ | ትቀትለከ | ትቐትለካ |
| | ብሣልሳይ | ትቅትልክሙ | ክትቐትለኩም | ትቅትላ | ክትቐትላ | ትቅትልከ | ክትቐትለካ |
| | ብትእዛዝ | ትቅትልክሙ | ትቕተልኩም | ትቅትላ | ትቕተላ | ትቅትልከ | ትቕተልካ |
| | ብቐዳማይ | ቀተለተነ | ቐቲላትና | | | | |
| | ብኻልኣይ | ትቀትለነ | ትቐትለና | | | | |

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ብሣልሳይ | ትቅትለነ | ክትቐትለና | | | | |
| | ብትእዛዝ | ትቅትለነ | ትቕተለና | | | | |
| | ብቐዳማይ | ቀተላሁ | ቐተላኡ | ቀተላሃ | ቐተላኣ | ቀተላሆን | ቐተላአን |
| ው | ብኻልኣይ | ይቀትላሁ | ይቐትላኡ | ይቀትላሃ | ይቐትላኣ | ይቀትላሆን | ይቐትላአን |
| | ብሣልሳይ | ይቅትላሁ | ኪቐትላኡ | ይቅትላሃ | ኪቐትላኣ | ይቅትላሆን | ክቐትላአን |
| እ | ብትእዛዝ | ይቅትላሁ | ይቕተላኡ | ይቅትላሃ | ይቕተላኣ | ይቅትላሆን | ይቕተላአን |
| | ብቐዳማይ | ቀተላኒ | ቐተላኒ | ቀተላሆሙ | ቐተላኦም | ቀተላኪ | ቐተላኺ |
| | ብኻልኣይ | ይቀትላኒ | ይቐትላኒ | ይቀትላሆሙ | ይቐትላኦም | ይቀትላኪ | ይቐትላኺ |
| ቶ | ብሣልሳይ | ይቅትላኒ | ክቐትላኒ | ይቅትላሆሙ | ክቐትላኦም | ይቅትላኪ | ክቐትላኺ |
| | ብትእዛዝ | ይቅትላኒ | ይቕተላኒ | ይቅትላሆሙ | ይቕተላኦም | ይቅትላኪ | ይቕተላኺ |
| ን | ብቐዳማይ | ቀተላክን | ቐተላኽን | ቀተላከ | ቐተላኻ | ቀተላክሙ | ቐተላኹም |
| | ብኻልኣይ | ይቀትላክን | ይቐትላኽን | ይቀትላከ | ይቐትላኻ | ይቀትላክሙ | ይቐትላኹም |
| (ን | ብሣልሳይ | ይቅትላክን | ክቐትላኽን | ይቅትላከ | ክቐትላኻ | ይቅትላክሙ | ክቐትላኹም |
| ሳ | ብትእዛዝ | ይቅትላክን | ይቕተላኽን | ይቅትላከ | ይቕተላኻ | ይቅትላክሙ | ይቕተላኹም |
| ተ | ብቐዳማይ | ቀተላነ | ቐተላና | | | | |
| ን) | ብኻልኣይ | ይቀትላነ | ክቐትላና | | | | |
| | ብሣልሳይ | ይቅትላነ | ይቐትላና | | | | |
| | ብትእዛዝ | ይቅትላነ | ይቕተላና | | | | |
| አ | ብቐዳማይ | ቀተልኮ | ቐተልካዮ | ቀተልከኒ | ቐተልክኒ | ቀተልካ | ቐተልካያ |
| ን | ብኻልኣይ | ትቀትሎ | ትቐትሎ | ትቀትለኒ | ትቐትለኒ | ትቀትላ | ትቐትላ |
| ተ | ብሣልሳይ | ትቅትሎ | ክትቐትሎ | ትቅትለኒ | ክትቐትለኒ | ትቅትላ | ክትቐትላ |
| | ብትእዛዝ | ቅትሎ | ቕተሎ | ቅትለኒ | ቕተለኒ | ቅትላ | ቕተላ |
| | ብቐዳማይ | ቀተልኮን | ቀተልካየን | ቀተልኮሙ | ቐተልካዮም | ቀተልከነ | ቐተልካና |
| (ን | ብኻልኣይ | ትቀትሎን | ትቐትለን | ትቀትሎሙ | ትቐትሎም | ትቀትለነ | ትቐትለና |
| ስ | ብሣልሳይ | ትቅትሎን | ክትቐትለን | ትቅትሎሙ | ክትቐትሎም | ትቅትለነ | ክትቐትለና |
| ኻ) | ብትእዛዝ | ቅትሎን | ቕተለን | ቅትሎሙ | ቕተሎም | ቅትለነ | ቕተለና |
| አ | ብቐዳማይ | ቀተልክምዎ | ቐተልክምዎ | ቀተልክምዋ | ቐተልክምዋ | ቀተልክሙኒ | ቐተልኩምኒ |
| | ብኻልኣይ | ትቀትልዎ | ትቐትልዎ | ትቀትልዋ | ትቐትልዋ | ትቀትሉኒ | ትቐትሉኒ |
| ን | ብሣልሳይ | ትቅትልዎ | ክትቐትልዎ | ትቅትልዋ | ክትቐትልዋ | ትቅትሉኒ | ክትቐትሉኒ |
| | ብትእዛዝ | ቅትልዎ | ቕተልዎ | ቅትልዋ | ቕተልዋ | ቅትሉኒ | ቕተሉኒ |
| | ብቐዳማይ | ቀተልክምዎሙ | ቐተልኩምዎም | ቀተልክምዎን | ቐተልክምወን | ቀተልክሙነ | ቐተልክሙና |
| ት | ብኻልኣይ | ትቀትልዎሙ | ትቐትልዎም | ትቀትልዎን | ትቐትልወን | ትቀትሉነ | ትቐትሉና |
| | ብሣልሳይ | ትቅትልዎሙ | ክትቐትልዎም | ትቅትልዎን | ክትቐትልወን | ትቅትሉነ | ክትቐትሉና |
| ሙ | ብትእዛዝ | ቅትልዎሙ | ቕተልዎም | ቅትልዎን | ቕተልወን | ቅትሉነ | ቕተሉና |
| አ | ብቐዳማይ | ቀተልኪዮ | ቐቲልክዮ | ቀተልኪያ | ቐተልኪያ | ቀተልኪዮን | ቐተልኪየን |
| ን | ብኻልኣይ | ትቀትሊዮ | ትቐትልዮ | ትቀትሊያ | ትቐትልያ | ትቀትሊዮን | ትቐትሊየን |
| ቲ | ብሣልሳይ | ትቅትሊዮ | ክትቐትሊዮ | ትቅትሊያ | ክትቐትልያ | ትቅትሊዮን | ክትቐትልየ |
| | ብትእዛዝ | ቅትሊዮ | ቕተልዮ | ቅትሊያ | ቕተልያ | ቅትሊዮን | ቕተልየን |
| | ብቐዳማይ | ቀተልኪዮሙ | ቐተልኪዮም | ቀተልክኒ | ቐተልክኒ | ቀተልክነ | ቐተልክና |
| (ን | ብኻልኣይ | ትቀትሊዮሙ | ትቐትልዮም | ትቀትልኒ | ትቐትልኒ | ትቀትልነ | ትቐትልና |
| ስ | ብሣልሳይ | ትቅትሊዮሙ | ክትቐትልዮም | ትቅትልኒ | ክትቐትልኒ | ትቅትልነ | ክትቐትልና |
| ኺ) | ብትእዛዝ | ቅትሊዮሙ | ቕተልዮም | ቅትልኒ | ቕተልኒ | ቅትልነ | ቅተልና |

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ብቐዳማይ | ቀተልክናሁ | ቐተልክናኦ | ቀተልክናሁ | ቐተልክንኦ | ቀተልክናሆን | ቐተልክንአን |
| አ | ብኻልኣይ | ትቀትላሁ | ትቐትላኦ | ትቀትላሆሙ | ትቐትላኦም | ትቀትላሆን | ትቐትላአን |
| ን | ብሣልሳይ | ትቅትላሁ | ክትቐትላኦ | ትቅትላሆሙ | ክትቐትላኦም | ትቅትላሆን | ክትቀትላአን |
| ት | ብትእዛዝ | ቅትላሁ | ቅተላኦ | ቅትላሆሙ | ቅተላኦም | ቅትላሆን | ቕተላአን |
| ን | ብቐዳማይ | ቀተልክናኒ | ቐተልክናኒ | ቀተልክናሃ | ቐተልክንኣ | ቀተልክናነ | ቐተልክናና |
| | ብኻልኣይ | ትቀትላኒ | ትቐትላኒ | ትቀትላሃ | ትቐትላኣ | ትቀትላነ | ትቐትላና |
| | ብሣልሳይ | ትቅትላኒ | ክትቐትላኒ | ትቅትላሃ | ክትቐትላኣ | ትቅትላነ | ክትቐትላና |
| | ብትእዛዝ | ቅትላኒ | ቕተላኒ | ቅትላሃ | ቕተላኣ | ቅትላነ | ቕተላና |
| | ብቐዳማይ | ቀተልክዎ | ቐተልኩዎ | ቀተክዋ | ቐተልክዋ | ቀተልኩከ | ቐተልኩኻ |
| | ብኻልኣይ | እቀትሎ | እቐትሎ | እቀትላ | እቐትላ | እቀትለከ | እቐትለካ |
| አ | ብሣልሳይ | እቅትሎ | ክቐትሎ | እቅትላ | ክቐትላ | እቅትልከ | ክቐትለካ |
| | ብትእዛዝ | እቅትሎ | እቕተሎ | እቅትላ | እቕተላ | እቅትልከ | እቕተልካ |
| | ብቐዳማይ | ቀተልኩኪ | ቀተልኩኺ | ቀተልክዎሙ | ቐተልኩዎም | ቀተልክዎን | ቐተልክወን |
| ነ | ብኻልኣይ | እቀትለኪ | እቐትለኪ | እቀትሎሙ | እቐትሎም | እቀትሎን | እቐትለን |
| | ብሣልሳይ | እቅትልኪ | ክቐትለኪ | እቅትሎሙ | ክቐትሎም | እቅትሎን | ክቐትለን |
| (ኣ | ብትእዛዝ | እቅትልኪ | እቕተልኪ | እቅትሎሙ | እቕተሎም | እቅትሎን | እቕተለን |
| | ብቐዳማይ | ቀተልኩክሙ | ቐተልኩኹም | ቀተልኩክን | ቐተልኩኽን | | |
| ነ) | ብኻልኣይ | እቀትለክሙ | እቐትለኩም | እቀትለክን | እቐትለክን | | |
| | ብሣልሳይ | እቅትልክሙ | ክቐትለኩም | እቅትልክን | ክቐትለክን | | |
| | ብትእዛዝ | እቅትልክሙ | እቕተልኩም | እቅትልክን | እቕተልክን | | |
| ን | ብቐዳማይ | ቀተልናሁ | ቐተልናዮ | ቀተልናሃ | ቐተልናያ | ቀተልናሆሙ | ቐተልናዮም |
| | ብኻልኣይ | ንቀትሎ | ንቐትሎ | ንቀትላ | ንቐትላ | ንቀትሎሙ | ንቐትሎም |
| ሕ | ብሣልሳይ | ንቅትሎ | ክንቐትሎ | ንቅትላ | ክንቐትላ | ንቅትሎሙ | ክንቐትሎም |
| | ብትእዛዝ | ንቅትሎ | ንቕተሎ | ንቅትላ | ንቕተላ | ንቅትሎሙ | ንቕተሎም |
| | ብቐዳማይ | ቀተልናሆን | ቐተልናየን | ቀተልናከ | ቐተልናካ | ቀተልናክሙ | ቐተልናኩም |
| ነ | ብኻልኣይ | ንቀትሎን | ንቐትለን | ንቀትለከ | ንቐትለካ | ንቀትለክሙ | ንቐትለኩም |
| | ብሣልሳይ | ንቅትሎን | ክንቐትለን | ንቅትልከ | ክንቐትለካ | ንቅትልክሙ | ክንቐትለኩም |
| (ን | ብትእዛዝ | ንቅትሎን | ንቕተለን | ንቅትልከ | ንቕተልካ | ንቅትልክሙ | ንቕተልኩም |
| ሕ | ብቐዳማይ | ቀተልናክሙ | ቐተልናኩም | ቀተልናክን | ቐተልናክን | | |
| ና) | ብኻልኣይ | ንቀትለክሙ | ንቐትለኩም | ንቀትለክን | ንቐትለክን | | |
| | ብሣልሳይ | ንቅትልክሙ | ክንቐትለኩም | ንቅትልክን | ክንቐትለክን | | |
| | ብትእዛዝ | ንቅትልክሙ | ንቕተልኩም | ንቅትልክን | ንቕተልክን | | |

ኣብ'ዚ ክንርድኦ ዚግብኣና ብዓሠርተ "መራሕያን/ክንዲ ስም" ምኽንያት ሓደ ግሥ ወይ ዐንቀጽ ክሳዕ ናብ ክንደይ ዚኣክል ከም ዚራብሑን ዚባዝኁን እዩ። ስለዚ ነዞም ዚስዕቡ ብኸምዚ ዝረኣኻዮ መልክዕ ኣርቢሕካ ኣርኢ።

፩) ነበረ

ሀ. ____________ ቀዳማይ

ለ. ____________ ካልኣይ

ሐ. ____________ ሣልሳይ

መ. ____________ ትእዛዝ

፪) ሐተተ

ሀ. ____________ ቀዳማይ

ለ. ____________ ካልኣይ

ሐ. ____________ ሣልሳይ

መ. ____________ ትእዛዝ

፫) መሐለ

ሀ. ____________ ቀዳማይ

ለ. ____________ ካልኣይ

ሐ. ____________ ሣልሳይ

መ. ____________ ትእዛዝ

፬) ሰአለ

ሀ. _______________ ቀዳማይ
ለ. _______________ ካልኣይ
ሐ. ______________ ሣልሳይ
መ. ______________ ትእዛዝ

፮) ወሀበ
ሀ. ________________ ቀዳማይ
ለ. ________________ ካልኣይ
ሐ. ________________ ሣልሳይ
መ. ________________ ትእዛዝ

፯) ወዐለ
ሀ. _______________ ቀዳማይ
ለ. _______________ ካልኣይ
ሐ. ______________ ሣልሳይ
መ. ______________ ትእዛዝ

፰) ነቀወ
ሀ. ________________ ቀዳማይ
ለ. ________________ ካልኣይ
ሐ. _______________ ሣልሳይ
መ. _______________ ትእዛዝ

፱) ወረደ
ሀ. ______________ ቀዳማይ
ለ. ______________ ካልኣይ
ሐ. _____________ ሣልሳይ
መ. _____________ ትእዛዝ

፲) ወደየ
ሀ. ____________________ ቀዳማይ
ለ. ____________________ ካልኣይ
ሐ. ___________________ ሣልሳይ
መ. ___________________ ትእዛዝ

፲፩) ጸገየ
ሀ. __________________ ቀዳማይ
ለ. _______________ ካልኣይ
ሐ. ______________ ሣልሳይ
መ. ______________ ትእዛዝ

፲፪) ሰቀለ
ሀ. ________________ ቀዳማይ
ለ. ________________ ካልኣይ
ሐ. _______________ ሣልሳይ
መ. _______________ ትእዛዝ

# ምዕራፍ ፬(4)
# ቅጽል
# (ADJECTIVE)

**ቅጽል ነቲ በዓል ቤት ዚገልጽ ኮይኑ፤ ብጠባዩ፣ ብመልክዑ፣ ብሥራሑ ይገልጾ።**

## ፬.፩ ክፍልታት ቅጽል

### ፬.፩.፩ ናይ ግእዝ ቅጽል ቅድምን ድኅርን በዓል ቤት ኪኸውን ክሎ፥

**ናይ ግእዝ ቅጽል ቅድሚ በዓል ቤትን ድኅሪ በዓል ቤትን እናተረኸበ ይቕጸል**

**ቅጽል ቅድሚ በዓል ቤት ኪኸውን ክሎ**

1. ቅዱስ ብእሲ
2. ቅሩብ ብእሲ
3. በላዒ አርዌ
4. መዋቲ አካል
5. ጸሊም ፈረስ
6. መፍርሕ አንበሳ

**ቅጽል ድኅሪ በዓል ቤት ኪኸውን ክሎ**

1. ብእሲ ቅዱስ
2. ብእሲ ቅሩብ
3. አርዌ በላዒ
4. አካል መዋቲ
5. ፈረስ ጸሊም
6. አንበሳ መፍርሕ

### ፬.፩.፪ ናይ ግእዝ ቅጽል ተባዕታይን ኣንስታይን፣ ሓደን ብዙኅን ፈልዩ ኪቕጸል ክሎ፥

**ናይ ግእዝ ቅጽል ተባዕታይን አንስታይን ፆታ ሓደን ብዙኅን ፈልዩ ይቕጸል።**

## ፬.፪ ወገናዊ ቅጽል

**ወገናዊ ቅጽል ዚበሃል ወገን ወይ ተዘምዶ ፈልዩ ይቕጸል። ንአብነት፥**

| ንሓደ | ንብዙኃን | ንሓንቲ ሰበይቲ | ንብዙኃት አንስት |
|---|---|---|---|
| 1. ኤርትራዊ | ኤርትራውያን | ኤርትራዊት | ኤርትራውያት |
| 2. አፍራቅያዊ | አፍራቅያውያን | አፍራቅያዊት | አፍራቅያውያት |
| 3. ገሊላዊ | ገሊላውያን | ገሊላዊት | ገሊላውያት |
| 4. ምሥራቃዊ | ምሥራቃውያን | ምሥራቃዊት | ምሥራቃውያት |
| 5. መንፈሳዊ | መንፈሳውያን | መንፈሳዊት | መንፈሳውያት |
| 6. ሥጋዊ | ሥጋውያን | ሥጋዊት | ሥጋውያት |
| 7. ወንጌላዊ | ወንጌላውያን | ወንጌላዊት | ወንጌላውያት |
| 8. ቀዳማዊ | ቀዳማውያን | ቀዳማዊት | ቀዳማውያት |
| 9. ዳግማዊ | ዳግማውያን | ዳግማዊት | ዳግማውያት |
| 10. ክቡር ብእሲ | ክቡራን ዕደው | ክብርት ብእሲት | ክቡራት አንስት |
| 11. ሠናይ ብእሲ | ሠናያን ዕደው | ሠናይት ብእሲት | ሠናያት አንስት |
| 12. ቅዱስ ብእሲ | ቅዱሳን ዕደው | ቅድስት ብእሲት | ቅዱሳት አንስት |
| 13. ጠቢብ ብእሲ | ጠቢባን ዕደው | ጠባብ ብእሲት | ጠባባት አንስት |
| 14. ረዋዒ ፈረስ | ረዋዕያን አፍራስ | ረዋዒት ፈረስ | ረዋዕያት አፍራስ |

**ሓደ ዚነበረ ኪባዛኅ ክሎ:**

**እቶም ዝበዝኁ ፊደላት “አ: ን: ት: ሙ: ይ: ው: እ: ል እዮም።**

| ብሓደ | ብብዙኅ | ብአዝዩ ብዙኅ |
|---|---|---|
| ፩. ደብር | አድባር | አደባራት |
| ፪. ወግር | አውግር | አውግራት |
| ፫. ጠሊ | አጣሊ | አጣሊ |
| ፬. በግዕ | አባግዕ | አባግዕ |

| | | |
|---|---|---|
| ፭. ፈረስ | አፍራስ | አፍራሳት |
| ፮. ፈለግ | አፍላግ | አፍላጋት |
| ፯. ልብስ | አልባስ | አልባሳት |
| ፰. ርእስ | አርእስት | አርእስታት |

## ሣልስ ዚነበረ ኪባዛኅ ክሎ ናብ ሳድስ ቀለም ይቕየር።

<u>ንኣብነት</u> ፥

| ሓደ | ዚውሰኽ | ብዙኅ |
|---|---|---|
| ጸሐፊ | + ያን | ጸሐፍያን |
| ደራሲ | + ያን | ደራስያን |
| ሠዓሊ | + ያን | ሠዓልያን |
| ነባቢ | + ያን | ነባብያን |
| ሰማዒ | + ያን | መራኅያን |
| መራኂ | + ያን | ሰማዕያን |

## ሳድስ ዚነበረ ቅጽል ኪባዛኅ ክሎ ናብ ራብዕ ተቐይሩ ይበዝኅ።

| ሓደ | ብዙኅ | | ሓደ | ብዙኅ |
|---|---|---|---|---|
| ፩. ቅዱስ | ቅዱሳን | | ፬. ሠናይ | ሠናያን |
| ፪. ቡሩክ | ቡሩካን | | ፭. መዘምር | መዘምራን |
| ፫. ብፁዕ | ብፁዓን | | | |
| | | | | |
| ፩. ጸሐፊት | ጸሐፍያት | | ፬. ነባቢት | ነባብያት |
| ፪. ደራሲት | ደራስያት | | ፭. ሰማዒት | ሰማዕያት |
| ፫. ሠዓሊት | ሠዓልያት | | ፮. መራኂት | መራኅያት |
| | | | | |
| ፩. ቅድስት | ቅዱሳት | | ፮. ኄርት | ኄራት |
| ፪. ቡርክት | ቡሩካት | | ፯. ጻድቅት | ጻድቃት |
| ፫. ብፅዕት | ብፁዓት | | ፰. ኀጥእት | ኀጥኣት |
| ፬. ሠናይት | ሠናያት | | ፱. ምእምንት | ምእመናት |
| ፭. መዘምርት | መዘምራት | | ፲. መምህርት | መምህራት |

## ብኣብነት ተሰንዩ ኪቐርብ እንክሎ፥

| ግእዝ | ትግርኛ | | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|---|
| ፩. ትጉህ ብእሲ | ትጉህ ሰብኣይ | | ፯. ጥዑም ኅብስት | ምቁር ኅብስቲ |
| ፪. ብፁዕ ብእሲ | ብፁዕ ሰብኣይ | | ፰. ረቂቅ መንፈስ | ረቂቕ መንፈስ |
| ፫. የዋህ ብእሲ | ለዋህ ሰብኣይ | | ፱. ምዉት ባሕር | ምዉት ባሕሪ |
| ፬. መፈክር ብእሲ | ተርጓሚ ሰብኣይ | | ፲. ቅርብት ሀገር | ቀረባ ሀገር |
| ፭. ረዋጺ ፈረስ | ጋላቢ ፈረስ | | ፲፩. መደንግፅ ሶምሶን | ሶምሶን ኣፍራሂ |
| ፮. ርኁቅ ሰማይ | ርኁቕ ሰማይ | | ፲፪. ጸሊም ደመና | ጸሊም ደመና |

## <u>ነዞም ዚስዕቡ ብንጽል ዘለዉ ናብ ብዙኅ ቀይር</u>

| ንጽል | ብዝኅ | | ንጽል | ብዝኅ |
|---|---|---|---|---|
| ፩. ኣመት | | | ፲. ኤርትራዊ | |
| ፪. ዓመት | | | ፲፩. ባቢሎናዊ | |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ፫. ቈጽል | | | ፲፪. ግብጻዊ | |
| ፬. ወርኃ | | | ፲፫. እስያዊ | |
| ፭. በላዒ | | | ፲፬. አፍራቅያዊት | |
| ፮. ወሃቢ | | | ፲፭. ኤርትራዊት | |
| ፯. መሓሪ | | | ፲፮. ባቢሎናዊት | |
| ፰. ሰኣሊ | | | ፲፯. ግብጻዊት | |
| ፱. አፍሪቃዊ | | | ፲፰. እስያዊት | |

## ፬.፫ ክፍል መድበል ቅጽል

መድበል ብምሉኦም ንሓደን ንብዙኃን ዚኸቱ ነገራት እዮም። ኣስማት ሃገር፣ ከም ሰብእ፣ ሕዝብ፣ ሐራ ዝኣምሰሉ። ንኣብነት፥

| ሀ. መድበል | ለ. አስማተ ሀገር | ሐ. ሓባራዊ ስም | መ. መድበል | |
|---|---|---|---|---|
| ሰማዕት | ግብጽ | ሰብእ | ቀተልት | ነደፍት |
| ጸሐፍት | ጽርዕ | ሕዝብ | ሐለፍት | ጠበብት |
| መሀርት | ቅምር | ሐራ | ወቀርት | ወጸፍት |
| ነገርት | አፍራቅያ | ደቂቅ | ሰቀልት | ወደቅት |

## ካብ መድበል ንሰብኣይን ሰበይትን ንሓደን ብዙኃን ኘኹሉ ዝኸቱ፥

| ንሓደ | ንብዙኅ |
|---|---|
| 1. ሰማዕት መጽአ | ሰማዕት መጽኡ |
| 2. ጊዮርጊስ ሰማዕት | ቂርቆስ ወኢየሉጣ ሰማዕ ት |
| 3. አሐዱ ጸሐፍት | ክልኤቱ ጸሐፍት |
| 4. ጸሐፍት መጽአት | ጸሐፍት መጽኣ |
| 5. ጸሐፍት መጽአ | ጸሐፍት መጽኡ |

| | |
|---|---|
| 6. ጸሐፍት መጻእኩ | ጸሐፍት መጻእክሙ |
| 7. መሀርት መጽአ | መሀርት መጽኡ |
| 8. መሀርት መጽአት | መሀርት መጽኣ |
| 9. ነገርት መጽኣ | ነገርት መጽኡ |
| 10. ነገርት መጽአት | ነገርት መጽኣ |
| ወዘይመስሎ . . . . | |

| ስም ሃገር | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ብሓደ | ብብዙኅ | | ንሓደ | ንብዙኅ |
| 1. መጽአ ግብጽ | መጽኡ ግብጽ | | 1. ሞተ ሰብእ | ሞቱ ሰብእ |
| 2. ጽርዕ ተንሥአ | ተንሥአ ጽርዕ | | 2. መጽአ ሕዝብ | መጽኡ ሕዝብ |
| 3. ተንሥአ ቅምር | ቅምር ተንሥአ | | 3. ወጽአ ሐራ | ወጽኡ ሐራ |
| 4. በዝኀ አፍራቅያ | ብዝኀ አፍራቅያ | | | |

## ዓይነት መድበል ቅጽልን ካልእን

| | |
|---|---|
| 1. ሀለውት | ነበርቲ |
| 2. ሀርበድ | |
| 3. ሀበይት | ተዋሓስቲ |
| 4. ሀከይት | ሀኩያት |
| 5. ሀየይት | ሸለልተኛታት |
| 6. ሀየድ | ዓመጽቲ |
| 7. ሀደምት | ደቀስቲ |
| 8. ሀወክት | ሃወኽቲ |

| | |
|---|---|
| 9. ሀፈውት | ረሃጽቲ |
| 10. ለሀውት | በኸይቲ |
| 11. ለበውት | ለባማት |
| 12. ለሐኩት | ፈጠርቲ |
| 13. ለሐጽት | ለሓጽቲ |
| 14. ለመድ | ለመድቲ |
| 15. ለምጸስት | ሠራሕቲ |
| 16. ለሰንት | ተዛረብቲ |

| | |
|---|---|
| 17. ለቀስት | ኣልቀስቲ |
| 18. ለቀውት | |
| 19. ለቀድ | |
| 20. ለቃሕት | ኣለቃሕቲ |
| 21. ለበውት | ለባማት |
| 22. ለበስት | ለበስቲ |
| 23. ለአክት | ለኣኽቲ |
| 24. ለከውት | |
| 25. ለፈፍት | ጸሓፍቲ |
| 26. ሐለምት | ሓለምቲ |
| 27. ሐለብት | ሓለብቲ |
| 28. ኀለይት | ዘመርቲ |
| 29. ሐመምት | ሓመምቲ |
| 30. ሐመይት | ሓማዮ |
| 31. ሐሣእት | ሓሳእቲ |
| 32. ሐተት | ሓታቶ |
| 33. ሐረስት | ሓረስቶት |
| 34. ሐረድ | ሓራዶ |
| 35. ሐረጽት | ጠሓኖ |
| 36. ሐርተምት | ረኸፍኦም |
| 37. ሐሰውት | ሓሰውቲ |
| 38. ሐበልት | ጠበርቲ |
| 39. ሐበዝት | ሰንካቶ |
| 40. ሐነፅት | ሓናፆ |
| 41. ሐወፅት | በጻሕቲ |
| 42. ሐወርት | ከያዶ |
| 43. ሐዘልት | ሓዘልቲ |
| 44. ሐየድ | መንዛዕቲ |
| 45. ሐደስት | ዚሓደሱ |
| 46. ሐገግት | ሓጋጎ |
| 47. ሐጠብት | ኣረይቲ ዕንፀይቲ |
| 48. ሐጸብት | ሓጸብቲ |
| 49. ሐጸይት | ዘሕጽዩ |
| 50. መሀርት | ዚምህሩ |
| 51. መላሕት | ዚምንሸቱ |
| 52. መላእት | ዚመልኡ |
| 53. መሐልት | ዚምሕሉ |
| 54. መሐርት | ዚምሕሩ |
| 55. መሐውት | ዚምሕዉ |
| 56. መሥረት | |
| 57. መሠጥ | |
| 58. መሰልት | |
| 59. መሰውት | |
| 60. መሰድ | |
| 61. መበልት | |
| 62. መተርት | |

| | |
|---|---|
| 63. መነንት | |
| 64. መንኰስት | |
| 65. መከርት | |
| 66. መዐድ | |
| 67. መድበልት | |
| 68. መገብት | |
| 69. መጻእት | |
| 70. መጠውት | |
| 71. ሠለስት | |
| 72. ሠለጥ | |
| 73. ሠረርት | |
| 74. ሠረቅት | |
| 75. ሠረይት | |
| 76. ሠወርት | |
| 77. ሠነቅት | |
| 78. ሠነይት | |
| 79. ሠጠጥ | |
| 80. ረሰይት | |
| 81. ረበውት | |
| 82. ረከብት | |
| 83. ረደይት | |
| 84. ረገምት | |
| 85. ረገዝት | |
| 86. ረፈቅት | |
| 87. ሰለብት | |
| 88. ሰሐቅት | |
| 89. ሰሐብት | |
| 90. ሰሐት | |
| 91. ሰሐጥ | |
| 92. ሰረቅት | |
| 93. ሰቀልት | |
| 94. ሰቈርት | |
| 95. ሰበክት | |
| 96. ሰበጥ | |
| 97. ሰንቀውት | |
| 98. ሰንከት | |
| 99. ሰአልት | |
| 100. ሰከብት | |
| 101. ሰከይት | |
| 102. ሰከርት | |
| 103. ሰዐልት | |
| 104. ሰየፍት | |
| 105. ሰደድ | |
| 106. ሰገድ | |
| 107. ሰፈይት | |
| 108. ቀለውት | |

| | |
|---|---|
| 109. ቀለልት | |
| 110. ቀረብት | |
| 111. ቀረፍት | |
| 112. ቀሰጥ | |
| 113. ቀበርት | |
| 114. ቀተልት | |
| 115. ቀነጽት | |
| 116. ቀነይት | |
| 117. ቀደምት | |
| 118. ቀደስት | |
| 119. ቀዳሕት | |
| 120. ቀጠንት | |
| 121. ቀጻዕት | |
| 122. በላሕት | |
| 123. በላዕት | |
| 124. በከይት | |
| 125. በዐድ | |
| 126. በጸውት | |
| 127. ተለውት | |
| 128. ተለዓልት | |
| 129. ተመነይት | |
| 130. ተነበይት | |
| 131. ተንበልት | |
| 132. ተማየጥ | |
| 133. ተረፍት | |
| 134. ተበቀልት | |
| 135. ተበአስት | |
| 136. ተንሣእት | |
| 137. ተከልት | |
| 138. ነሀብት | |
| 139. ነሰክት | |
| 140. ነበርት | |
| 141. ነበይት | |
| 142. ነቀውት | |
| 143. ነጸርት | |
| 144. ነዐውት | |
| 145. ነዐድ | |
| 146. ኀሠሥት | |
| 147. ኀለይት | |
| 148. አመድ | |
| 149. አመርት | |
| 150. አረርት | |
| 151. አሰርት | |
| 152. አቀብት | |
| 153. አበይት | |
| 154. አተት | |

| | |
|---|---|
| 155. አተውት | |
| 156. አነምት | |
| 157. ከሀልት | |
| 158. ከረይት | |
| 159. ከሠት | |
| 160. ከሰብት | |
| 161. ከበብት | |
| 162. ከበት | |
| 163. ከወንት | |
| 164. ከወውት | |
| 165. ከዐውት | |
| 166. ከየድ | |
| 167. ዐሠርት | |
| 168. ዐበይት | |
| 169. የበብት | |
| 170. የዋሀት | |
| 171. ደመርት | |
| 172. ደኀርት | |
| 173. ደገምት | |
| 174. ደቀስት | |
| 175. ደለውት | |
| 176. ጠሐልት | |
| 177. ጠሐንት | |
| 178. ጠመቅት | |
| 179. ጠበስት | |
| 180. ጠበውት | |
| 181. ጠፈርት | |
| 182. ጸለይት | |
| 183. ጸለምት | |
| 184. ጸሐፍት | |
| 185. ጸወምት | |
| 186. ጸረብት | |
| 187. ጸበት | |
| 188. ጸበጥ | |
| 189. ጸዋዕት | |
| 190. ጸዐንት | |
| 191. ጸገይት | |
| 192. ፀለብት | |
| 193. ዐመድ | |
| 194. ፀቀውት | |
| 195. ፀበት | |
| 196. ፀበጥ | |
| 197. ፀፈርት | |
| 198. ፀመውት | |
| 199. ፈለስት | |
| 200. ፈለጥ | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 201. ፈረድ | | 206. ፈጋዕት | |
| 202. ፈተውት | | 207. ፈጠርት | |
| 203. ፈነውት | | 208. ፈጸምት | |
| 204. ፈከርት | | 209. ፈፀምት | |
| 205. ፈወስት | | 210. ፈቃዕት | |

# መድበል ዘይኮኑ ንተባዕታይን ኣንስታይን ዚኸቱ

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ለዋው | 5. አዳም | 9. ጸሐም | 13. ፀጓር |
| 2. ሐንካስ | 6. ድንግል | 10. ጸማም | |
| 3. መካሕ | 7. ጠዋይ | 11. ጸምላጥ | |
| 4. ከዋው | 8. ጸጓር | 12. ፀዐዳ | |

## ፬.፬ ግልጸ "ዘ" ቅጽል

ግልጸ "ዘ" ቅጽል ኣብ ግሢ እናተጻዕኑ ነቲ ግሢ ከይአስር ዘትርፍዎ "እንተ"፣ "እለ"፣ "ዘ" እዮም።

"ዘ" ቅጽል ኪኸውን ከሎ፥

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ፩. ብእሲ ዘጸሐፈ መጽሐፈ | | መጽሓፍ ዝጸሓፈ ሰብኣይ |
| ፪. አንበሳ ዘያፈርህ ኵሎ አራዊተ | | ኵሉ ኣራዊት ዘፍርህ አንበሳ |
| ፫. ፀሐይ ዘያበርህ መዓልተ | | ብመዓልቲ ዘብርህ ፀሓይ |
| ፬. ወርኅ ዘያበርህ ሌሊተ | | ብለይቲ ዘብርህ ወርኂ |
| ፭. ወልድ ዘያፈቅር አባሁ ወእሞ | | አቦኡን አዲኡን ዚፈቱ ውላድ |
| ፮. መጽሐፍ ዘጸሐፈ ዮሐንስ | | ዮሐንስ ዝጸሐፎ መጽሓፍ |
| ፯. ድርሳን ዘደረሰ ደራሲ አብርሃም | | ደራሲ አብርሃም ዝደረሶ ድርሰት |
| ፰. በግዕ ዘየኀሥሦ ኖላዊሁ | | ጓሳኡ ዚደልዮ በጊዕ |
| ፱. ጎልያድ ዘቀተሎ ዳዊት | | ዳዊት ዝቐተሎ ጎልያድ |
| ፲. አንተ ብእሲ ዘተሐውር ርኁቀ ፍኖተ | | ኣንታ ርኁቕ መገዲ እትጓዓዝ ሰብኣይ |

"እንተ" ቅጽል ኪኸውን ከሎ፥

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ፩. ዖፍ እንተ ታስተጋብእ ዕጐሊሃ | | ደቃ እትእክብ ዑፍ |
| ፪. እም እንተ ታስተዴሉ ምግበ ለደቂቃ | | ንደቃ መግቢ እተዳሉ አደ |
| ፫. ቤት እንተ ተሐንፀት ላዕለ ደብር | | አብ ልዕሊ እምባ ዝተሠርሐት ቤት |
| ፬. ብእሲት እንተጸሐፈት ሊተ ጦማረ | | ደብዳቤ ዝጸሓፍትለይ ሰበይቲ |
| ፭. አንቲ ብእሲት እንተ ተአምሪ ፈትለ | | አንቲ ሰበይቲ ማእለማ ፈትሊ እትፈልጢ |
| ፮. ሔዋን እንተ አእመራ አዳም | | አዳም ዝፈለጣ ሔዋን |
| ፯. መርዓት እንተ ያፈቅራ መርዓዊሃ | | መርዓዊኣ ዚፈትዋ መርዓት |
| ፰. ጥበብ እንተ የኀሥዋ ጠቢባን | | ፈላስፋታት ዝፈትውዋ ፍልስፍና |
| ፱. ሐመር እንተ አስተዳለዋ ኬንያዊ | | ክኢላ ዘዳለዋ መርከብ |
| ፲. ያም እንተ ያዐርፍ ባቲ ኵሉ ኀላፊ ፍኖት | | ኵሉ ኃላፊ መገዲ ዘዕርፈላ ጽላል |

"እለ" ቅጽል ኪኸውን ከሎ፥

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ፩. አበው እለ ሠርዑ ለነ ሥርዐተ | | ኣቦታትና ዝሓገጉልና ሥርዐት |
| ፪. ዕደው እለ የአምሩ ጥበበ | | ጥበብ ዚፈልጡ ሰባት |
| ፫. አንስት እለ የአምራ ጸብሐ | | ጸብሒ ዝፈልጣ ኣንስቲ |
| ፬. አንትሙ አኃው እለ ትነብሩ ዝየ | | ኣቱም ኣብ'ዚ እትቕመጡ ኣኅዋት |
| ፭. አንትን እለ ትነብራ ዝየ | | ኣትን ኣብ'ዚ እትነብራ ኣኃት |
| ፮. አብ ወእም እለ ያፈቅርዎሙ ሕፃናት | | ደቆም ዝፈትውዎም ኣቦን ኣደን |
| ፯. ደናግል እለ ያፈቅርዎን ወራዙት | | መንእሰያት ዝፈትውወን ደናግል |
| ፰. ብእሲ ወብእሲት እለ አሐዱ አካል | | ሓደ ኣካል ዝኾኑ ሰብኣይን ሰበይትን |
| ፱. ብእሲ ወብእሲት እለ ወፈሩ ገራህተ | | ናብ ሕርሻ ዝወፈሩ ሰብኣይን ሰበይትን |
| ፲. ወራዙት ወደናግል እለ ይትፋቀሩ | | ዝፋተዉ መንእሰያትን ደናግልን |

<u>መላመዲ፥</u> ነዞም ዚስዕቡ መለማመዲታት ባዕልኻ ናብ ትግርኛ ተርጕም።

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ፩. ዝንቱ ውእቱ ብእሲ ዘጸሐፈ መጽሐፈ። | | |
| ፪. ቀተልኩ አንበሳ ዘያፈርህ ኵሎ አራዊተ። | | |
| ፫. ናንሶሱ በብርሃነ ፀሐይ ዘያበርህ መዓልተ። | | |
| ፬. ንሬኢ ወርኀ ዘያበርህ ሌሊተ። | | |
| ፭. ቡሩክ ውእቱ ወልድ ዘያፈቅር አባሁ ወእሞ። | | |
| ፮. ሐዲስ ውእቱ መጽሐፍ ዘጸሐፈ ዮሐንስ። | | |
| ፯. አንበበ ጴጥሮስ ድርሳነ ዘደረሰ አብርሃም። | | |
| ፰. ተቀብረ ጎልያድ ዘቀተሎ ዳዊት። | | |
| ፱. አይቴ ተረክበ በግዕ ዘየኀሥ ኖላዊ። | | |
| ፲. አንተ ብእሲ ዘተሐውር ርኁቀ ፍኖተ አስተዳሉ ስንቀ። | | |

"<u>ዘ</u>" "<u>እንተ</u>" "<u>እለ</u>" <u>መተካእታ ስም ወይ ክንድ ስም እኹል</u> (በቂ) ኪኾኑ ከለዉ፥

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ፩. ዘቦ እዝነ ሰሚዐ ለይሰማዕ | | እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ |
| ፪. ዘቦ ክላኤ ክዳናት የሀብ አሐደ | | ክልተ ክዳውንቲ ዘለዎ ሐደ ይመጽውት |
| ፫. ዘጸምአ ይምጻእ ኀቤየ | | ዝጸምአ ናባይ ይምጻእ |
| ፬. ወቦ ዘወድቀ ውስተ መሬት | | ኣብ መሬትውን ዝወደቐ ኣሎ |
| ፭. ቦ ዘወድቀ ውስተ ኵኵሕ | | ኣብ ከውሒ ዝወደቀ ኣሎ |
| ፮. ለዘኢይሰቲ ወይነ ምንት ውእቱ ሕይወቱ | | ነቲ ወይኒ ዘይሰቲ ሕይወቱ እንታይ እዩ |

<u>"እንተ" ክንዲ ስም ኪኸውን ከሎ ወይ እኹል መተካእታ ስም</u> (በቂ)

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ፩. ሠናይት ይእቲ እንተ ኀለፈት በኀቤየ | | ብኣይ ኣቢላ ዝኃለፈት ምልክዕቲ እያ |
| ፪. ሚ ትሤኒ እንተ ወለደታ ሐና፧ | | ሓና ዝወለደታ ክንደይ ትጽብቕ፧ |
| ፫. ብእሲትየ ይእቲ እንተ ወለደት መንታ | | ማንታ ዝወለደት በዓልቲ ቤተይ እያ |
| ፬. መኑ አንቲ እንተ ትገብሪ ዘንተ፧ | | ነዚ እትሠርሒ መን ኢኺ፧ |

<u>"እለ" ክንዲ ስም ኪኸውን ከሎ ወይ እኹል መተካእታ ስም</u> <u>(በቂ)</u>

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ፩. ቦ እለ ሞቱ በእንተ ፍቅረ ንዋይ | | ምእንቲ ፍቕሪ ገንዘብ ዝሞቱ አለዉ። |
| ፪. ቦ እለ ሞቱ በእንተ ፍቅረ ከርሦሙ | | ምእንቲ ፍቕሪ ከብዶም ዝሞቱ አለዉ። |
| ፫. ቦ እለ ሞቱ በእንተ ፍቅረ ብእሲት | | ምእንቲ ፍቕሪ ሰበይቲ ዝሞቱ አለዉ። |
| ፬. ቦ እለ ሞቱ በእንተ ፍቅረ ሀገሮሙ | | ምእንቲ ፍቕሪ ሃገሮም ዝሞቱ አለዉ። |
| ፭. እላ እማንቱ እለ ኢፈለጣ እኩየ ወሠናየ | | ክፉእን ጽቡቕን ዘይፈለጣ እዚኣተን እየን። |
| ፮. ብፁዓን እለ ንጹሓን በፍኖቶሙ | | ብመገዶም ንጹሓን ዝኾኑ ብፁዓን እዮም። |

***<u>መላመዲ</u>፥ ነዞም ዚስዕቡ ግእዝ ናብ ትግርኛ ተርጉም።***

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ፩. ዝንቱ ውእቱ ዘየኀሥሥ ጽድቀ | | |
| ፪. ዘየኀሥሥ ክልኤተ ኢይረክብ አሐተ | | |
| ፫. ሑራ ኀበ ዮሐንስ እለ ተኀሥሣ ዮሐንስሀ | | |

## ፬.፭ ክፍሊ ዝርዝር (ዘርዘርቲ) ቅጽል

ዝርዝር ቅጽል ዚተባህሉ ዓሠርተው ኃሙሽተ እዮም። ንሳቶም ከኣ፡- ከ፡ ኩ፡ ኪ፡ ካ፡ ኮ፡ ሁ፡ ዮ፡ ሃ፡ ነ፡ ኒ፡ ን፡ ሙ፡ ዋ፡ ዎ፡ ቶ እዮም። እዞም ዝርዝር ቅጽል ዚተባህሉ ብዓሠርተ መራሕያን (ክንዲ ስም) ናይ ረባሕታ ዘርዘርቲ ብዚኾኑ፡ ከም ባዕዲ ቅጽል መወዳእታ ይኾኑ።

- <u>“ከ”</u> ኣብ ሾብዓተ መራሕያን ኣብ ቀረባ ተባዕታይ፡ ረባሕታ ይኣቱ እዩ። እዞም ሾብዓተ መራሕያን ድማ፡- አንተ፡ አነ፡ ንሕነ፡ ውእቱ፡ ውእቶሙ፡ ይእቲ፡ ውእቶን” እዮም።
  - <u>“አንተ” ኣብ ዚብል ኪኣቱ ከሎ</u>፥ መወዳእታ ግሡ ሳድስ ገይሩ፡ ኣብ ቀዳማይ ዓንቀጽ ይርከብ።
  - <u>“አነ” ኣብ ዚብል ኪኣቱ ከሎ</u>፥ ኣብ ቀዳማይ ዓንቀጽን ኣብቲ መወዳእታ ግሡን ኣብ ማእከሉን “ኩ” ይውሰኽ እዩ። ኣብ ሠለስተ ዓናቅጽ ከኣ ኃዲጉ በይኑ ይኸይድ።
  - <u>“ንሕነ” ኣብ ዚብል ኪኣቱ ከሎ</u>፥ ድማ ኣብ ቀዳማይ “ነ” ይውሰኽ። ኣብ ሠለስተ ዓንቀጽ ከኣ በይኑ ይኸይድ።
  - <u>“ውእቱ” ኣብ ዚብል ኪኣቱ ከሎ</u>፡- ኣብ ቀዳማይን ኣብ ትንቢትን እቲ ናይ ግሡ መወዳእታ ፊደል ኣይልወጥን እዩ። ኣብ ክልተ ዓንቀጽ ሳድስ ይገብር።
  - <u>“ውእቶሙ” ኣብ ዚብል ኪኣቱ ከሎ</u>፡- ኣብ ኣርባዕተ ዓንቀጽ ናይ ግሡ መወዳእታ ሆሄ ካዕብ እዩ ዚገብር።
  - <u>“ይእቲ” ኣብ ዚብል ኪኣቱ ከሎ</u>፥ ኣብ ቀዳማይ፡ ኣብ መወዳእታ ግሡን ኣብ ማእከሉን “ቶ” ይውሰኽ። ኣብ ቀዳማይን ኣብ ትንቢትን መወዳእታ ግሡ ኣይልውጥን እዩ። ኣብ ክልተ ዓንቀጽ ሳድስ እዩ ዚገብር።
  - <u>“ውእቶን” ኣብ ዚብል ኪኣቱ ከሎ</u>፥ ኣብ ኣርባዕተ ዓንቀጽ ናይ ግሡ መወዳእታ ራብዕ እዩ።
- <u>“ኩ”</u> ኣብ ሓደ ተባዕታይ ገዛእ ርእሱን፡ ኣብ ሓንቲ ኣንስተይቲ ኣብ ገዛእ ርእሳን፡ ኣብዚኣቶም ኣብ ክልቲኦም እዩ ዚኣቱ። ኣገባብ ድማ ናይ ግሡ መወዳእታ ሳድስ ገይሩ። ኣብ ቀዳማይ ዓንቀጽ ጥራይ እዩ ዚኣቱ። ኣብ ሠለስተ ዓንቀጽ ኣይርከብን እዩ።
- <u>“ኪ”</u> ኣብ ረባሕታ ቀረባ ኣንስተይቲ ኣብ ፯ተ መራሕያን ፍጹም ከም ቀረባ ረባሕታ ተባዕታይ ከም “ከ” ኣገባብ እዩ ዚኣቱ። ኣካይዳኡ ውን ኣብ ቀረባ ተባዕታይ ኣብ ኣገባብ “ከ” ኣስተውዒልካ ርአ።
- <u>“ካ”</u> ኣብ ረባሕታ ሓንቲ ሰበይቲ ኣብ ቀዳማይ ዓንቀጽ ናይ ግሡ መወዳእታ ሳድስ ገይሩ፡
- <u>“ኮ”</u> ኣብ “አንተ” ጥራይ ይኣቱ “ኮ” ኣብ ሓደ ተባዕታይ ፆታ ጥራይ እዩ ዚኣቱ። ኣተኣታትዋኡ ድማ “አንተ” ጊዜ ኣብ ቀዳማይ ዓንቀጽ ጥራይ እዩ።

ካብዚ ንደኃር ናይቶም ዚተረፉ ዝርዝር ቅጽል ኣገባብ ትሽዓቲኦም ብሓጺር ቃል ኩነታቶም ኣስተውዕል፥

- "ዮ" ኪቅጽል ከሎ አእመርኪዮ
- "ሁ" ኪኸውን ከሎ አእመርካሁ።
- "ሃ" ኪኸውን ከሎ አእመርካሃ።
- "ነ" ኪኸውን ከሎ አእመርከነ፥ አእመረነ፥ አእመርክሙነ፥ አእምሩነ፥ አእመርክናነ፥ አእመራነ።
- "ኒ" ኪኸውን ከሎ፥ አእመርከኒ . . . ወዘይመስሎ።
- "ን" ኪኸውን ከሎ ድማ አእመርክን፡ አእመርኩክን፥ አእመርናክን፥ አእመሩክን፥ አእመራክን ወዘይመስሎ።
- "ሙ" ኪኸውን ከሎ፥- አእመርናክሙ፥ አእመርኩክሙ ወዘይመስሎ።
- "ዎ" ኪኸውን ከሎ፥- አእመርክዎ፥ አእምርክምዎ ወዘይመስሎ።
- "ቶ" ኪኸውን ከሎ፥- አእመረቶ
- "ከ" አእመርከ
- "ኩ" አእመርኩ
- "ኪ" አእመርኪ
- "ካ" አእመርካ
- "ኮ" አእመርኮ
- "ዋ" አእመርዋ፥ ወዘይመስሎ።

ካብዚ ዝተረፈ ድማ ኣብ ኅዓዝ ረባሕታ አእመረ ርአ ዝርዝር ቅጽል ኣብዚ ተፈጸመ።

## ፬.፮ ክፍልታት አሉታን እወታን ነባር

አሉታ ዚኾኑ ነባር ዓንቀጻት (አማን ወኢማን)

1. አኮ፥ ኢ፥ ሐሰ

1. "አኮ" ዚህቦ አሉታ ከምዚ ዚስዕብ እዩ (ባዕልኻ ተርጉም)

| እወታ | | አሉታ |
|---|---|---|
| ፩. ዝንቱ ውእቱ ዘገብረ ዘንተ ግብረ | | አኮ ዝንቱ ዘገብረ ዘንተ ግብረ |
| ፪. አንተ ውእቱ ዘገበርከ ዘንተ ግብረ | | አኮ አንተ ዘገበርከ ዘንተ ግብረ |
| ፫. አነ ውእቱ ዘገበርኩ ዘንተ ግብረ | | አኮ አነ ዘገበርኩ ዘንተ ግብረ |
| ፬. እሉ እሙንቱ እለ ገብሩ ዘንተ ግብረ | | አኮ እሉ እለ ገብሩ ዘንተ ግብረ |
| ፭. ንሕነ ውእቱ እለ ገበርነ ዘንተ ግብረ | | አኮ ንሕነ እለ ገበርነ ዘንተ ግብረ |
| ፮. አንትሙ ውእቱ እለ ገበርክሙ ዘንተ ግብረ | | አኮ አንትሙ እለ ገበርክሙ ዘንተ ግብረ |
| ፯. ዛቲ ይእቲ እንተ ገብረት ዘንተ ግብረ | | አኮ ዛቲ እንተ ገብረት ዘንተ ግብረ |
| ፰. አንቲ ውእቱ እንተ ገበርኪ ዘንተ ግብረ | | አኮ አንቲ እንተ ገበርኪ ዘንተ ግብረ |
| ፱. አነ ውእቱ እንተ ገበርኩ ዘንተ ግብረ | | አኮ አነ እንተ ገበርኩ ዘንተ ግብረ |
| ፲. አንትን ውእቱ እለ ገበርክን ዘንተ ግብረ | | አኮ አንትን እለ ገበርክን ዘንተ ግብረ |
| ፲፩. እላ እማንቱ እለ ገብራ ዘንተ ግብረ | | አኮ እላ እለገብራ ዘንተ ግብረ |
| ፲፪. ንሕነ ውእቱ እለ ገበርነ ዘንተ ግብረ | | አኮ ንሕነ እለ ገበርነ ዘንተ ግብረ |

ነዞም ዚስዕቡ ናብ አሉታ ቀይር።

| እወታ | | አሉታ |
|---|---|---|

| | | |
|---|---|---|
| ፩. ዝንቱ ውእቱ ትጉህ | | |
| ፪. አንተ ውእቱ ዮሐንስ | | |
| ፫. አነ ውእቱ ትጉህ | | |
| ፬. እሉ እሙንቱ ትጉሃን | | |
| ፭. አንትሙ ውእቱ ትጉሃን | | |
| ፮. ንሕነ ውእቱ ትጉሃን | | |
| ፯. ዛቲ ይእቲ ትግህት | | |
| ፰. አንቲ ውእቱ ትግህት | | |
| ፱. አነ ውእቱ ትግህት | | |
| ፲. እላ እማንቱ ትጉሃት | | |
| ፲፩. አንትን እማንቱ ትጉሃት | | |
| ፲፪. ንሕነ ውእቱ ትጉሃት | | |
| ፲፫. ትጉህ ውእቱ ዮሐንስ | | |
| ፲፬. ትጉህ ውእቱ አንተ | | |
| ፲፭. ትጉህ አነ ውእቱ | | |
| ፲፮. ትጉሃን እሙንቱ ጴጥሮስ ወዮሐንስ | | |
| ፲፯. ትጉሃን ውእቱ አንትሙ | | |
| ፲፰. ትጉሃን ውእቱ ንሕነ | | |
| ፲፱. ትግህት ይእቲ ዛቲ | | |
| ፳. ትግህት ውእቱ አንቲ | | |
| ፳፩. ትግህት ውእቱ አነ | | |
| ፳፪. ትጉሃት እማንቱ ማርያም ወሰሎሜ | | |
| ፳፫. ትጉሃት ውእቱ አንትን | | |
| ፳፬. ትጉሃት ውእቱ ንሕነ | | |

**“ቦ”**

| እወታ “ቦ” | | አሉታ “አልቦ” |
|---|---|---|
| ፩. ቦ ያዕቆብ ውስተ ጉባኤ | | አልቦ ያዕቆብ ውስተ ጉባኤ |
| ፪. ቦ ማርታ ውስተ ጉባኤ | | አልቦ ማርታ ውስተ ጉባኤ |
| ፫. ቦ አንተ ውስተ ጉባኤ | | አልቦ አንተ ውስተ ጉባኤ |
| ፬. ቦ አንቲ ውስተ ጉባኤ | | አልቦ አንቲ ውስተ ጉባኤ |
| ፭. ቦ ሊቃውንቲነ ውስተ ጉባኤ | | አልቦ ሊቃውንቲነ ውስተ ጉባኤ |
| ፮. ቦ ጠባባት አንስት ውስተ ጉባኤ | | አልቦ ጠባባት አንስት ውስተ ጉባኤ |
| ፯. ቦ አንትሙ ውስተ ጉባኤ | | አልቦ አንትሙ ውስተ ጉባኤ |
| ፰. ቦ አንትን ውስተ ጉባኤ | | አልቦ አንትን ውስተ ጉባኤ |
| ፱. ቦ ንሕነ ውስተ ጉባኤ | | አልቦ ንሕነ ውስተ ጉባኤ |
| ፲. ቦ አንቲ ውስተ ጉባኤ | | አልቦ አንቲ ውስተ ጉባኤ |

**“ቦቱ”**

| እወታ “ቦቱ” | | አሉታ “አልቦቱ” |
|---|---|---|
| ፩. ቦቱ ዘመድ | | አልቦቱ ዘመድ |
| ፪. ባቲ ዘመድ | | አልባቲ ዘመድ |
| ፫. ብከ ዘመድ | | አልብከ ዘመድ |
| ፬. ብኪ ዘመድ | | አልብኪ ዘመድ |
| ፭. ብየ ዘመድ | | አልብየ ዘመድ |

| | | |
|---|---|---|
| ፮. ቦሙ ዘመድ | | አልቦሙ ዘመድ |
| ፯. ቦን ዘመድ | | አልቦን ዘመድ |
| ፰. ብክሙ ዘመድ | | አልብክሙ ዘመድ |
| ፱. ብክን ዘመድ | | አልብክን ዘመድ |
| ፲. ብነ ዘመድ | | አልብነ ዘመድ |

"**ኢ**"

| እወታ "ኢ" | አሉታ | | እወታ "ኢ" | አሉታ |
|---|---|---|---|---|
| ፩. ጸሐፈ | ኢጸሐፈ | | ፮. ጸሐፍክ | ኢጸሐፍክ |
| ፪. ጸሐፈት | ኢጸሐፈት | | ፯. ጸሐፍኪ | ኢጸሐፍኪ |
| ፫. ጸሐፉ | ኢጸሐፉ | | ፰. ጸሐፍኩ | ኢጸሐፍኩ |
| ፬. ጸሐፋ | ኢጸሐፋ | | ፱. ጸሐፍክሙ | ኢጸሐፍክሙ |
| ፭. ጸሐፍክን | ኢጸሐፍክን | | ፲. ጸሐፍነ | ኢጸሐፍነ |

## ናይ "ሐሰ" ነባር ዐንቀጽ

ሐሰ፥ ሐሶት፤ አይኮነን፤ አይከውንን፤ አይኹን፤ የሎን።

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ፩. ሐሰ ቦቱ | = | ብእኡ ኣይከውንን፤ ኣይበጽሖን፤ ኣይኹኖ፤ ኣይብጽሓዮ። |
| ፪. ሐሰ ባቲ | = | ኣብኣ ኣይኹን፤ ኣይብጸሓያ፤ ኣይኹና፤ ኣይበጽሓን። |
| ፫. ሐሰ ብከ | = | ኣይኮነካን፤ ኣይበጽሓካን፤ ኣይኹንካ፤ ኣይብጻሕካ። |
| ፬. ሐሰ ብኪ | = | ኣይኮነክን፤ ኣይበጽሓክን፤ ኣይኹንኪ፤ ኣይብጻሕኪ። |
| ፭. ሐሰ ብየ | = | ኣይኮነንን፤ ኣይበጽሓንን፤ ኣይብጽሓኒ፤ ኣይኹነኒ። |
| ፮. ሐሰ ቦሙ | = | ኣይኮኖምን፤ ኣይኹኖም፤ ኣይኹነሎም፤ ኣይብጽሓዮም። |
| ፯. ሐሰ ቦን | = | ኣይኹነን፤ ኣይኮነንን፤ ኣይኹነለን፤ ኣይብጽሓየን። |
| ፰. ሐሰ ብክሙ | = | ኣይኹንኩም፤ ኣይኮነኩምን፤ ኣይኹነልኩም፤ ኣይብጻሓኩም። |
| ፱. ሐሰ ብክን | = | ኣይኹንክን፤ ኣይኾነክንን፤ ኣይኹነልክን፤ ኣይብጻሕክን። |
| ፲. ሐሰ ብነ | = | ኣይኹነና፤ ኣይኮነናን፤ ኣይኮነልናን፤ ኣይበጽሓናን። |

**ሐሰ ሎቱ**

| ግእዝ | | ትግርኛ |
|---|---|---|
| ፩. ሐሰ ሎቱ | = | ሐሶት ይኹነሉ፤ ሕልሚ ይኹነሉ። |
| ፪. ሐሰ ላቲ | = | ሐሶት ይኹነላ፤ ሕልሚ ይኹነላ። |
| ፫. ሐሰ ለከ | = | ሐሶት ይኹነልካ፤ ሕልሚ ይኹነልካ። |
| ፬. ሐሰ ለኪ | = | ሐሶት ይኹነልኪ፤ ሕልሚ ይኹነልኪ። |
| ፭. ሐሰ ሊተ | = | ሐሶት ይኹነለይ፤ ሕልሚ ይኹነለይ። |
| ፮. ሐሰ ሎሙ | = | ሐሶት ይኹነሎም፤ ሕልሚ ይኹነሎም። |
| ፯. ሐሰ ሎን | = | ሐሶት ይኹነለን፤ ሕልሚ ይኹነለን። |
| ፰. ሐሰ ለክሙ | = | ሐሶት ይኹነልክን፤ ሕልሚ ይኹነልክን። |
| ፱. ሐሰ ለክን | = | ሐሶት ይኹነልኩም፤ ሕልሚ ይኹነልኩም። |
| ፲. ሐሰ ለነ | = | ሐሶት ይኹነልና፤ ሕልሚ ይኹነልና። |

# ፲፪. ነባር ዐንቀጻት "ዚአሁ" "እሊአሁ"

| ግእዝ | ትግርኛ | | ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|---|---|---|
| 1. ነሀሉ | ክንሀሉ | | 16. እሊአሁ | ናቱ ዝኾኑ |
| 2. ዚአሁ | ናቱ | | 17. እሊአሆሙ | ናታቶም |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 3. ዚአሆሙ | ናታቶም | | 18. እሊኣሃ | ናታ |
| 4. ዚኣሃ | ናታ | | 19. እሊአሆን | ናታተን |
| 5. ዚአሆን | ናታተን | | 20. እሊአከ | ናትካ |
| 6. ዚአከ | ናትካ | | 21. እሊአክሙ | ናትትኩም |
| 7. ዚአክሙ | ናታትኩም | | 22. እሊአኪ | ናትኪ |
| 8. ዚአኪ | ናትኪ | | 23. እሊአክን | ናታትክን |
| 9. ዚአክን | ናታትክን | | 24. እሊአየ | ናተይ |
| 10. ዚኣየ | ናተይ | | 25. እሊአነ | ናታትና |
| 11. ዚአነ | ናትና | | 26. እሊአየ | ናተይ |
| 12. ዚአየ | ናተይ | | 27. እሊአነ | ናታትና |
| 13. ዚአነ | ናታትና | | 28. እሊአየ | ናተይ |
| 14. ዚአየ | ናተይ | | 29. እሊአነ | ናታትና |
| 15. ዚአነ | ናታትና | | | |

## ፩. ነባር ዓንቀጻት ዚበሃሉ ኪራብሑን ኪዝርዘሩን ከለዉ

| ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|
| ቦ፡ ውእቱ | ኣሎዎ፡ ነይርዎ፡ ነይሩ፡ ነበረ |
| ቦ ይእቲ | ንሳ ኣላ፡ ነበረት፡ ነይራ |
| ቦ ውእቶሙ | ንሳቶም ኣለዉ፡ ነበሩ፡ ነይሮም |
| ቦ ውእቶን | ንሳተን ኣለዋ፡ ነበራ፡ ነይረን |
| ቦ አንተ | ንስኻ ኣሎኻ፡ ነበርካ፡ ትነብር |
| ቦ አንቲ | ንስኺ ኣሎኺ፡ ነበርኪ፡ ኔርኪ |
| ቦ አንትሙ | ንስኻትኩም ኣሎኹም፡ ነበርኩም፡ ኔርኩም |
| ቦ አንትን | ንስኻትክን ኣሎክን፡ ነበርክን፡ ኔርክን |
| ቦ አነ | ኣነ ኣሎኹ፡ ነበርኩ፡ ነይረ፡ ነይረ ኣሎኹ |
| ቦ ንሕነ | ንሕና ኣሎና፡ ኔርና፡ ኔርና ኢና፡ ነበርና |

## ናይ "ቦ"ን "ሎ"ን ዝርዝር

| ግእዝ | ትግርኛ |
|---|---|
| ቦ፡ ቦቱ | ሎ = ሎቱ ንእኡ ኣለዎ፡ ነበሮ፡ ነይርዎ ይግብኦ |
| ቦ ባቲ | ላ፡ ላቲ = ንእኣ ኣለዋ፡ ነይርዋ፡ ነበራ፡ ይግብኣ |
| ቦ ቦሙ | ሎ፡ ሎሙ = ንእኣቶም ኣለዎም፡ ነይርዎም ነበሮም፡ ይግብኦም |
| ቦ ቦቶሙ | ሎ፡ ሎቶሙ =ንእኣቶም ኣለዎም፡ ነይርዎም ነበሮም፡ ይግብኦም |
| ቦ ቦቶን | ሎ፡ ሎን፡ ንእኣተን ኣለወን፡ ነይርወን፡ ነበረን፡ ይግብኦን |
| ብከ | ሎ፡ ሎቶን፡ ንእኣተን ኣለወን፡ ነይርወን፡ ነበረን፡ ይግብኦን |
| ብኪ | ሎ፡ ለከ፡ ንኣኻ ኣሎካ፡ ነይርካ፡ ነበረካ፡ ይግብኣካ |
| ብክሙ | ሎ፡ ለኪ፡ ንኣኺ ኣሎኪ፡ ነይርኪ፡ ነበረኪ፡ ይግብኣኪ |
| ብክን | ሎ፡ ለክሙ፡ ንኣኻትኩም ኣሎኩም፡ ነይርኩም፡ ነበረኩም፡ ይግብኣኩም |
| ብየ | ሎ፡ ለክን፡ ንኣኻትክን ኣሎክን፡ ነይሩክን፡ ነበረክን፡ ይግብኣክን |
| ብነ | ሎ፡ ልየ፡ ንኣይ ኣሎኒ፡ ነይሩኒ፡ ነበረኒ፡ ይግብኣኒ |
| | ሎ፡ ሊተ፡ ንኣይ ኣሎኒ፡ ነይሩኒ፡ ነበረኒ፡ ይግብኣኒ |
| | ሎ፡ ለነ፡ ንኣና ኣሎና፡ ነይሩና፡ ነበረና፡ ይግብኣና |

# ምዕራፍ ፭ (5)
# ገቢር ወተገብሮ (ንጡፍን ልኡምን)
# (ACTIVE AND PASSIVE)

## ፭.፩ ገቢርን ተገብሮን ዚኸቱ ፊደላትን ንባባትን

ራብዕ፡ ኃምስ፡ ሳብዕ ገቢርን ተገብሮን (ልኡምን ንጡፍን) ይኸቱ እዮም።
ንኣብነት፡- ካብ ራብዕ ጽጌረዳ፡ ደብተራ፡ ደመና፡ አምኃ፡ ሠረገላ፡ ሰግላ፡ ቀጸላ፡ ተኵላ፡ አሜከላ፡ ዕብላ፡ ከዋላ፡ ደሊላ፡ ዳቤላ፡ ገሊላ፡ ጌልጌላ፡ ላማ፡ መስቴማ፡ ሰቂማ፡ ራማ፡ ቃማ፡ አስኬማ፡ ከተማ፡ ዘማ፡ ፌማ፡ ዓሣ፡ አንበሳ፡ ፒሳ ወዘይመስሎ።

ካብ ኃምስ ንኣብነት፡-
ጽጌ፡ ርሔ፡ ኤሎሄ፡ ግሔ፡ ሃሌ፡ ስንዳሌ፡ ቢረሌ፡ ኩፋሌ፡ ጽሌ፡ ሱላሜ፡ አበሜ፡ ዕድሜ፡ ጊሜ፡ ሥላሴ፡ ራምሴ፡ ብናሴ፡ ጸዴሬ፡ ወራውሬ፡ ፍሬ፡ ፍካሬ ወዘይመስሎ።

ካብ ሳብዕ ንኣብነት፡-
ከበሮ፡ መሰንቆ፡ ዳዕሮ፡ ፍሕቆ፡ ገቦ፡ ከረቦ፡ ጸልቦ፡ ትክቶ፡ እግዚኦ፡ ሰብኮ፡ ኢያሪኮ፡ አውሎ፡ ሴሎ፡ ቀንሞ፡ ቀናንሞ፡ ድራሞ፡ ጽራሞ፡ ፍሕሶ፡ ውቅሮ ወዘይመስሎ።

ገቢርን ተገብሮን ብምንታይ ይፍለጡ እንተበሉ፡ ብኣሰሓሕባኦም ይፍለጡ። ንሱ ድማ ተገብሮ ሳድስ (በዓል ቤት) ይስሕብ። "ተገብረ ኃይል" ኢሉ ይርከብ። ገቢር ግና ግእዝን በዓል ቤትን (ሳድስን) ይስሕብ። "አምላክ ገብረ ኀይለ" ይብል። ገቢርን ተገብሮን ኣብ ስምን ኣብ ግብርን (ከነትን) እናኾኑ ይንገሩ።

ዝወራረሱ ቀለማት ሽዱሽተ እዮም። ንሳቶም ድማ ግእዝ፡ ካዕብ፡ ሣልስ፡ ኃምስ፡ ሳድስ፡ ሳብዕ እዮም። እዚኣቶም ሠለስተ ተወረስቲ ሠለስተ ድማ ወረስቲ እዮም።

ሀ. ተወረስቲ ዚብሃሉ ካዕብን ሣልስን ሳድስን እዮም።

ለ. ወረስቲ ዝብሃሉ ድማ ግእዝን ኃምስን ሳብዕን እዮም።

ንሳድስ ግእዝ ኪወርሶ ከሎ፥ "ተሐንፀ ቤት" ዝነብረ "ሐነፀ ቤተ"፤ ንካዕብ ሳብዕ ኪወርሶ ከሎ "ተሐንፀ ቤቱ" ዝነበረ "ሐነፀ ቤቶ"፤ ንሣልስ ኃምስ ኪወርሶ "ተቀትለ ብእሲ" ዝነበረ "ቀተለ ብእሴ" ይብል።

ራብዕ ግና ምስ ገቢርን ተገብሮን ምስ ክልቲኡ ተፋቓሪ እዩ።
ንኣብነት፥ ሀ/ ተቀትለ አንበሳ ይብል።
ለ/ ቀተለ አንበሳ'ውን ይብል እዩ።

ሀ. ራብዕ ኃምስ ሳብዕ ኣብ ገቢርን ተገብሮን ኣይለዋወጡን እዮም።

ንኣብነት፥ ተከለ ደብተራ። ተተክለ ደብተራ።
ቀሰመ ጽጌ። ተቀስመ ጽጌ።
ዘበጠ ከበሮ። ተዘብጠ ከበሮ ብምባል ይርከብ።

ለ. ግእዝ ዚወርሶ ካዕብ ኣሎ። ግእዝ ዚወርሶ ሣልስንውን ኣሎ።

ንኣብነት፥ እሎንቱ ኢሉ እሎንተ
እልክቱ ኢሉ እልክተ
ዝንቱ ኢሉ ዘንተ
ውእቱ ኢሉ ውእተ
ዝክቱ ኢሉ ዝክተ እናበለ ካብ ሓደ ጀሚሩ ክሳብ ፲ ይኸይድ። እዚ ንካዕብ ኪወርሶ ከሎ እዩ።

ሐ. ንሣልስ ግእዝ ኪወርሶ ከሎ፥ አሐቲ ኢሉ አሐተ
እንታክቲ ኢሉ እንታክተ፤
ዛቲ ኢሉ ዛተ

ይእቲ ኢሉ ይእተ ብምባል የመልክት።

መ. ግእዝ፡ ኃምስ፡ ሳብዕ ዘይወርሶም ቀለማት

ግልስ "ደኃሪ"

ሳብዕ ዘይወርሶም ካዕብ "ሰሱ ሰብኡ ሰማኒቱ ተሱዑ አሥሩ እግዚኡ እዮም። ካብዚኦም እቶም ኣርባዕተ ይናበቡ እዮም። ንሳቶም ድማ ግእዝ፡ ራብዕ፡ ኃምስ፡ ሳብዕ እዮም። ዘርፍ ዘይብሎም ናይ ባህርይን ናይ ተጸውዖን ናይ ተቀብዖን ኣስማት ተገብሮኦም ባዕሎም ገቢሮም ግና ብባዕድ ቀለም እዩ።

| ተገብሮ (ልኡም) | ገቢር (ንጡፍ) |
|---|---|
| ተሰብሐ እግዚአብሔር በመላእክት | ወመላእክት ሰብሑ እግዚአብሔርሀ፡ ፈጣሪሆሙ |
| ተጸውዐ ሙሴ በእግዚአብሔር | እግዚአብሔር ጸውዐ ሙሴሀ ገብሮ |
| ጊዮርጊስ ጸንዐ በመንፈስቅዱስ | መንፈስቅዱስ አጽንዐ ጊዮርጊስሀ ፍቁሮ። |

# ፭.፪ አርእስት ገቢርን ተገብሮን

## ፩ᵉ ክፍሊ አርእስቲ

አዕማድ ዚብሃሉ ኃሙሽተ እዮም። ንሳቶም ከኣ፥

፩. ተገብሮ - ቀተለ

፪. ምግባር - አቅተለ

፫. አግብሮ - አስተቃተለ

፬. ምግብባር - ተቃተለ

፭. አገባባር እዮም።

ኣብ ቀመር ረባሕታ ኣብ ሽሞንቲኡ ኣርእስቲ ምእንቲ ኺፍለዩ አዕማድ ተባሂሎም።

መደረግ፡ ተደራጊን መደረጊያን መልዓልን መገሥገስን ወይ መዕለቢ። መበገሥን መዕ ለብን ኪተርፉ ኸለዉ። ወሀብን ተቐባልን መእሠሪ ዜልቅቕ ዐቢይ አገባብ ኩነትን ንኡስ አንቀጽን ይስሕብ።

መእሠሪ ዜልቅቕ አገባብ ግና መግበሪ መልዓሊ መገሥገሲ ተቐባሊ ምስ ዝተባህሉ ዓቢይ አገባብ እኳ ከይተረፈ ይቑጸር እዩ።

- ተገብሮ ተቐባል ግብርን መግበርን ምስ ዓቢይ አገባብ ኪስሕብ ከሎ፡ *"ተወሰነት ርትዕት ሃይማኖት በጉባዔ ኒቅያ በአፈ ፫፻፲ወ፰ አመ ነግሠ ቈስጠንጢኖስ"* ይብል።
- መልዓሊ መገሥገሲ ወይ መዕረፊ ግብሪ ዚወድቀ ኣገባብ ኪስሕብ ከሎ፡- *"ተፈነዉ ሐዋርያት እም ኢየሩሳሌም ኀበ ብሔረ አሕዛብ ሶበ ፈቀዱ ፈጽሞተ ቃሉ ለእግዚእነ"* ይብል።
- እቲ ግብሪ ዚወድቀ ወሃብን ተቐባልን አገባብ ኪስሕብ ከሎ፡ *"ተ ብከ ሃይማኖት እም ቃለ ሐዋርያት ለአሕዛብ ድኅረ ተበልዐ ድራር"* ይብል።
- ንሽዱሽቲኡ ኪስሕብ ከሎ፡ *"ዐርገ ኤልያስ እምድር ኀበ ገነት በሠረገላ እሳት እምድኅረ ተአምረ ዐቂቦቱ ሕገ እግዚአብሔር ይንበር ሀየ"* ይብል። ኣብ ልዕሊዚ ኣብ ጊዜ ምግባር ጊዜ፡ ገባሪ ብአግብሮ ጊዜ አግባርን ወሰኽ። *"አዕረጎ እግዚአብሔር ለኤልያስ አዕርጎተ ፍቅር።"*
- ምግብባር ተገባባርን መገባበርን ተቐባል ግብሪ መልዓሊ መገሥገስን ወይ መዕረፊ ንኡስ ዐንቀጽን አገባብን ይስሕብ እዩ። ኪአቱ ኸሎ፡ *"ተራወፁ ተቀሓውያን ሩፀተ እመካን እስከ መካን ዘወሰኑ ሎሙ ባዕዳን በመርኅብ በዕለተ አዕረፉ፡ እም ተግባረ ሥጋ ይክሥቱ ፍጥነተ እግሮሙ።"*
- መገባበርን ተገባባርን ማገባበርያን አገባብን ኪስሕብ ከሎ፡ *"ተቃተለ ዳዊት ምስለ ጎልያድ በመካነ ኤላ ሶበ ዐርጉ ኢሎፍላውያን ኀበ እስራኤል"* ይብል።
- ተገባባርን መገባበርን ተቐባል ግብርን አገባብ ኪስሕብ ከሎ፡ *"ተራወፁ አብያጽ ተቀሓውያን ሩፀተ በመርኅብ በዕለተ አዕረፉ እም ተግባረ ሥጋ"* ይብል።

- ❖ መልዓልን መገስገስን አገባብን ኪስሕብ ከሎ፡ *“ይትራወፁ ሩፀተ መንፈሳዊ ሐዋርያት ወአርድእት እም ኢየሩሳሌም ኀበ ብሔረ አሕዛብ አው እስከ ብሔረ አሕዛብ ወእምነ ዛቲ ኀበ ሳሌም እንዘ ይሰብኩ ወንጌለ”* ይብል።
- ❖ ኣብ መገባበሪያ ጊዜ ድማ ኣብ ልዕሊ እዚ አገባባሪ ወሸኽ። *“አስተራወፀ እግዚእነ ሐዋርያተ ወአርድእተ”*።
- ❖ ዳግም መደረግ ተቐባል ግብርን ምግብባር፡ ተገባባርን ካዕብን ሣልስን ገይሮም ይስሕቡ። ምግባር አግሪ ምኽን ተቐባል ግብሪ ምግብባር ተገባባርን ግእዝን ኃምስን ሳብዕን ገይሮም ይስሕቡ እዮም።
- ❖ ራብዕ ግና ንገቢርን ንተገብሮን ዝተመችአ እዩ እሞ፡ ኵሎም ይስሕብዎ እዮም። እዚውን *“ተተክለ ደብተራ፤ ተክለ ደብተራ”* ብማለቱ የርኢ። ምግባር ሳድስን ካዕብን ሣልስን ኪስሕብ ከሎ፡ *“ተቀትለ ፀር፡ ወሚመ ፀሩ፡ ወእመ አኮ ጸላኢ”* ይብል።
- ❖ ምግባር፡ ግእዝን ሳብዕን ኃምስን ኪስሕብ ከሎ፡ *“ቀተለ ፀረ አው ፀሮ ወሚመ ጸላኤ”* ይብል። ኣብ ጊዜ አግብሮ *“አቅተለ”*፤ ኣብ ጊዜ አገባባር *“አስተቃተለ”* በል።
- ❖ መደረግ ኣብ ነባርነት ናይ ምግባር ተሰሓብቲ ይወርስ እዩ እዚውን *“ነበረ ዝየ፤ ተቀስመ ጽጌ፤ ተንህበ ከንበሎ፤ ነበረ ተሰሎንቄ አው ደማስቆ”* ብምባሉ የርኢ።
- ❖ ምግባር ድማ ኣብ ጒልትነት ዘለዉን ናይ ምግባር ተሰሓብቲ ይወርስ። ንኣብነት፥ *አፍቀረ አቡሁ፤ ከሠተ አፉሁ፤ አፍቀረ ፈጣሪሁ፤ አፈቅር መድኀንየ* ብምባሉ የርኢ።
- ❖ ናይ ተቐባሊ ኣገባብ ግእዝ ኪወርሶ ኸሎ። ምግባር ፪ ንግእዝ ይስሕብ። እዚውን *መሀሩ ሐዋርያተ ወንጌለ አሕዛበ* ብማለቱ የርኢ።
- ❖ ናይ ቦታ አገባብ ግእዝ ኪወርሶ ኸሎ ካብ ሕዋሳት ፭ ኪኽፈል ገንዘብ ኪወርሶ ግብርን ነገርን ንተቐባላይን ንተገባባሪ ኪሰማምዑ ኸለዉ መደረግ ምግብባር፡ ግእዝ ይስሕቡ። እዚውን ዐርገ ደብረ፤ ተመትረ ክሣዶ፤ ተረግዘ እግሮ፤ ተሐይደ ንዋዩ፤ እናበለ የርኢ።
- ❖ አርእስቲ ምስ ጥረ ዘርኢ ወይ ምስ ሰሓቢ ዘርኢ ይርከቡ እዮም። ዓቢይን ንኡስን ዓ ንቀጽ ኣብ ኣርእስቲ ይርከቡ ሰያፍን ቅጽልን ምስ ዓቢይ ዓንቀጽ ይርከቡ እዮም።
- ❖ **አርእስቲ** ሠለስተ ገቢር፡ ክልተ ተገብሮ እዮም። ካብ ሠለስተ ዝወፅአ ገቢር ናይ ግድን፡ ቅጽልን ንኡስ ዓንቀጽን ይስሕብ እዩ። ቀቲል፡ ቀቲሎት። ሰብአ አቅትሎ፡ አቅትሎት። ሰብአ አስተቃታሊ፡ አስተቃትሎ፡ አስተቃትሎት። ሰብአ ምስለ ሰብእ እናበልካ ካብ ፪ተ ተገብሮ ቅጽል ንኡስ ዓንቀጽ እንተ ሰሓበን እንተ ዘይሰሓበን ግዲ የልቦን። ተቃትሎ፡ ተቃትሎት ምስለ ሰብእ። ተቀትሎ፡ ተቀትሎት በሰይፍ ይብል።

## ፳ይ ክፍሊ ገቢርን ተገብሮን

ገቢርን ተገብሮን ብኣሰሓሕባኦም ይፍለጡ። ማለት ተገብሮ ሳድስ ይስሕብ። ተገብረ ኀይል ኢሉ። ገቢር ግእዝ ገብረ ኀይለ ኢሉ፡ እዚኦቶም ገቢርን ተገብሮን ብስምን ብግብርን እናኾኑ ይንገሩ።

ዚዋረሱ ፊደላት ፯ተ እዮም። እንታይን እንታይን እንተ ተባህለ ግእዝ፡ ካዕብ፡ ሣልስ፡ ኃምስ፡ ሳድስ፡ ሳብዕ እዮም። እዚኣቶም ከኣ ፫ተ ተወረስቲ ፫ተ ወረስቲ እዮም። እቶም ተወረስቲ ካዕብ፡ ሣልስ፡ ሳድስ ኪኾኑ ከለዉ፡ ወረስቲ ድማ ግእዝ፡ ኃምስ፡ ሳብዕ እዮም።

- ንሳድስ ግእዝ ኪወርሶ ከሎ፡ ተሐንፀ ቤት ኢሉ ሐነፀ ቤተ ይብል።
- ንካዕብ ሳብዕ ኪወርሶ ከሎ፡ ተሐንፀ ቤቱ ኢሉ ሐነፀ ቤቶ ይብል።
- ንሣልስ ኃምስ ኪወርሶ ከሎ፡ ተቀትለ ብእሲ ኢሉ ቀተለ ብእሴ ይብል።
- ራብዕ ግና ተፋቓሪ እዩ። ንአብነት ተቀትለ አንበሳ ኢሉ ቀተለ አንበሳ ይብል።

ከምኡውን ራብዕ፡ ኃምስ፡ ሳብዕ ብገቢር ብተገብሮ አይለዋወጡን እዮም። እዚውን ተክለ ደብተራ፤ ተተክለ ደብተራ። ቀሰመ ጽጌ፤ ተቀሥመ ጽጌ። ተዘብጠ ከበሮ፤ ዘበጠ ከበሮ ብምባሉ የርኢ።

ግእዝ ዚወርሶ ካዕብ አሎ። ግእዝ ዚወርሶ ሣልስ ኣሎ።

- ❖ እሎንቱ ኢሉ እሎንተ፤
- ❖ እልክቱ ኢሉ እልክተ፤

- ❖ ዝንቱ ኢሉ ዘንተ፤
- ❖ ውእቱ ንዝበሎ ውእተ፤
- ❖ ዝክቱ ዝበሎ ዝክተ፤ እናበለ ካብ ሓደ ጀሚሩ ክሳዕ ፲ ዚበጽሕ ይኸይድ። እዚ ነቲ ካዕብ እቲ ግእዝ ኪወርሶ ኸሎ እዩ።

ነቲ ሣልስ ግእዝ ኪወርሶ ኸሎ፤ አሐቲ ኢሉ አሐተ፤ እንታክቲ ዝበሎ እንታክተ፤ ዛቲ ዝበሎ ዛተ፤ ይእቲ ንዝበሎ ይእተ ብምባል የርኢ።

ግእዝ፡ ኃምስ፡ ሳብዕ ዘይወርሶም ፊደላት አለዉ።

- ❖ <u>ግእዝ ዘይወርሶም ሳድስ</u>፥ ትካት፡ ዮም፡ ትማልም
- ❖ <u>ኃምስ ዘይወርሶም ሣልስ</u>፥ ደኀሪ፡ ቀዳሚ
- ❖ <u>ሳብዕ ዘይወርሶም ካዕብ</u>፥ ስሉ፡ ሰብዑ፡ ሰማኒቱ፡ ተስዑ፡ ዐሥሩ፡ እግዚኡ እዮም።

ካብዚኣቶም እቶም ኣርባዕተ ይናበቡ እዮም። ንሳቶም ከኣ ግእዝን ራብዕን ኃምስን ሳብዕን እዮም።

ዘርፍ ዘይብሎም፡ ናይ ባህርይን ናይ ተጸውዖን ናይ ተቀብዖን ስማት ተገብሮኦም ብርእሶም ገቢርነቶም ከኣ ብባዕዲ ፊደል እዩ።

- ❖ ተሰብሐ እግዚአብሔር በመላእክት ወመላእክት ሰብሑ እግዚአብሔርሀ ፈጣሪሆሙ።
- ❖ ተጸውዐ ሙሴ በእግዚአብሔር ወእግዚአብሔር ጸውዐ ሙሴሀ ገብሮ።
- ❖ ጊዮርጊስ ጸንዐ በመንፈስ ቅዱስ ወመንፈስ ቅዱስ አጽንዐ ጊዮርጊስሀ ፍቁሮ እናበለ ይኸይድ።

መእሰሪ ፊደላት ሽዱሽተ እዮም። ፫ተ ዓናቅጽ **ውእቱ፡ አሌ ሎቱ፡ አኮ** እዮም።

ሆሄያት ሾብዓተ እዮም። ንሳቶም ከኣ ግእዝ፡ ካዕብ፡ ሣልስ፡ ራብዕ፡ ሳድስ፡ ሳብዕ፡ እዮም። ሾብዓቲኦም ኣብ ትግርኛ "ን" ኣየምጽኡን እዮም። <u>ንኣብነት</u>፥

